
NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2025
85
ነሓሰ

- ኲናት ክህሉ ድዩ?
- ጽምዶ ካብ ጐር ክሳብ ማዕዶ
- ሃለዋት ቀርኒ ኣፍሪቃ
- ሰብ ሰርሖ ብልሒ (AI)
- ሕማም ቀልዓለም




ኤርትራ፡ ኣብነት ኣፍሪቃ



**ክልተ ወርሓዊት መጽሔት**
**ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ**

ነሓሰ 2025 ቁ.**85**

ዋና ኣሰናዳኢ
**መስፍን ገብረሂወት**

ለይ ኣውት
**MGH**

ዲዛይን ሕብራዊ ገበር
**ከማል ዲኖ**

ስእሊ
**ዮሃንስ በረኸት**
**ታእዛዝ ኣብርሃ**

ኣድራሻ
**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ፖ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

ዘርጋሒ
**ቁ.ስልኪ 200454**

**መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ**
www.shabait.com (menesey magazine)
**ክትረኽብዋ ትኽእሉ።**

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** 2
**ደሃይኩም** 3
**ጥቕስታት ፕረዚደንት ኢሳይያስ** 4
**ደሃይ ማሕበር** 9
- *መንፈቓዊ ገምጋም*

**ጉዳያት** 11
- *ርእሲ ማእዝን*
- *ጽምዶ ካብ ጐር ክሳብ ማዕዶ*
- *ሃለዋት ቀርኒ ኣፍሪቃ*

**ሓሳባት** 17
- *ኤርትራ፡ ኣብነት ኣፍሪቃ*
- *ብርድኢት ምጥማት*

**ዳህሳስ ማሕበራዊ ሚድያ** 22
- *ኲናት ክህሉ ድዩ?*
- *“ደሮናን በኾኻን”*
- *ዳህሳስ ኣድማስ*

**ትውፊት** 26
- *ካብ ቃልሲ ኤርትራ እንምሃሮ*
- *መረዳእታና ኣብ ሰውራዊ ክብርታት*

**ኣካዳሚ** 32
- *ተመሃራይን ምንባብ መጻሕፍትን*

**ኦርያ** 34
- *ጁልያኖ ፍራንቸስኮ*

**ተክኖሎጂ** 38
- *ሰብ ሰርሖ ብልሒ*

**ሕብረተሰብ** 41
- *“ሕማም ቀልዓለም”*
- *ሰብ ንዝበልዖ ይመስል*

**ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ** 40
- *ኣልኮላዊ መስተ ኣብ እዋን ጥንሲ. . .*
- *ምስጢር ሕጉሰት መጻምድቲ*

**ባህልን ስነጥበብን** 53
- *ሮዳስ መንግስ*
- *ደበናይ ናማዕደ ኹ*

**ስፖርት** 60
**መለሳ** 63

# ቃል ኣሰናዳኢ

በቲ ቅኑዕ መግለጺ፡ ኣብ ሕብረተሰብኣዊ ህይወት፡ ትማሊ ሎሚ እዩ፤ ሎሚ ድማ ጽባሕ እዩ። ሎሚ፡ ፍረ ናይቲ ትማሊ እተደኸመሉ እዩ። እቲ ሎሚ ዝጸዓረሉ ዘሎ ድማ፡ ምህርቱ ጽባሕ እዩ ክሕፈስ። መጻኢ እምበኣር ኣብ ሎሚ እዩ ዝፍጠር፡ ካብ ሎሚ እዩ ዝቕለስ። ብኣእምሮን ጸዓትን ናይ ሎሚ ሰባት እዩ ዝምእዘን። ቀለስቲ ወይ ኣማእዘንቲ መጻኢ፡ ብዙሓት ረቛሒታት እኳ እንተ ኾኑ፡ እቲ ዝዓበየ ግደ ግን ናይ ሰብ ምኧኑ ኣየካትዕን። ሰብ ብሰቡ ድማ፡ እቲ መንእሰይ ክፋል ሕብረተሰብ። ናይ ጽባሕ ቀላሲ እምበኣር፡ ናይ ሎሚ መንእሰይ እዩ። ቀላሲ ውልቃዊ ህይወቱ ጥራይ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ቀላሲ ኮማውን ሃገራውን ህይወት።

ኣብዚ እዋን ቀዳምነት መድረኻዊ ተልእኾ መንእሰይ ኤርትራ፡ ልምዓት'ዩ። ብሰንኪ ኵናት ዝዓነወ ምህናጽ፡ ተወሳኺ ዕድል ልምዓት ከም ዘይባኽን ምግባር፡ ሰባውን ባህርያውን ጸጋታት ተጠቒምካ ራህዋ ህዝብን ሓይሊ ቑጠባን ምውሓስ።

ኤርትራዊ መንእሰይ ቀንዲ ኣተኵሮኡ ኣብ ልምዓት ምግባር ክቕጽሎ'ዩ። በቲ ንሱ መጻኢት ኤርትራ ክትኮነሉ ዝብህጋ፡ ብዝመረጾ ናህርን ኣንፈትን እናቐለሰ፡ ኣብ ልምዓት ክረባረብ'ዩ። ልዕሊ ህላወ፡ ናጽነት፡ ልኡላውነት፡ ድሕነት ዝስራዕ ስለዘየልቦ ድማ ኣብ ገዛእ ነብሱ ተኣማማኒኑ ንኹሉ እንተታት ከም ወትሩ ድሉው ክኸውን እምበር፡ ክዛነ ኣይኮነን።

ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ልምዓትን ድሕነትን እቲ ዝግባእ ናይ ምቕላስን ምትግባርን ኣድማዕን ውጽኢታውን ዕማም ከሰላስል እንተኾይኑ፡ ብዛዕባ ዘሎናዮ ህሉው ኩነታት ብዕምቈት ክርድኦን ኣብ ውሽጢ ከመይ ዝኣመሰለ ሃዋህው ንነብር ከምዘለና ኣስፊሑ ክርእን ድማ ኣገዳሲ'ዩ። ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት መንእሰይ ነዚ ኣኸቢቡና ዘሎ ዞባውን ዓለማውን ሃዋህው ዝድህስስ እንተላይ ካብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝረኸበቶ ሓዊሳ፡ ብርክት ዝበለ ትሕዝቶታት ኣኣንጊዳ ኣላ። ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ብጻይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ወርሒ ሓምለ ናይ ዘካየዶ ሰፊሕን ዝርዝራውን ቃለመጠይቕ ጽማቕ ትሕዝቶ'ውን ብመልክዕ ጥቕስታት ኣቕሪባቶ ኣላ።

ከምዝፍለጥ ፍሉይን ብርቅን ታሪኽና፡ ታሪኽ ሃገራውያን መንእሰያት እዩ። ሃገራውነት ድማ፡ እቶም ንባህሊ ሕብረተሰብና ዘቘሙ ሰውራዊ ክብርታት እዩ መሰረቱ። ሰውራዊ ክብርታትና ዓንዲ ማእከል ጥምረትናን ሓይልናን'ዮም። ብመሰረቱ ሰውራዊ ክብርታት ዝበሃሉ ኣየኖት'ዮም? ካበይ ዝነቐሉ'ዮም? ግደ መንእሰይ፡ ኣብ ምውራስን ምስግጋርን ሰውራዊ ክብርታትከ ከመይ ይኹን? ወዘተ. ኣብ ዝብል ዛዕባ፡ መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ ነንበይኑ ዓውድታት ስራሕ ተዋፊሮም ንዘለዉ መንእሰያት፡ መረዳእታኦም ብኽፉት ክገልጹ ዓዲማቶም ኣላ።

መጽሔት መንእሰይ፡ ብሳላ ኣዝዩ ብሱል ትንታነታትን ጽሑፋትን ዘቕርቡላ ኣበርከትቲን መመሓየሺ ርእይቶን ሓሳባትን ዝልግሱላ ኣንበብታን ቀጻልነታ ኣውሒሳ ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደስቲ ዓምድታት ብምትእትታው ኣብ ኣተባባዒ ገስጋስን ምዕባለን ትርከብ ኣላ። ንኹሎም ንምዕባለኣ ዝሰርሑን ዝደረኹን፡ እንቋዕ ፍረ ጻማኹም ኣርኣየኩም እናበለት፡ ንቐጻሊ ምዕባለኣን ገስጋሳን ኣበርክቶኦም ብዝለዓለ ከሰስኑ ናይ ወትሩ ለበዋኣ'ዩ።

# ደሃይኩም

## ኣተኩሮ ኣብ ምህዞን ፈጠራን ግርም

ሃማመተኤ ኣብ ምህዞን ፈጠራዊ ሓሳብን ብኣተኩሮ ክሰርሕ ምዃኑ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ምስ መጽሔት መንእሰይ ቁ. 84 ኣብ ዝገበሮ ቃለመሕትት ብዝሰፍሐ ገሊጹ ነይሩ። እቲ ቃለመጠይቕ እንተላይ ንስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበርን ኣገባብ ኣተገባብራኡን ከምኡ'ውን ብስትራተጂያዊ ውጥን ተመሪሕካ መደባትካ ምስልሳል ኣብ ስሉጥነትን ምክትታልን ዘለዎ ኣገዳስነት ዘብርህ ዕምቈት ዘለዎ ስለዝነበረ፡ ንኣቦመንበር ማሕበር ከየመስገንክዎ ክሓልፍ ኣይደልን።

ሃማመተኤ፡ ንምህዞን ሰንዓን ፍሉይ ግዳሰን ኣተኩሮን ብምሃብ ማእከል ከፊቱ ብመልክዕ ውድድርን ምርኢትን ብዕቱብ ከኸይዶን ክከታተሎን ምውሳኑ፡ ነቶም ብናታቶም ጻዕርን ሓርኮትኮትን ኣብ ምህዞን ሰንዓን ክነጥፉ ዝጸንሑ መሃዝቲ፡ ሰናዕትን ተበላሓትትን ባብ ዘርሑ ስለዝኾነ ኣመና ዝተባባዕ'ዩ። ውጽኢቱ ክንሓፍስ፡ ቀጻልነቱ ምርግጋጽ ብቐዳምነት ስለዝስራዕ፡ ብዓቕሚ ሰብ ይኹን መሳለጥያ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝሓየለ ኣተሓሕዛን ዕቱብ ምክትታልን ዘድልዮ ምዃኑ ዘማትእ ስለዘይኮነ፡ ዓወትን ኣሳልጦን እምነ።

እንጅነር ኣቤል ሰሎሞን

## እንተነውሐ ወርሓዊ

መጽሔት መንእሰይ ኣህጉራውን ዘቤታውን ውድዓዊ ሓበሬታታት፤ መረዳእታ መንእሰያት ኣብ ጉዳያት፡ ሓሳባትን ዘመናዊ ተክኖሎጅን ዘዕቢ ዓናቅጽ፤ ኣብ ትምህርቲ፡ ሞያ፡ ስነ ጥበብን ፈጠራውነትን ዕዉት ኣበርክቶ ምስ ዝገበሩ ዕዉታት መንእሰያት ዘላሊ ቃለመጠይቓት፡ ኮታስ ንመንእሰይን ሕብረተሰብን ኤርትራ ዝጠቅም ምስ ግዜን ዘመናውነትን ዝኸይድ ትሕዝቶታት ሒዛ ትወጽእ ምህላዋ ሞሳ ይግብኣ።

ኣብ ስራሕ ኣበር ስለዘይሰኣን፡ ናተይ ኢልና ከይንሕዛን ኣብ መደባትና ኣእቲና ብስሩዕ ከይንከታተላን ግዳ፡ ትድንጉዩና እናኾነት። ብስሩዕን ቀልጢፉን ትወጸሉ ኩነታት ክናደ ይግባእ። ምስ ኩሉ ጽባቐኣን ኣገዳስነታን እንተ ነውሐ ወርሓዊ ክትከውን ምትገብእ። ሓገዝ ዘድልያ እንተ ኾይኑ'ውን ብወገነይ ኣብ ጐድንኹም ኣለኹ። ገለ መጀመሪት እንተ ኾነትኒ ብምባል ድማ ሓንቲ ግጥሚ ሰዲደልኩም ኣለኹ።

ኣለም ኣተወብርሃን ካብ ኣስመራ

## ናይ ብርዒ ዓርኪ

መጽሔት መንእሰይ ኣብቲ ማሕበራዊ ሽነኽ ዝያዳ እንተ ትጸቅጥ ጽቡቕ ነይሩ። ሓደ ኣብነት ካብኡ፡ ብዕድመ ዝኣኸሉ መንእሰያት ሞያኦምን ዝንባሌኦምን እናገለጹ ነንሓድሕዶም ዝላለይሉን ተመኩሮ ዝለዋወጥሉን ዓምዲ ክትከፍት ትኽእል። እዝከረኒ፡ ቅድሚ ክልተ ዓሰርተ ዓመታት ኣቢሉ ይኸውን፡ ብመገዲ ኵርናዕ ናይ ብርዒ ዓርኪ ኣቢሎም ብምጽሕሓፍ ክሳዕ ናብ መርዓ ዝበጽሑ ነይሮም'ዮም። ዘሸየጥ ንብረት፡ ዝካረ ገዛ ንዘለዎም ሰባት ፍሉይ ኵርናዕ እንተትኸፍት'ውን ኣደዳ ደላሎ ካብ ምኳን ምደሓንና።

ኣሩ ጓል ዕዳጋዓርቢ

## ደሃይ ሃገርን ኣህጉርን'ከ?

መጽሔት መንእሰይ ሃማመተኤ ንዘካይዶም ንጥፈታትን ገምጋማዊ ኣኼባታትን ኣብ ዓምዲ ደሃይ ማሕበር ተኣእንግዶ'ያ። ብተመሳሳሊ ዓበይቲ ሃገራውን ኣህጉራውን ዜናታት ተውጽኣሉ ዓምዲ ክትከፍት'ውን ጽቡቕ ነይሩ።

ጣህር ዓሊ ካብ ዓድቐይሕ




## ኣቓልቦ ኣብ ግጥምን ሓጺር ልብወለድን

መጽሔት መንእሰይ ኣብቲ ባህልን ስነጥበብን ዝብል ዓምዳ ግጥምታትን ሓጺር ልብወለድ ዛንታን ተውጽእ ምንባራ እዝክር። ኣብዚ ክወጽእ ዝጸንሐ ሕታማት ግና ኣብ ግጥምን ሓጺር ዛንታን ግዳሰ ዘውሓደት ትመስል። እንታይ እዩ እቲ ጸገም? ብቕዓት ዘለዎ ስለዝተሳእነ? ብዙሓት ክኢላታት ስነጽሑፍ ስለዘለዉና፡ ብመልክዕ ውድድር ብሉጽ ስራሓት ክትረክብ ትኽእል'ያ። ብዝኾነ፡ ዓምዲ ባህል ስነጥበብን ዝበዝሐ ትሕዝቶኡ ናይ ቃለመጠይቕ ምስ ደረፍቲ፡ ተዋሳእትን ሰኣልትን ኮይኑ ከይተርፍ፡ ኣብ ግጥምን ልብወለድን'ውን ኣቓልቦ ክትገብር ኣዘኻኽር።

ሰላም ሙሉጌታ

## ንዘያዳ ጽባቐ

ብትሕዝቶ መጽሔት መንእሰይ ኣዚና ሕጉሳት ኢና። ኣብ ዝርጋሐ ግና ኣይግድን። ኣብ ዓበይቲ ከተማታት እንተ ዘይኮይኑ፡ ምሕድግ ኣብ ዝበለ ከባቢታት ዘሎ ደላይኣ፡ ብቐሊሉ ኣይረኸባን'ዩ። እንታይ እዩ እቲ ጸገም? ህጹጽ ፍታሕ የድልያ'ሎ።

መምህር ሸዊት ሰሎሞን ካብ ጋሸባርካ



# ጥቕስታት ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ቃለ-መጠይቕ ሓምለ 2025

## ዓለም

ፍትሒ ሕርያ ኩሎም ህዝብታት እዩ። ህዝብታት ብሰላም ክነብሩ፡ ጸጋታቶም ክጥቀሙ፡ ተሻሪኾም ክረብሑ ይደልዩ። ፖለቲካ ዝሑል ኩናት፡ ነዚ መሰል'ዚ ዝኸልእ'ዩ ነይሩ። ብዝተፈላለየ ስነሓሳብ ይገለጽ፡ ዓሎቕ፡ ዓመጽ፡ ዘይናትካ ምዝማት፡ ወራር እንተሎ ኣንጻሩ ምቅላስ ግድን'ዩ። ንሕና፡ በቲ ሽዑ ዝነበረ ፖለቲካ ልኡላውነትና ከይንረክብ ስለዝተኸልከልና 50 ዓመት ተቓሊስና፡ ብዙሕ መስዋእቲ ከፊልና ኢና ናጽነትና ረኺብና።

ዕንደራ ምፍጣር እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ብኸመይ ክልታት ጽልዋ ተስፍሕ፡ ኣብ መወዳእታ ብኸመይ ዓብላሊ ኴንካ ትዕሉቕ፡ ትዘምት፡ ትረግጽ እዩ። ምዕብላል ከኣ ኣንጻር ድሌት ህዝብታት እዩ። እዚ ዘይክውንነታዊ ሕልሚ'ዚ ውጽኢቱ ናይ 30 ዓመታት ክሳራ ጥራይ እዩ ነይሩ። ቁርቁስ ኡክራንያ ናቱ ሳዕቤን እዩ። ሕጂ ንኣመሪካ ደጊምካ ዓባይ ምግባር ዝብል ሓሳብ ምምጽኡ፡ ፖሊሲታት እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ከምዘይሰርሐ ዘመልክት እዩ።

ዘሎናዮ እዋን መሰጋገሪ መድረኽ እዩ። ግዜ ክምጠጥ ይኽእል። እቲ ኩነታት ገና ደብዛዝ እዩ ዘሎ። ዝተርፍ ግን ኣይኮነን። ህዝቢ ዓለም ብሰላም ቀሲኑ ከይተዘምተ ንሓድሕዱ ተሓባቢሩን ተመላሊኡን ክነብር'ዩ ዝደሊ። እዚ ሕርያታት'ዚ ባህርያዊ እዩ። ጉዳይ ስነሓሳብ ወይ ምህዞ ፈላስፋታት ኣይኮነን። ክቕየር ዘይክእል ሕርያ ህዝብታት እዩ።

## ኣፍሪቃ

ኣፍሪቃ፡ በደልን ዕንቅፋትን ካብ ደገ እዩ ክመጻ ጸኒሑ። በዚ ድማ፡ ንኻልኦት ንኸስስ ኢና። ግን ናብ ምኽሳስ ጥራይ ከነዝንብል ኣየወጻጽኣናን እዩ። ንሕና'ኸ ባዕልና እንታይ ገይርና፤ እንታይ'ከ ክንገብር የድልየና ክንብል ኣለና። ዓሚጾምና፡ ዘሚቶምና፡ ፍትሒ ረጊጾም እናበልና ኣብ ክንዲ ምሕማይ፡ እቲ ምስግጋር ባዕልና ከነረጋግጾ ክንክእል ኣለና።

ትራምፕ ዘተኣታትዎ ዘሎ ፖሊሲ ኣብ ኣፍሪቃ ዘይተሓስበ ሳዕቤናት (Unintended consequences) ክህልዎ ይኽእል'ዩ። ፕሮግራማት ረድኤት ይቋረጽ ኣሎ። እዚ ንኣፍሪቃውያን መለበሚ'ዩ። ረድኤት ዘይትረክብ እንተ'ኼንካ ግድን ክትሓስብ፡ ካልእ ኣማራጺ ክተናዲ ኢኻ። ብድጐማን መግደፍን ካብ ምንባር ዝኸፍእ ባርነት የለን። ካብዚ ኩነት'ዚ ንምውጻእ ሃገራት ኣፍሪቃ ክንዮ ጥረ ንዋት ምሻጥ ናብ ምስናዕ፡ ክብሪ ምውሳኽ ክኸዳ ኣለወን።

ሓደ ካብቲ ንኣፍሪቃ ድሕሪት ዘትረፉ ምዝቋቑ ጉልበትን ኣእምሮን እዩ። ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ ደሞዝ ላዕሊ እዩ እናተባህለ ምሁራት እናተዘቘቑ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ጉልበትን ኣእምሮን ዜጋታተን ክጥቀማ፡ ጸጋ ሰበን ኣማዕቢለን ቁጠባአን ናብ ዝሓየለ ደረጃ ከብጽሓ ኣይተፈቕደለንን።

ህዝቢ ኣፍሪቃ ልኡላውነት ሓድሕድ ኣኽቢሩ፡ ህንጸት ሃገር እናሳለጠ፡ ናብ ዝዓበየ ውህደት ክሓስብ እናተገብአ፡ ብኤትኒክን ካልእ ከፋፋሊ ፖለቲካን ሓድሕድ ኣብ ምንቛት'ዩ ዝርከብ ዘሎ። እዚ ደው ክብል ኣለዎ። ናብ ልምዓትን ካልእ ዓበይቲ ዕላማታትን ክትከይድ ርግኣት ሕብረተሰብ ወሳኒ እዩ። ሰብ ንሓድሕዱ እናተናቖተ፡ እናተዋግአ ብልምዓት ክስጉም ኣይክእልን እዩ። ኣብ ትሕቲ ርጉእ ሃዋህው ግን እቲ ከቢድ ዝመስል፡ ምስፋሕን ምትእስሳርን ቁጠባዊ ልምዓት ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን።

## ጽምዶ ምስ ኣመሪካ

ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ክንነብር የብልናንን ንቕድሚት ክንጥምት ኣለና ብዝብል፡ ድሕሪ ናጽነት ኩሉ ናይ ዋሽንግቶን በደላት ረሲዕና ናይ ጽምዶ ፖሊሲ ኢና ሒዝና። ካብኣቶም ግንያ ወይ መግደፍ ንምርካብ ወይ ዘራያት ክኾኑና ኣይኮነን። ነቲ ዝተፈጸመ ጌጋታት ንምእራም እዩ ነይሩ።

ድሕር'ቲ ኩሉ ናይ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ዕንደራ፡ ኣብ 2017 ትራምፕ ምስ መጸ ተበግሶ ወሲድና ነይርና። ሕድገታት ግበሩልና ንምባል ዘይኮነ፡ ፖሊሲታቶም ኣብዚ ዞባ ዘስዕቦ ዘሎ ዕንወትን ቅልውላውን ዳግመ ግምት ንኽገብርሉ እዩ። ሽዑ ዝመጻና ግብረመልሲ ጽቡቕ'ዩ ነይሩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት ግን ኣይቀጸለን። ድሕሪኡ ናይ ባይደን ምምሕዳር መጺኡ፣ እቲ ኩነታት ናብ ዝኸፍአ ከይዱ።

ምስ ምምላስ ትራምፕ ነቲ ተበግሶ ክንቕጽሎ መዲብና ኣለና። ምምሕዳራት ኣመሪካ ኣብዚ ዞባ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ፖሊሲታት'ዚ እንተ ዘይተኣሪሙ፡ ብፍሉይነት ንዓና ክግበረልና ዝኽእል ሕድገት የለን። ናብ ከምኡ ዓይነት ጽምዶ ዘእቱ ምኽንያት እውን የብልናን። ጽምዶና ብቐንዱ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ወይ ጐደቦና ክስርሓሎም ዝጸንሐ መኣዝኖም ዝሰሓቱ ፖሊሲታት ናብ ምእራም ዝቐንዐ እዩ። ናይ በይንና ጉዳይ ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ፡ ኣብ ዋሺግንተን ናባና ጥራሕ ዝጠመተ ፖሊሲ ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ገፊሕ ናይ ክሊ ጽልዋ (sphere of influence) ዝሕቈፍ እዩ። ስለዚ ካብ 2026 ጀሚርና ክሳብ 2028 እቲ ጽምዶ ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ኢና። እንዛረበሎም ኣርእስትታት ሓደስቲ ኣይኮኑን። ምስዚ እንኣተዎ ዘለና ሓድሽ ዓለማዊ ሃዋህው ተዛሚዱ ዝርአ ድማ እዩ። ምስ ኣመሪካ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስ ሩስያ፣ ቻይና፣ ህንዲ፣ ላቲን ኣመሪካውያን፣ ጃፓን፣ ደቡብ ኮርያ ወዘተ. ተመሳሳሊ ጽምዶ ክህልወና ኣለዎ። እቲ ማእዝን ወይ መርሓ ጐደና ሓደ እዩ። ኣብ ኣተገባብራኡ ነናቱ ዝርዝራት ክህልዎ ይኽእል። ካብኡ ናብኡ ግን ጽምዶ ምስ ኣመሪካ ቀዳምነት ዝወሃቦ እዩ።

## ኢትዮጵያ

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 80 ዓመታት ዝኣተዎ ኲናት እንተሎ ተገዲዱ ዝኣተዎ ጥራይ እዩ። መሬት ካልኦት ክግብት ወይ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማታት ሃልዩዎ ኣብ ኲናት ኣትዩ ኣይፈልጥን። ኣገዲዶም ኣእትዮምና፡ ኣብኡ ግን ብዙሕ ተማሂርና። እቲ ሕጂ ዘሎ ናይ ኲናት ምድላዋት ርኣዩለይ ስምዑለይ ዘድልዮ ኣይኮነን። ነዚ እዉጅ ኲናታት'ዚ ክትጉልብብ ምእንቲ፡ ክሲ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ምጽሓፍ ግን ኣዝዩ ዘሕንኽ ተግባር እዩ። ዕሸል ከምኡ ክገብር ኣይክእልን። ነቲ ከምኡ ዝብል ዘሎ ዓዲ ወዓል፡ ሽግር ናይ ገዛኻ ቅድም ፍታሕ ኢና ክንብሎ ንኽእል። ከምዚ ዓይነት ህድማ ንቕድሚት፡ ስልበጣ፡ ሓሶት፡ ምድንጋር፡ ኣብ ታሪኽ ናይ ኢትዮጵያ ተራእዩ እውን ኣይፈልጥን።

ንሕና 130 ሚልዮን ኢና። ብማዕበላዊ መጥቃዕቲ ከምዚ ክንገብር ንኽእል ኢና፡ ድሮናት ኣምጺእና ኣለና፣ 3500 ኪሎ ሜተር ዝኸይድ ሚሳይላት ኣለና። ዓሰብ ክንሕዝ ኢና፡ ብጋሽ ባርካ ብሱዳን ኣቲና ከምዚ ክንገብር ኢና . . . ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ከምዚ ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። ከምዚ ዓይነት ዕሸላዊ ሓሳብ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ዘይደልዮ ኲናት ምእታው፡ ናብ ዘየድልዮ ማእዝን ናይ ፖለቲካ ምውሳድ እዩ። ብወገንና ኣይንጥንቀቕን ማለት ኣይኮነን። ዓሻውን ክሃርመካ ይኽእል'ዩ። ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ግን ነጋንኖን ንስከፈሉን ጉዳይ ኣይኮነን።

ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከተደናግር ምእንቲ ፈረንሳ፡ ኣመሪካ፡ ኢማራት'ዶ ካልኦት ምሳና እዮም፡ ኣጆኹም እዮም ዝብሉና ዘለዉ እናበልካ ዝግበር ፕሮፓጋንዳ ብህዝቢ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ብህዝብታት እዚ ዞባ ምጽዋት ስለዝኾነ ክእረም ኣለዎ። መስኮት ባሕሪ'ዶ ወደብ'ዶ ዝብል ዘረባታት ናይቶም ዝዛረብሉ ዘለዉ ኣጀንዳ እውን ኣይኮነን። ጂኦፖለቲካዊ ኣገዳስነት ናይዚ ዞባ ኣብ ግምት ብምእታው ብነንበይኑ ማዕዶታት ዝመጽእ ዘሎ እዩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዓንዳሪ ኣተሓሳስባታት ዝደፋፍኡ ዘለዉ ድማ ፍሉጣት እዮም። ኢማራት ኢልካ ኣሐፍሺካ ክትዛረብ ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ ኢማራት ዘሎ መራሒ ዝንብሮ ዘሎ እዩ። ስዊዝ ካናል፡ ጅዳ፡ ሑደይዳ፡ ባጽዕ፡ ዓሰብ፡ ጅቡቲ፡ በርበራ፡ መቓድሾ፡ ላሙን ምምባሳን ክሳብ ዳርኤልሰላም ክትቆጻጸር ኢልካ ምሕሳብ፡ ሓደ ዝዓበደ ሰብ ጥራይ ዝሓስቦ እዩ።

## ዞባዊ ምምልላእ

ዞባዊ ምምልላእ ብገፊሕ እንጥምቶን ብግብሪ ዝከኣለና ዝሰራሕናሉን ንቕጻሊ እውን ብዕቱብ እንሰርሓሉን እዩ። ዛጊት ጻዕርና ኣይሰመረን፡ ኣይተዓወትናን ኢልና ተስፋ ንቘርጸሉ ኣይኮነን። እቲ ጸገም ሸርሒ ናይ ደገ ጥራይ ዘይኮነ ብቐንዱ ናይ ዞባና ድኻማት እዩ። ነዚ ክንምክተሉ እንኽእል ባይታ ምውዳድ ድማ ካብ ሃገራዊ ህንጻት ፈሊና ንርእዮ ኣይኮነን። ጻዕርና ዝደለናዮ ውጽኢት ኣየምጽኣን። እዚ ግን ነቲ ናትና እምነት መመሊሱ እናሓየሎ ዝኸይድ፡ ናይ ጽምዶ ኣሰራርሓና ብዕምቈትን ብስፍሓትን ከነዕብዮ ዝድርኽ እዩ። ንቕሓት ናይ ህዝቢታት እውን ይዓቢ ስለዘሎ ንገዛእ ርእሱ ሓይሊ እዩ። ዞባዊ ጥምረት ሙተካእታ ዘይብሉ ሕርያ እዩ።

## ሱዳን

ኲናት ሓድሕድ ሱዳን ዝበሃል የለን። ነናይ ክፋል ሕብረተሰብ ወይ ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝውክል ኲናት ሓድሕድ፤ እቲ ዘሎ ኲነታትን ኣመጻጽኣኡን ብቐረባ ንዝፈልጦ ኲናት ሓድሕድ ዝበሃል ኣብ ሱዳን የለን። ወረር ጥራይ እዩ ክበሃል ዝከኣል - ብብዙሕ መለከዒታት።

ድሕሪ ናጽነት ሱዳን 1956 ኣብ ሱዳን ዝነበረ ፖለቲካ ካብ ዝኾነ ከባቢታት ኣፍሪቃ ዝማዕበለ'ዩ ነይሩ። ኣብ 1983 ግዜ ኑሜሪ ግን እስላማውያን በብቕሩብ ጽልዋታት ከስፍሑ ጀማሚሮም። ንእስላም ዝውክሉ ዘይኮኑ፡ ብስም እስላም ዝነግዱ። ኣብ 1989 ከኣ ብዕልዋ ስልጣን ሒዞም። ብዕልዋ ምምጽኦም ተቐባልነት ስለዘይነበሮም እዩ። ዓረብ/ኣፍሪቃ፡ ክርስትያን/እስላም ዝበሃል ፖለቲካ፡ ነዚ ከባቢና ብምሉኡ ክንቅይሮ ኢና ዝብል ኣጀንዳ ሒዞም መጺኦም። ቅድሚ ምፍላይ ደቡብ ሱዳን፡ ኣብ ኣስመራ፡ ኲሎም ሓይልታት እንተላይ ምንቅስቓስ ሓርነት ደቡብ ሱዳን (SPLM) ዝሳተፍዎ ኪዳን ደሞክራስያዊ ግንባር (NDA) ተመስሪቱ ነይሩ እዩ። ንሳቶም ግን ነዚ ትሰፋው ኣንፈት ኣበርዒናሞ። ኣብ ቀኑጠባ ዘምጽእዎ ዕንወትን ዘስዓብዎ ዝምታን ከኣ መወዳእታ የብሉን። ከም ሳዕቤን ናይዚ ኲሉ ሽግራት ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ጸገማት ኣብ ዓንቀሩ በጺሕዎ፡ ናብ ጽርግያ ወሪዱ።

ዝሓለፈ ተመኲሮ ዝኣክል ትምህርቲ ተወሲዱሉ እዩ። ኣብ ሱዳን ሓድሽ ኲነት ምፍጣር የድሊ። ብወገንና እንተውሓደ ብሓሳብ ክንተሓጋገዝ ኢልና ዘቕረብናዮ ወረቐት ኣሎ። ህዝቢ ሱዳን ናብ በሪ ኣማን ክበጽሕ መስገሪ ድልድል የድልዮ። ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን ንድሌት መላእ ህዝቢ ሱዳን ዝውክል፡ ምምቕቓላት ናይ ሃይማኖት ይኹን ካልእ ዘየምጽእ ናይ ዜግነት ስርዓት ይምስረት። ቀስ ብቐስ ድማ ናቱ ልኡላዊ ትካላት ይሃንጽ። ነዚ መሰጋገሪ እዋን ዝመርሓ ድማ ሰራዊት እዩ። እዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና፡ ናይ ክልተ ጀነራላት ኲናት ዝበሃል፡ ብፍላጥ ነቲ መስርሕ ንምትዕንቓፍ ብናይ ደገ ሓይልታት ዝተደፋፍአ እዩ። ሱዳን ተጠማቲት ስለዝኾነት ግዳይ እያ ኮይና።

ብመገዲ ሊብያ፡ ጫድ፡ ማእከላይ ኣፍሪቃ ደቡብ ሱዳን፡ ኲርዱፋን፡ ኢትዮጵያን ካልእን እንታይ ይግበር ኣሎ ስውር ኣይኮነን። ሰባት ኢማራት-ኢማራት ይብሉ እዮም። ንዓና ስኽፍክፍ እዩ ዝብለና። ንሸኽ ዛይድ ካብ 1972 እየ ዝፈልጦ፣ መጀመርታ ኢማራት ክትምስረት ከላ። ከምኡ ክቡር ሰብ የለን። ሎሚ ኢማራት ከምዚ ትገብር ኣላ ክብሉ ከለዉ፡ ሸኽ ዛይድ እየ ዝዝክር። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰብ ዝመስረቶ ሃገር፡ ኣብ ከምዚ ይኣቱ፤ ስለምንታይ፤ እዚ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ንኢማራት ዝውክል ኣይኮነን። ኢማራት ወኪል ናይ ካልኦት ኮይና እያ ትሰርሕ ዘላ። ብድሕሪት ኮይኖም ዝድርኹ ሓይልታት ኣለዉ። ብዝኾነ ናይ ሱዳን ርግኣት ነዚ ከባቢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንዮ እዚ ከባቢ እውን ዓቢ ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ኲሉ ክዋሳኣሉ ዘለዎ እዩ።



## ምኽዕባት ምህርቲ

ኣብ ሃገራዊ መደባት ልምዓት ቁጽሪ ሓደ ዝሰራዕናዮ መደብ ምኽዕባት ሕርሻዊ ፍርያት ብኹሉ መልከዓቱ እዩ። ምህርቲ ኣእካል፡ ጥረታት፡ ፍረታት፡ ኣሕምልቲን ካልእን ብዓይነትን ዓቐንን ምዕባይ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ጽቡቕ ይስጉም ኣሎ። ዘለና ዕቑር ዓቕሚ እውን ቀሊል ኣይኮነን። ናይ መሬትን ማይን ጸገም የብልናን። ኣብ ሕርሻ መፍረ ጡጥ እውን ከም መደብ ሒዝናዮ ኣለና። ጥረ ጡጥ ክንሽይጥ ዘይኮነ፡ ናብ ምምስራሕ ንምኻድ። ኣብ ቃንጫ ሽኮር እውን ብተመሳሳሊ።

ኣብ ምስሳን ምህርቲ ካልእ ኣገዳሲ ጽላት ሃብቲ ባሕሪ'ዩ። ኣብዚ ጽላት'ዚ ብድሩት ዓቕሚ ክግበር ዝጸንሐ ፈተነታት ነይሩ። ሕጂ ግን ነቲ ቀንዲ ማሕንቖታት ፈቲሕና፡ ዝድለ ትሕተቅርጺ ብምውዳድ ኣስፊሕና ክንሰርሓሉ ኢና። ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ይበሃል እዩ። ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝዓይነቱ። ንሕና ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ከም ፍልስፍና ተቐቢልናዮ ኣይንፈልጥን። ትርፊ ምህርቲ ምኽዕባት እዩ ዕላማና።

## ምፍዋስ ማይ ክዖታት - ውህለላ ማይ

ዕማም ምፍዋስ ማይ-ክዖታት፡ ንከትርታት፡ ዛላታት፡ ራህያታት፡ ሓጽብታት፡ ዝተፈላለየ ትሕተ ቅርጺ እንተላይ ምግራብ ዘጠቓልለ እዩ። ተሰሪሑ ዘሎ ውሑድ ኣይኮነን። ግን ብስፍሓት ቀጺሉ መልከዕ መሬትና ክንቅይሮ ኣለና። ማይ ሃሪሙ ሒዙዎ ዝኸይድ ሓመድ ክህሉ የብሉን። እዚ ዕማም'ዚ ማይና ሚእቲ ካብ ሚእቲ ተቘጻጺርናዮ ክሳብ እንብለሉ ዘቋርጽ ኣይኮነን። ማይ ኣብ ዘይብሉ ዝኾነ ናይ ልምዓት መደባት ምትግባር ዝከኣል ኣይኮነን። ስለዚ ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺ.ታት ምህናጽ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ብቐጻሊ ክሰላሰል ዘለዎ ስራሕ እዩ። ኣብ ምብራቓውን ምዕራባውን ኣጻድፍ ዘሎ ቅርጺ መሬት ዝህበና ሰፊሕ ዕድላት ክንጥቀመሉ ኣለና። ኣበየ ከባቢኡ ዝውህለል ማይ ክንጥቀመሉ ድማ መብጽሕን መከፋፈልን ትሕተቅርጽታት ከነዋድድ ኣለና። መበገሲ ዝኸውን ፓይሎት ፕሮጀክታት ከነተግብር ጸኒሕና ኣለና፣ ብዝሰፍሐ ክንቅጽሎ ኢና።

## ጸዓት

ቀረብ ጸዓትን ኤለትሪክን ንኹሉ ልምዓታዊ መደባት ወሳኒ እዩ። ዓቕሚ ስለዝሓትት ኣብ ሓጺር ግዜ ዝትግበር ኣይኮነን። ደረጃ ብደረጃ ግን ንምሉእ ሃገር ዝሸፍን፡ 12 ንኡሳን መርበባት (mini grids) ክንምስርት ኢና። ብክልሰ ሓሳባዊ ዘረባ ዓሰርተ ክልተ ማእከላት ቁጠባ ኣለዉና ማለት እዩ። እዘን ርባባት ነፍሲ ወከፈን 30 ሜጋ ዘመንጭዋ ኮይነን ብድምር 360 ሜጋ ከነፍሪ ኢና። እዚ ግን መበገሲ ጥራይ እዩ። እቲ መመንጨው ረስናውን ጸሓያውን ኮይኑ፡ እቲ ዝዓበየ ንሳግመሉ ተሓዳሲ ጸዓት እዩ። ካብ ምብጽጻሕ (transmission) ክሳብ ምህላኽ (consumption) ዘሎ ስርዓት ድማ 24 ሰዓት 365 መዓልታት ዘተኣማምን ኣገልግሎት ዝህብ ገይርና ከነዋድዶ ኣለና። ካብ ደገ ዝመጽእ ቴክኖሎጂ ተጠቒምና ባዕልና እውን እናመሃዝናን እናመሓየሽናን ናይ ኤለትሪክ ኣገልግሎት ኣብ ኩሉ ሃገር ከምዝበጽሕ ክንገብር ኢና።

## ኣባይቲ

ሓደ ካብ ዓበይቲ ብድሆታትና መንበሪ ኣባይቲ እዩ። ኣውራ ኣብ ከተማታት። ስለዚ ህንጻት ኣባይቲ ምስቲ ካልእ ናይ ልምዓት መደባት ተኣሳሲሩ ዝኸደሉ መገዲ ክፍጠር እዩ። ኣብቲ ማይ ተኣኪብሉ ዘሎ ከባቢታት፡ ክሰርሕ ዘለዎ ጉልበት ሰብ ውሑድ ኣይኮነን። ምስቲ ዝፍጠረሉ ዘሎ ናይ ስራሕ ዕድላት መንበሪ ቤት እውን ክህልዎ ስለዘለዎ፡ ናይ መንበሪ ኣባይቲ ስትራተጂና

ነዚ ኹሉ ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ። ሕጂ ሓዲሽ ዝጅምር ዘሎ ኣይኮነን። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዝተተግበረ ፕሮጀክትታት ነይሩ። ጀሚሩ መዕለቢ ዘይረኸበ ፕሮጀክትታት እውን ኣሎ። ሕጂ ግን ምስቶም ቀዳምነታት ተሰሪዑ ጉዳይ መንበሪ ኣባይቲ ብዕቱብ ክስርሓሉ እዩ።

ከነቕርብ ቅድም ቀዳድም ነዚ ጽግያታትዚ፡ ምሉእ ኣገልግሎት ከም ዝህብ ገይርና ከነመሓይሾ ኣለና። መጓዓዝያ ንብረት እውን ካልእ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ሕርሻዊ ፍርያቱ ናብ ዕዳጋ፡ ወደብ፡ ኣየርፖርት፡ መኽዘን ንኽበጽሕ መጓዓዝያ የድሊ። ዘየድሊ ናህሪ ዋጋታት ንምውጋድ ናይ ንብረት መጓዓዝያ ወሳኒ እዩ።

## ማሕበራዊ ኣገልግሎታት

ኣገልግሎት ትምህርቲ ካብቶም ቀዳምነታት ዝስርዑ ኣገልግሎታት እዩ። ጥዕና እውን ብተመሳሳሊ። ስለዚ ብቑዓት ናይ'ዞም ኣገልግሎታት፡ ነቲ ዘለና ጸጋ ሰብ ኣብ ምሕያል ወሳኒ እዩ። ኣበየ ከባቢኡ ዝተደኰነ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኰለጃት፡ መወከሲ ሆስፒታላት፡ ክሊኒካት፡ ናይ ጥዕና ማእከላት ኣሎ። ኣኻሊ ኣይኮነን። ዝርጋሐኡ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዝህቦ ኣገልግሎት እውን ውጽኢታዊ ክኸውን ኣለዎ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ካልእ ጉዳይ መልዕሎ እዩ። ብነንበይኑ ጸገማት ተሸጊሮም ዝነብሩ በተኻት፡ ብዝሓም ዘሰክፍ እኳ እንተ ዘይኮነ፡ ከሎ ገና መድሃኒት ክርከበሉ ኣለዎ። ኣካላውን ኣእምሮኣውን ወጽዓ ዘለዎም ክሰርሑ ዘይክእሉ ኣብ መልዕሎ ክኣትዉ ኣለዎም። ኣብ ኩሉ ከባቢታት በተኻትን ጽጉማትን ዝእለይሉ ቦታታት ክህሉ ኣለዎ።

ምስ ቀዳምነታት ዝስራዕ ካልእ ኣገልግሎት መጓዓዝያ እዩ። ቅድም ቀዳድም ዝመጽእ ድማ ናይ ሰብ መጓዓዝያ እዩ። ጽርግያታትና ዝበዝሕ ጸቢብ፡ ዓቐበ ቁልቁል ዝበዝሖ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዓበይቲ መካይን እናተረገጸ፡ እናተበላሸወ እዩ ክመጽእ ጸኒሑ። ስለዚ፡ ብቑዕ መጓዓዝያ

## ሱታፌ ዜጋታት

መደባት ልምዓት ጺጋታት ምጉስጓስ የድልዮ። እነገሳጉሶ ጺጋ ብቐንዱ ሰብ'ዩ። ስለዚ ሱታፌ ህዝቢ ብዝተወደበ መገዲ ክዓቢ ኣለዎ። ብደረጃ ዞባ፡ ንኡስ ዞባ፡ ከባቢን ዓድን ህዝቢ ተወዲቡ ዝሰርሓሉ ባይታ ምፍጣር የድሊ። ካብ ኣፍራዛን ባዴላን ጀሚርካ ክሳብ ዓበይቲ ማሺነሪን ቴክኖሎጂን ድማ ክቐርበሉ ኣለዎ። ናይ ህዝቢ ሱታፌ ብቐሊል ክበጽሖ ኣብ ዘይክእል ኣጸጋሚ ከባቢታት፡ ሰራዊት ጣልቃ ኣትዩ ክሰርሕ እዩ። ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና እውን ዘለዎም ዕቑር ዓቕሚ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ሃገር ብቐጥታ ዝሳተፍሉ ባይት ክፍጠር እዩ። ኣመሓደርቲ ዞባ ከም ኣወሃሃድትን መራሕቲን መደባት ልምዓት መጠን፡ ኣብ ደገ ዘለዉ ዜጋታትና ብኸመይ ክሳተፉ ይኽእሉ መደባት ክሰርዑ ኣለዎም። ኣብ ደገ ሃብቲ ዝኣከቡ፡ ከወፍሩ ዝደልዩ፡ ኣበይ ቦታ፡ እንታይ ዓይነት ወፍሪ ክገብሩ ይኽእሉ፡ ሞያውያን በብሞያኦም እንታይ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ፡ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ትምህርቲ፡ ጥዕናን ካልእን ክተሓጋገዙ ዝደልዩ ኣብ ምንታይ መደባት ክሳተፉ ይኽእሉ ናይ ምንጻር ስራሕ ብግቡእ ክስርሓሉ እዩ።



ስእሊ፡ ታእዛዝ ኣብርሃ

## ደሃይ ማሕበር







# ሃማመተኤ መንፈቓዊ ገምጋም ብምኽያድ ኣብ ኣተኩሮ ናይ ዝቕጽል ኣዋርሕ ዘትዩ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ካብ 8-9 ሓምለ ሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ዞባታትን፡ ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ክፍልታት ዞባን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ገምጋም ንጥፈታት ቀዳማይ መንፈቕ ዓመት 2025 ብምኽያድ፡ ኣብ ቀንዲ ኣተኩሮ ናይ ዝመጽእ ካልኣይ መንፈቕ መደብ ስራሕ ዘትዩ።

ኣብቲ ብሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ዞባታትን ዝቐረበ መንፈቓዊ ገምጋማዊ ጸብጻብ ስራሕ፡ ማሕበር ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ፖለቲካውን ውድባውን ንቕሓትን ተሳታፍነትን ዘበርኹ፡ ድሌትን ተገዳስነትን ኣብ ትምህርቲ ዘዕብዩ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንቕሓት ዘደንፍዑ፡ መደባት ባህልን ዜናን ዘሐይሉ ኣድማዕቲ ስርሓት ከም እተዓመ ተገምጊሙ።

ማሕበር ኣብ ኩለን ዞባታት ንቐያሕቲ ዕምባባ፡ ፈተውራሪ፡ ሕመረት፡ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ካድርን ዝተዋህበ ሲቪካዊ ስልጠናታት፤ ፖለቲካዊ ንቕሓት መንእሰያትን ተመሃሮን ንምዕባይ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታት፡ ምንባብ መንሳሳሲ ጽሑፋትን ምርኢት ፊልምታትን፤ ካብ ቤት ትምህርቲ፡ ምምሕዳር ከባብን ንኡስ ዞባን ተበጊሱ ትምህርታዊ፡ ባህላውን ስፖርታውን ውድድራት ሓቝፉ ዝተኻየደ ዉዕዉዕ ቅነ-ውዳበታት፤ ብሓያል ናይ ውድድር መንፈስ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኮለጅን ብጥርኑፍን እተኻየደ ፌስቲቫል፤ ንሃበርም ተመሃሮ ዝተዋህበ መተባብዒ ሽልማታት ብዕምቈት ብምርኣይ ዝተባባዕ ገስጋስ ከም ዘርኣየ ኣብ ዝቐረበ ዝርዝራዊ ገምጋማዊ ጸብጻብ ስራሕ ተገሊጹ።

ማሕበር፡ ኣብ ዝቕጽል ኣዋርሕ ብመገዲ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ዘካይዶ ናይ መነቓቕሒ ንጥፈታት፡ መዘናዊ ጽልዋኡን ኣድማዕነቱን ንምሕያል፡ ብመልክዕ ሃገራዊ ውድድር፡ ብትሸዓቲኦን ቋንቋታት ሃገርና ብሉጽ ሃገራዊ፡ሞራላውን ትምህርታውን መዛሙር ብድምጽን ስእላዊ ቪድዮን ብምፍራይ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ክዝርጋሕ፤ ኣብ 2022 ብሓለቓ ጠቕላሊ ስታፍ ሓይልታት ምክልኻል ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮሃንስ ዝተበገሰ ብቐዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ኣስመራ ብምጡን ቁጽሪ ዝጀመረ መደብ ክረምታዊ ደገፍ ትምህርቲ ኣብዚ ናይ ሎምዘበን ክራማት ብዝሓየለን ብንጡፍ ተሳትፎን ክካየድ፤ ኣብ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ምስ መኸተ ልምዓት ዝሳነ ጉስጓሳዊ መደባት ክውደብ፤ ኣብ ዞባታት ንነዊሕ ዓመታት ዝሰንማ መኣድታት

ስነጥበብ፡ ጽልዋ ዘለዎም ህቡባት መንእሰያት ስነ ጥበበኛታት ኣብ ምፍራይ ዝጸንሐን ኣበርክቶ ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ብስሩዕ ንምቕጻለን ብዕቱብ ክሰረሓሉ፤ ንሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት ማሕበር መድረኻዊ ተልእኾ መንእሰያትን መኸተ ልምዓትን ዝሓቈፈ መማእዘኒ ስልጠና ክወሃብ፤ ንውድድር ቀሪቡ ዘሎ ፈጠራዊ ሓሳባት ሞያዊ ቅጥዒ ኣማሊኡ ናብ ውጽኢት ክሰጋገር፤ ማሕበር ብመገዲ ብሸውዓተ ቋንቋታት ዝሕተማ መጽሔታቱ ከምኡ'ውን ምስ ሚኒስትሪ ዜና ብምውህሃድን ብመገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ኣቢሉ ክዝርግሖም ዝጸንሐ ዜናዊ መደባት ኣፍልጦን መረዳእታን ኣብ ውሽጥን ደገን ዝነብሩ መንእሰያት ዘስፍሕ ብምዃኑ፡ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ብምውርጻጽ ንሓድሽ መድረኽ ዝበቅዕ መደባት ንምድላው ዝተጀመረ መስርሕ ብዝሓየለ ክስረሓሉ፤ ናይ ዝቕጽል ዓመታት ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር ምስ መኸተ ልምዓት ተሳንዩ ንድፊ እማመ ክዳሎ፤ ምርኢት መጻሕፍቲ ባህሊ ምንባብ ኣብ ምስራጽን ደረስቲ ኣብ ምትብባዕን ደራኺ እጃም ስለዘለዎ ኩለን ዞባታት ኣብ መደበን ኣእትየን ክሰርሓሉ፤ ዝካየድ ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ምስ መድረኽ መኸተ ልምዓት ተሳንዩ ብዝሓየለ ክቕጽል ኣብ ዝብሉን ካልኦትን ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ መዛዘሚ ቃል፡ ማሕበር ንምምሕዳር ከባቢ ከም መሰረት ውዳበን ቅርጽን ናይ ማሕበር ገይሩ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ገስጋስ ውጽኢቱ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ኣተባባዒ እናኾነ ይመጽእ ከም ዘሎ ጠቒሱ፡ ነቲ ናይ ምውዳብ፡ ምንቃሕን ምዕጣቕን መደባት ኣብ ምዕዋት ወለንታዊ ኣበርክቶ ኣብ ምሃብ ንዝርከቡ ኣባላት ውዳበ መንእሰያትን ኣካያዲት ኣካልን ሞጒሱ።

ጉልበትካን ፍልጠትካን ንሃገርካን ሕብረተሰብካን ምውፋይ ሕድሪ ሰማእታት ምትግባር ምዃኑ ዝገለጸ ብጻይ ሳልሕ፡ ኣብ ዝቕጽል ኣዋርሕ'ውን፡ ምስ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ኣመሓደርቲ፡ ሓለፍቲ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ብምውህሃድ ንመድረኻዊ ተልእኾ መንእሰያት ዝበቅዕ መደባት ኣብ ምስልሳል ብዝሓየለ ኣድማዕነት ክስርሕሉ ተላብዩ።















ጉዳያት

# ርእሲ ማእዝን

*“ብዛዕባ ኤርትራ ጌጋ መረዳእታ ዘሎ እመስለኒ። ንኤርትራ ንእሽቶ ሃገር ገይርካ ናይ ምጥማት ግጉይ ኣተሓሳስባ። ሓቂ ንምዝራብ ብመንጽር ብጽሕና ሃገርነት (Nationhood) ኣብ ዞባና፡ ኤርትራ ኣዝያ ዓባይ ሃገር እያ። ኣብ ፖለቲካ'ዚ ዞባ ወሳኒ እጃም ዝጸንሓ እያ። ኣብ ታሪኽ ከምዝርኣናዮ፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ምቕጻሎምን ዘይምቕጻሎምን ብቐጥታ ምስ ኤርትራ ዝተኣሳሰረ'ዩ ነይሩ።”*

*ሓደ ኢትዮጵያዊ ፖለቲከኛ*

ብጋህዲ ዘይዝረበሉ ፖሊሲ ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ንክልሰ ሓሳብ ፍልቀት (Evoloution) ቻርለስ ዳርዊን ዝረዓመ እዩ። እዚ ኣብ ካልኣይ ንፍቂ 19 ዘመን ዝማዕበለ፡ ኣብ ጂኦግራፊያዊ ዕብየትን መሬታዊ ጸጋታትን፣ ስፍሓት ህዝብን ዕዳጋን ዝኣምን ሰረተ-እምነት፡ ‘ማሕበራዊ ዳርዊንነት’ (Social Darwinism) ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ። “ልክዕ ከምቲ ቻርለስ ዳርዊን ንሕጊ ተፈጥሮ ‘ብቑዕ ይሰርር፡ ድኹም ይጽንት’ (Survival of the fittest, elimination of the weakest.) ኢሉ ዝገለጾ፡ ሕብረተሰባት እውን ከምኡ እዮም። ስለዚ እቶም ዝሓየሉ ነቶም ድኹማት፡ እቶም ዝበዝሑ ንዝውሑዱ እናሕቀቕዎም ክኸዱ ባህርያዊ እዩ' ኢሉ ዝኣምን ሰረተ-እምነት ድማ እዩ።

በዚ ሰረተ-እምነት'ዚ ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም 1941 ብሪጣንያ ንሰራዊት ኢጣልያ ሰዒራ ንኤርትራ ድሕሪ ምቁጽጻራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብምኽንያት ዋሕዱ ኣቈናጺባ ብምርኣይ፡ ንኤርትራ ናብ ክልተ ገዛፍቲ መሓዙት ኣንግሎ-ኣመሪካ፡ ሱዳንን ኢትዮጵያን መቓቒላ ካብ ካርታ ዓለም ክትሓካ እያ መዲባ። ሽዑ ንሽዑ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ብሚልዮናት ፓውንድ ዝትመን ትካላትን ንብረትን መንግስቲ ኢጣልያ ዘሚታ፡ ዝሕረጅ ሓሪጃ፡ ዝግዕዝ ኣግዒዛ ንኤርትራ ጥርሓ ኣትረፈታ። እቲ ዕላማ፡ ኤርትራ ንእሽቶ ሃገር እያ፡ ብዝሒ ህዝባ ውሑድ እዩ፣ ብቑጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን ብሓጺሩ ሃገር ክትከውን ኣይበቕዕትን እያ ብዝብል ምኽንያት ንምሕቃቓ እዩ ነይሩ። ንኤርትራ ብምሕቃቕ ድማ ነዚ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ከባቢ ናይ ዓለምና፡ ማለት ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ብመገዲ ምስሌነ ምዕራባውያን ስርዓታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ንምቁጽጻሩ እዩ ነይሩ ድሌታ። እዚ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ውጥን (ተቐሲም) ኤርትራውያን ኣብ ግዜኡ “ኣይንፋላለ” ብዝብል መትከል እንተ ዘይብድህዎ ድማ፡ ድኹም ይጽንት ኮይኑ፡ ኤርትራ ቀደም ካብ ካርታ ዓለም ተሓኺኻ ምሃለወት።

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እውን፡ ካብቲ ናይ ብሪጣንያ ብዘይፍለ፡ ንዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣነኣኢሳ እያ ርእያቶ። ንስለ ረብሓ ኣመሪካ ድማ ኤርትራ ምስታ መሓዛ ኣመሪካ ዝኾነት ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ክትቀኑረን ብመገዲ ሕቡራት ሃገራት ውሳነ ኣብ ምሕላፍ ዓቢ ተራ ተጻዊታ። ኣብ ታሕሳስ 1950 ከኣ፡ እቲ ዳርዊናዊ ኣተሓሳስባ ዝደረኾ፡ መዘዙ ንስለስተ ወለዶታት ዘድመየን ዘኽስረን፡ ብቐንዱ ብኣመሪካ ዝተጠጀአ እማመ ፈደረሽን ጸዲቑ። እቲ ዕላማ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ልኡላውነት ሓድሕድ ኣብ ምክብባር ዝሰረተ ፈደራላዊ ጥምረት ኣቝምካ ክልቲኦም ህዝብታት ረባሕቲ ንምግባር ኣይነበረን። ብስም ፈደራላዊ ሕብረት ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ልሒቕካ ንምሕቃቓ መተኣታተዊ መገዲ ጥራይ እዩ ነይሩ። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ እዩ፡ ነዊሕ ከይጸንሐ ማለት ሓደ ዕቝድ ከይመልአ፡ ስርዓት ሃይለስላሴ፡ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተወሰነ ፈደረሽን ብንዕቀት ኣፍሪሱ፡ ንኤርትራ መበል 14 ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ ገይሩ ክጽንብራ እንከሎ፡ ሕቡራት ሃገራት ይኹን ማሕበረሰብ ዓለም ብጩቕ ክብል ዘይከኣለ።

“ናጽነት ኤርትራ ንግሎባዊ ስትራተጂና ኣየርብሕን'ዩ” ዝብል ንህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ብዙሕ ዋጋ ዘኽፈሎ ገዲም መርገጺ ምዕራባውያን እምበኣር፡ ደቀባት ናይዚ ስትራተጂያዊ ቦታ ዓለምና ዝኾነ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ፡ ብፍቕዲ ውሑዳት ስለዝኾኑ፡ ምስቶም ኣብ

ከባቢኦም ዘለዉ ብዙሓት ኣጸጊዕካ ምውሓጦም ዝብል ሰረተ-እምነት ማሕበራዊ ዳርዊንነት እዩ። ነዚ ውሳነ'ዚ ክውስኑ ከለዉ፡ ፍትሒን ንቕሓትን ልዕሊ ብዝሒን ግዝፍን ወሳኒ ረቛሒ ምኳኑ ኣየቕለብሉን። እቲ ዝቐጸለ ታሪኽ ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ብግብሪ መስኪሩ። ከምቲ ዝገመትዎ ኤርትራ ንእሽቶ፡ ህዝባ ድማ ከም ዊንታኻ ዝውገን ኮይኑ ኣይጸንሖምን። ቅድም ምዕራባውያን ድሓር ድማ ሕብረት ሶቭየት ነዚ ግጉይ ዕያር'ዚ ከዐውቱ፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ ብገዚፍ ድጎማ ኣብ ነዊሕን ደማውን ኲናት እኳ እንተነኾትዎም፡ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ፍጹም ዘይሓቅቕ እምኒ-ሩባ እዩ ኮይኑዎም።

ብኣንጻር'ዚ ዝተጠቕሰ ግጉይ ዕያር፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ልዕሊ ብዝሒን ግዝፍን ዝሕረ ፖለቲካዊ ንቕሓት ዓጢቑ፡ ዝኾነ ካልእ ህዝቢን ሃገርን ክጻወሮ ዘይክእል ኣዝዩ ተሪር ፈተነ ሰጊሩ፡ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝቐጸለ ዓለማዊ ውዲትን ተጻብኦን ፈንጢሱ፡ ከም ናጻን ልኡላውን ህዝቢ፡ ኣብ ዓለምና ግቡእ ቦታኡን ቀጻልነቱን ከረጋግጽ ክኢሉ። ናብኡ ዘብቅዖ ጸጋ፡ ብቐንዱ እቲ ብብርቱዕ ሃገራዊ ፍቕሪን ስጡም ሓድነትን ዝልለ ፖለቲካዊ ሓይሉ እዩ። እዚ ረቛሒ'ዚ ኣብ ኣመንቲ ማሕበራዊ ዳርዊንነት ግምት ተዋሂቡዎ ኣይነበረን።

ብመንጽር ኢትዮጵያ ብቑጽሪ ውሑድ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይ ዝኾነ ዘራይን ናይ ወጻኢ ሓገዝን፡ በይኑ ኣንጻር እናተበራረዩ ዝመጹ ርእሰ-ሓያላን ገጢሙ፡ ብኣንጻባራቒ ዓወት ክወጽእ ዝኸኣለ፡ ነቲ ውሱን ዓቕሙ፡ ብሓያል ፖለቲካዊ ድልየትን ተወፋይነትን ብዕጽፍታት ኣራቢሑ፡ ንጽንዓቱን ሓድነቱን ናብ ፍጹም ዘይንደል ከውሒ ስለዝቐየሮ እዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ምርጫኡ ንምድቋስ ኣብ ልዕሊኡ ዝተኻዕወ ሓዊን ዓረርን ኣየምከኾን፡ መሳርዑ ንምዝራግ ብተደጋጋሚ ዝተሃቀነ ሽርሒታትን ውዲታትን ኣይሓምረሳን፣ ብኣንጻሩ እኳ ድኣ፡ ኣብ እምነቱን ምርጫኡን ዝያዳ ከምዝጸንዕ ብምግባር መሊሱ ኰሊዕዎን ደሪዕዎን።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንናጽነት ክቃለስ እንከሎ፡ ብዘይካ ባህጊ ሓርነትን ህንጸት ሃገርን ዝኾነ ካልእ ድጉል ኣጀንዳ ኣይነበሮን። ኣፍቃሪ ሰላምን ፍትሒን ምትሕብባርን ብምኳኑ ድማ፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ መዳርግቲ ኣልቦ ግፍዒን በደልን ንታሪኽ ገዲፉ፡ ንቕድሚት ብምጥማት፡ ምስ ኩሎም ጎረባብቱ ህዝብታት፡ እንተላይ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ሰላምን ዘይሻርነትን እተመስረተ ሰናይ ጉርብትናንን ልምዓታዊ ምትሕብባርን ንምምዕባል ዘለዎ ልዑል ባህጊ ገሊጹ ጥራይ ዘይኮነ ብግብሪ ንምዕዋቱ ተወፍዩ ጽዒቱ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ ክፍጠር ዝበሃጎ ሰላምን ሓባራዊ ልምዓትን ግን ዛጊት ክሰምር ኣይከኣለን። ብኣንጻሩ፡ ካብ ግጉይ ዳርዊናዊ ቅማረታት ዝነቐለ ልኡላውነቱ ንምድፋርን ንምንብርካኹን ዝተላዕላ ዳግማይ ወራራትን ውዲታትን ክምክት ኣብ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር ክኣቱ ተገዲዱ።

ዳርዊናዊ ቅማረ ኣንግሎ-ኣመሪካ ንዞባና 80 ዓመታት ኣድምዩዎን ብዙሕ ዕድላት ኣኸሲሩዎን እኳ እንተኾነ፡ እቲ ጽቡቕ ነገር ግዳ፡ ንሓይልን ዕብየትን ህዝቢ ኤርትራ ኰሊዕዎ'ዩ። ሎሚ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እቲ እንኮ ሰላሙን ርግኣቱን ብብቕዓት ከውሕስ ዝኸኣለ ስሙር ሓድነት ዘለዎ፡ ሓያል ሃገራዊ ሰራዊት ዝውንን ህዝቢ እንተሎ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ። እቲ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ነደቕቲ ዝነዓቑዎ እምኒ፡ ሎሚ እምነ ማእዝን ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ማእከል ስሕበት ሰላምን ምርግጋእን ዞባና ኮይኑ ይርከብ።

ኣብ ታሪኽ፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝጻብእሉ ውድቀቶም ከቀላጥፉ፣ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ምሕዝነት ኣብ ዝፈጥርሉ ድማ ክዕወቱ ብተደጋጋሚ ዝተራእየ ክስተት እዩ። ስርዓታት ሃይለስላሰን ደርግን ብሰበብ ኤርትራ እዮም ወዲቖም። ወያነ ብደገፍ ህዝቢ ኤርትራ ተዓዊቱ እዩ ናብ ስልጣን መጺኡ፣ ውዕለት ህዝቢ ኤርትራ ጠሊሙ ሕርያኡ ነቲ ግጉይ ግሎባዊ ስትራተጂ ምሽቃል ምስ ኮነ ድማ ውድቀቱ ኣሳሊጡ። ሓድሽ መንግስቲ ኢትዮጵያ'ውን ምስ ኤርትራ ብዝፈጠሮ ምሕዝነት እዩ ገና ኣብ እግሪ ተኸሉ ዝተኣልመሉ እከይ ፍሕሶ ከበርዕንን ውሕስነቱ ከረጋግጽን ክኢሉ። እንተኾነ ንሱ እውን ንቅሩብ ቀኑራቦ ረብሓታት ንውዕለት ህዝቢ ኤርትራ ክኽሕድ ተራእዩ። ብኡ ዝኣተዎ ሰለሎ ድማ፡ ውድቀቱ ዘይተርፍ፡ እኳ ድኣ ቀረባ ምኳኑ ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብዚ ናብ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት እነምርሓሉ ዘለና እዋን መሳግሮ እምበኣር፡ ካብዚ ዘይክውንነታዊ ናይ ዕብለላን ግብትናን ስነሓሳብ ማሕበራዊ ዳርዊንነት ወጺእካ፡ ብሰፊሕ ኣእምሮ ህዝብታት'ዚ ዞባ ተሓባቢሮም ሰላሞም ዘውሕስሉን ኣብ ጎደና ዕብየት ሓቢሮም ዝምርሸሉን ፍኖት ምምራጽ ሕርያ ዘይኮነ ግድን ኮይኑ ኣሎ። ግዴታ ንህዝብታት ዞባና ጥራይ ዘይኮነ ግዴታ ነቶም ብሕሉፍ ፖሊሲታቶም ዘይተዓወቱ ኣመንቲ ማሕበራዊ ዳርዊንነት።

# ጽምዶ
# ካብ ጕር ክሳብ ማዕዶ

*“ኣብ ቀዳማይ እብረ ዘመነ ስልጣን ትራምፕ ኣበጊስናዮ ዝነበርና ናይ ጽምዶ ተበግሶ ክንቅጽሎ ኢና። ሕድገታት ግበሩልና ወይ ሓግዙና ንምባል ኣይኮነን። ብቐንዱ ምምሕዳራት ኣመሪካ ኣብዚ ዘባ ክኽተልዎ ዝጸንሑ ዝንቡዕ ፖሊሲታት ክእረም ስለዘለዎ እዩ። እዚ ፖሊሲታት’ዚ እንተ ዘይተኣሪሙ፡ ብፍሉይነት ንዓና ክግበረልና ዝኽእል ሕድገት የለን። ከምኡ ዓይነት ድሌት እውን የብልናን። ጽምዶና ብቐንዱ ኣብ ዞባና ቀርኒ ኣፍሪቃ ወይ ጐደቦና ክስርሓሉ ዝጸንሐ መኣዝኑ ዝሰሓተ ፖሊሲታት ናብ ምእራም ዝቐንዐ እዩ። ናይ በይንና ጕዳይ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ዋሺግንተን ናባና ጥራሕ ዝጠመተ ፖሊሲ ክህልዋ ኣይክእልን። ኣብ ገፊሕ ናይ ክሊ ጽልዋ (sphere of influence) ዝሕቈፍ እዩ። ንኣና ዝሃሰየና ዘሎ ላኺማ ዞባዊ ፖሊሲታቶም እዩ። ስለዚ፡ ጾምዶና እገዳ ኣልዕሉልና፡ ሕድገት ግበሩልና ዘይኮነ፡ ብመሰረቱ ዞባዊ ፖሊሲታቶም ዝእርምሉ ኩነታት ንምፍጣር’ዩ።”*

*ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ*
*ቃለ-መጠይቕ - 19 ሓምለ 2025*

ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ነሓሰ፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ናብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መልእኽቲ ምስዳዱ ብማዕከናት ዜና ተገሊጹ ነይሩ። ሕመረት ትሕዝቶ መልእኽቱ፡ መንግስቱ፡ ነቲ ኣብ ግዜ ምምሕዳር ባይደን ዝተበላሸወ ዝምድናታት ኣመሪካ ንምዕራይ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ በዚ ድማ፡ ምስ ኤርትራ፡ ኣብ ቅንዕናን ምክብባርን ዝሰረተ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ሰላምን ብልጽግናን ዘዕዝዝ ሃናጺ ዝምድና ንምምዕባል ድሌት ከምዘለዎ ዝገልጽ እዩ።

ዶናልድ ትራምፕ መበል 47 ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኑ ምስ ተመርጸ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሕዳር 2024 ኣብ ዝሰደደሉ ናይ ዮሃና መልእኽቲ፡ ዘለናዮ ግዜ ምርግጋጽ ዓለማዊ ሰላም ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን ኣገዳሲ ኮይኑሉ ዘሎ እዋን ምዃኑን ኣመሪካ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ትራምፕ ዓለማዊ ሰላም ኣብ ምርግጋጽ ልዑል ተራ ክትጻወት ዘለዋ ትምኒትን ገሊጽሉ ነይሩ።

ሰላምን ጸጥታን ካብ ዝተሓረሞም ተኣፈፍቲ ከባቢታት ዓለምና ሓደ፡ ዞባና ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን እዩ። እዚ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚሩ፡ ብሕብረ ብዙሕ ፖለቲካዊን ቁጠባውን ቅልውላዋት፡ ብኣዕናዊ ኲናት፡ ግጭታትን ሽበራዊ መጥቃዕቲታትን ክሕመስ ዝጸንሐ እዩ። እዚ ግጭትታትን ቅልውላዋትን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ሓደ ሃገር ንሓድሕዱ ኮነ ኣብ መንጎ ህዝብታት ጎዶቦ ብዘሎ ዓሚቕ ጽልኢን ዘይምትእምማንን ናይ ምትዕብላል መንፈስን ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ዝበዝሕ ካብኡ ብግጉይ መገዲ ህንጻት ሃገር ዝሰዓበ ኮይኑ፡ ግዳማዊ ምትእትታው ድማ ተወሳኺ ረቛሒ ኮይኑ ነቲ ዝርገት ሕብረተሰባት ዘኸተለ ኩነት ከሳሲ ምጽንሑ እዩ። ብሰንኪ’ዚ ዝተጠቕሰ ዘቤታውን ግዳማውን ጸገማት ድማ፡ ህዝብታት ዞባና ሰላምን ቅሳነትን ረኺቦም፡ ሓድሕድ እናተሓባበሩን እናተመላልኡን ዘለዎም ገዚፍ ዕቑር ጸጋታት ኮነ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣ ዝህቦም ዕድላት ክጥቀምሉ ኣይከኣሉን።

ኣብ 1991 ኤርትራ ልኡላዊት ሃገር ምስ ኮነት፡ ብደረጃ ዞባ ናብ ሓባራዊ ዕብየት ዘቋምት ሰፊሕ ዕላማታት ሒዛ’ያ ነቒላ። ኣብ ዲፕሎማሲኣ ቀዳምነት ዝሰርዓቶ ድማ፡ ዝሓለፈ ጸሊም ታሪኽ ንድሕሪት ገዲፍካ፡ ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰላምን ምክብባርን ሓድሕድ ምትሕብባርን ዝሰረቱ ድልዱል ዝምድና ምፍጣር እዩ ነይሩ። ሽዑ ምስ ናጽነት ኤርትራ ዝነቐለ ሓሳብ ኣይኮነን። ኣብ ጥሪ 1985 መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ዝምድናኡ ምስ ተቓለስቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ንምንጻር ዘውጽኦ መግለጺ፡ “ህዝባዊ ግንባር ንምትካል ድልዱል ኪዳን ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰውራታት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ቅድምን ልዕልን ኩሉ ዲፕሎማስያዊ ንጥፈታት ይሰርዖ።” ይብል። በዚ መንፈስ’ዚ ምስ ኢትዮጵያውያን ተቓለስቲ ውድባት ይተሓጋገዝ ብምንባሩ ድማ፡ እቲ ናይ እዋን ቃልሲ ምሕዝነት፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ንሓጺር ግዜ ተፈጢሩ ዝነበረ ጽቡቕ ዝምድና ድልዱል መሰረት ኮይኑዎ እዩ።

*መንግስቲ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ እውን መንግስታት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ካብቲ ጠንቂ ቀጻሊ ግጭታት ዝኸውን ዘሎ ጸቢብ ወገናዊ ፖለቲካ ንምውጻእ፡ ብደረጃ ዞባ፡ ብመንፈስ ርእሰ-ምርኮሳ ሰፊሕ ባይታ ምትሕብባር ክፈጥሩ ብዓቕሙ ጐስጒሱን ብሃናጺ ጽምዶ ጽዒሩን እዩ። ብዙሓዊ ኣቋውማ ሃገራት ዞባና ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ሶማል፡ ኢትዮጵያ ይኹን ሱዳን ንህንጻት ሃገር ዘዋጽእ እንኮ መገዲ ኣመልኪቱ እውን ርእይቶኡ ብግልጺ ክነግር ጸኒሑን ኣሎን።*

ይኹን'ምበር፡ እዚ፡ ኤርትራ፡ ክውንነት ዞባና ንምቕያር ዘርኣየቶ ምውስዋስ ብዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ብእወታ ኣይተጠመተን። በዚ ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝዘነበ ተጻብኦ እልቢ ኣይነበሮን። የግዳስ መንግስቲ ኤርትራ በቲ ዝገጠሞ እልፊ ተጻብኦን ሽርሕን ኣይተዳህለን። ዝኾነ ህዝቢ ክሰግሮ ዘይክእል ተሪር ፈተነ ሰጊሩ ድማ፡ ውሽጣዊ ሰላሙን ስኒቱን ኣዕሪጉ፡ ብዓቕሙ ንዞባዊ ሰላም እናሰርሐ፡ ኢዱ ከይሃበ ብዓወት ክወጽእ ክኢሉ።

ድሕሪ ኣስታት 30 ዓመታት ሓያል ቃልሲ፡ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዞባ ግጭትን ቅልውላውን፡ በይኑ ደሴት ሰላምን ርግኣትን ፈጢሩ ይርከብ። ዘይክሓድ ሓቂ፡ ኤርትራ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ እታ እንኮ ትእምርቲ ሓድነትን ስኒትን፡ ወናኒት ዘይድፈር ብሉጽ ሃገራዊ ሰራዊት እያ። በዚ ምኽንያት፡ ሰላምን ጸጥታን ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘገድሶም ሓይልታት ዓለምና ምስ ኤርትራ ክሰርሑ ሕርያ ዘይኮነ ግዴታ ዝኾነሉ ግዜ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ምእንቲ ሰላም ከቢድ ዋጋ ዝኸፈለ ብምዃኑ፡ ኣብ ዞባና ኲናትን ወረ ኲናትን ጠፊኡ፡ ሰላምዊ ጽምዶ ክርኢ ልዑል ባህጊ ኣለዎ። ብርግጽ ድማ፡ ዝኾነ ህዝቢ ምስ ኣሕዋቱን ጎረባብቱን ብቐጻሊ እናተናጸየ ክነብር ኣይክእልን'ዩ። ምንቓት ዘድልየሉ ምኽንያት'ውን የለን። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ እዋን ከምዚ ኢሉ ነይሩ፡-

***"ጉርብትና ህዝብታት ፈቲኻ እትቀርራረበሉ እንተዘይደለኻ ኣርሒቕካ እትኸደሉ ናይ ገዛ ክራይ ጉርብትና ኣይኮነን። ንጉርብትና ህዝብታት ከም ምርቓ ወሲድካ ብሓባር ካብ ምንባር ወጻኢ ካልእ መተካእታ ሕርያ የለን።"***

በዚ መንፈስ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ጎረባብቱ ህዝብታት (ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ፡ የመን፡ ወዘተ.) ሃናጺ ጽምዶ ክህልዎ ትምኒቱ እዩ። ካብ እመት ስድሪ ኣላታ ድማ፡ ምስቶም መዳውብቱ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ትግራይ፡ ዓፋር፡ ኣምሓራ) ብሰላምን ምክብባርን ንምንብባር ወትሩ ምስ በሃገን ጽቡቕ ዝምድና ንምምስራት ምስ ሃቀነን እዩ። ሕጂ እውን ጻዕሪ ንሃናጺ ጽምዶ ቀጻሊ እዩ።

ህዝብታት ዞባና ብውሽጢ ሳዕቤናት ጸቢብን ከፋፋልን ፖለቲካ ብግብሪ ርእዮሞን ከቢድ ዋጋ ከፊሎምሉን እዮም። ገና እውን ዋጋ የኽፍሎም ኣሎ። ኣሉታዊ ግደ ግዳማውያን ሓይልታት እውን ተሳቒዮምሉ እዮም። እዚ ኩነት'ዚ ክቕየር ዘለዎ እዩ። ህዝብታትን ዞባና፡ ብደረጃ ውልቀ ሃገር ዘሎ ዘቤታዊ ጸገማት ይኹን ብደረጃ ዞባ ዘሎ ብድሆታት ንምፍታሕ ንሃናጺ ጽምዶ ተበግሶ ክወስዱ ዘለናዮ መድረኽ ሓላፍነት የሰክሞም እዩ። ዞባና ካብዚ ሕንኩር ኩነታት ወጺኡ ናብ ንቡር ክምለስ ክኽእል ኣለዎ። ነዚ ንምግባር፡ ኤርትራ ምስቲ ዘለዋ ተዛማዲ ብልጫታት መሪሕ ተራ ክትጻወት ይግብኣ እዩ። ካብ ጐር ክሳብ ማዕዶ ዝዝርጋሕ ሃናጺ ጽምዶ ኤርትራ ካብዚ ንጹር ዕላማ'ዚ ዝብገስ እዩ።

ጎድኒ ጎድኒ እዚ፡ ዞባዊ ጽምዶታት፡ ግዳማዊ ምትእትታው ብሕልፊ ድማ ፖሊሲታት ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ንሰላምን ምትሕብባርን ዞባና ዝሕግዝ ክኸውን ጻዕርታት ምኽያድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ኣመሪካ ይኹን ምስ ካልኦት ዓለማውያን ሓይልታት ክፈጥሮ ዝደሊ ጽምዶ እምበኣር፡ ናብ ኤርትራ ጥራይ ዝቕንዐ ዘይኮነ ንመላእ ዞባና ዝጠመተ ሰፊሕ ዕላማታት ዘለዎ እዩ።

ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ርእሲኣ ዝተሃቀነ እልቢ ዘይብሉ ናይ ምንጻልን ምስይጣንን ዘመተ ፈንጢሳ ብምውጻእ፡ ሎሚ ማእከል ስሕበት ዞባዊ ሰላምን ርግኣትን ኮይና ኣላ። ብኡ መጠን ድማ ዲፕሎማሲያዊ ርክባታ ብደረጃ ኣህጉርን ዓለምን እናሰፍሐ ይኸይድ ኣሎ። ምስ ስዑድያ፡ ግብጺ፡ ሩስያ፡ ቻይና፡ ህንዲ፡ ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያ፡ ኢጣልያ ወዘተ. ክካየድ ዝጸንሐ ርክባት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ኣብዚ ሕጂ እዋን ቅኑዕነት መርገጺ ኤርትራ፡ ሰፊሕ ልቦና መሪሕነታን ኣገዳሲ ግደኣ ኣብዚ ዞባን፡ ኣብ ቅድሚ ኩሎም ህዝብታት ዞባናን ዓለምን ከም ጸሓይ ቀትሪ ደሚቑ፡ ብብዙሓት እንተላይ በቶም ንምስሊ ኤርትራ ክድውኑ፡ ንተራኣ ኣብ ፖለቲካ ዞባና ከነኣእሱን ከካፍኡን ብኣሉታ ክገልጽዎ ዝጸንሑን ወገናት እናተመስከረሉ ይመጽእ ኣሎ። ምስቲ ብደረጃ ዞባን ዓለምን እናጎልሐ ዝመጽእ ዘሎ ሰላምን ጸጥታን፡ ፍትሒን ማዕርነትን ዝጠልብ ባህጊ ህዝብታት ተደሚሩ ድማ፡ እዚ ቅኑዕን ሰዓማይን መርገጺ ኤርትራ፡ ጽልዋኡ ዝያዳ እናሓየለ ክኸይድ ምዃኑ ርጉጽ እዩ።

# ሃለዋት ቀርኒ ኣፍሪቃ

ሰሎሞን በርሀ

## ዝቐልዐ ስትራተጂ

ድሕሪ ምኽፋት መትረብ ስዌጽ 1869፡ ጂኦ-ፖለቲካዊ ተደላይነት ቀርኒ ኣፍሪቃን ገዚፍ ጸጋታቱን ብምህራፍ ዝነበረ ኣራግጽ ምሽማው ግዝኣታት ከም ድሕረ ባይታ ወሲድካ፣ ምስ ምግላል ቀጥታዊ መግዛእቲ፡ ኣብ ዕቑዳት ዝሑል ኲናት፡ ኣብዚ ዞባ ጽልዋን ቁጽጽርን ንምርግጋጽ ዝቐጸለ ውድድርን ምትእትታዋትን ርእሰ ሓያላን፣ ዘቤታዊ ድኻማትን ኪድምና መልሕቕ ስርዓታትን ተወሲኺዎ፣ ንህዝብታት ዞባና ሰላምን ርግኣትን ከሊኡ፡ ዕድል ወለዶታት ዘኽሰረ ታሪኽ ልዕሊ ሓደ ዘመን እዩ።

ከም ንኡስ ጥብቆ ናይዚ ታሪኽ’ዚ፡ ኣብዚ ቀረባ ዓመታት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ኣብ 2018 ዘንቀዶ ተበግሶ ‘እረማ’ ብምጭዋይ፡ ነቲ ሓድሽ ስርዓት ብቀኒሩብ ቁራቦ ግንፖ ዓዲግካ ወኪል ብምግባር፣ ናይ ህዝቢ ሱዳን ምልዕዓልን ዝሰዓበ ምትፍናንን ህልኽን ብምምዝማዝ፣ ብመገዲ’ዘን ክልተ ዓበይቲ ሃገራት፡ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ምቁጽጻር ስትራተጂ ሓደስቲ ‘ጐባልል’ ኣብ ፈተነ ጸኒሑ፡ ነዊሕ ከይከደ ቈሊዑ ኣሎ።

## ህድማ ንቕድሚት

ድሕሪ ምቐላዕ ናይዚ ስትራተጂ’ዚ፡ ንግዜኡ ጽልግልግ ዝፈጥር፡ ብቓላት ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ “ህድማ ንቕድሚት” ዝዓይነቱ ምሕቋን ስዒቡ ኣሎ። እዚ ናይ ቅብጸት ዓበድበድ ሃቐናኡ፡ ኣበየ ከባቢኡ ተወሊዑን ተደጒሉን ዘሎ ግጭታት ብምጉሃር፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ዘይዓርፍ ኲናት ሓድሕድ ተሸሚሙ፡ ካብቲ ዘለዎ ድሕረት ከም ዘይወጽእን ተወዳዳሪ ከም ዘይከውንን ምግባር’ዩ። ጉዳይ ክልተ ማያት ኒልን ቀይሕ-ባሕሪን፣ ዛዕባ መስኮት ባሕሪ፣ ስነሓሳብ ኦሮሙማ፣ ምድኻም ሴማውያን፡ እምብራጦርያ ኩሽ ወ ዝመስሉዎም ጣቋታት፡ ኲናት ሓድሕድ ናይ ምስሳይ ዛዕባታት እዮም።

## ሕርያ ህዝብታት

ሎሚ፡ ህዝብታት ዞባና ሕሉፍ ታሪኽ ዝኣክል ስለ ዝመሃሮም ነቒሖም እዮም። “ድሕሪ ደጊም ደም ምፍሳስ ይኣኽለና፣ ሰላማዊ ጽምዶ እዩ ሕርያና! ብጸቢብ ፖለቲካ ኣይንናቈትን! ንሓይልታት ግዳም ኣይንኸድምን!” እናበሉ ብኹሉ ሸነኻት መኸተኦም ኣተርኒዮም ኣለዉ። በዚ ድማ፡ እቲ ጽልግልግ ዕምሪ የብሉን። ዘራእቲ ዕግርግር ዝኣለሙዎ ውዲትን ዘፍሰስዎ ማልን፡ መወዳእታኡ ከምቲ ቅዱስ መጽሓፍ ዝብሎ ‘ትዘርኡ ለከንቱ’ ምኺኑ ዘይተርፍ’ዩ። ሓጺር ዝወቕቱ ምሕቋን ሰጊርካ፡ ሕርያ ሰላም ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ተዓዋቲ እዩ።

## ጻዕሪ ሞት ብልጽግና

ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣውራ ኣብ ኣዲስኣበባ፡ ሃገር ናብ ሕንፍሽፍሽ ዘምርሕ ሰፊሕ ህዝባዊ ናዕቢ ክነቱግ ከምዝኽእል ብምግላጽ ብዙሓት ስግኣቶም ይገልጹ ኣለዉ።

ዝጋልብ ዘሎ ዝቕባበ (40%) ንመነባብሮ ህዝቢ ዘይጽወር ገይሩዎ ኣሎ። ብዙሕ ክፋል ሰራሕተኛ መንግስቲ ደሞዝ ካብ ዘይከፈሎ ኣዋርሕ ኮይኑ ኣሎ። ኣብታ ሃገር 20 ሚልዮን ግዳያት ጥሜትን ምምዝባልን ተጸበይቲ ረድኤት ኣለዉ። ብሰንኪ ጸጥታዊ ኩነታት፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሕርሻዊ ንጥፈት ተሰናኺሉ፡ ከቢድ ናይ ጥሜትን ዓጸቦን ደበና ኣንጠጥዩ ኣሎ። ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪቃ ዝለዓለ መጠን ረድኤት እትቕበል ሃገር ምስ ምኳና፡ ምዕጻው ዩ.ኤስ.ኣይድን ምንቁልቋል ሓገዛት ብደረጃ ዓለምን ኣብታ ሃገር ንዝነጥፉ ትካላት ረድኤት ዓቢ ሻቕሎት ፈጢሩሎም ኣሎ። ፋይናንስያውን ትካላት ዓለምናን ገለ ውልቀ ሃገራትን ገንዘባዊ ደገፍ እኳ እንተዘይነፈጋ፡ ብልጽግና፡ ኣብ ሸመተ ኣጽዋርን ህንጻት ቤተመንግስቲን ልምዓት ኮሪደርን ዝኣመሰለ ቁጠባዊ ረብሓ ዘይብሉ ዕሽላዊ ባህግታት እናውዓሎ፡ ቁጠባ’ታ ሃገር ክፍውሶ ኣይከኣለን።

ዝዓበየ ሻቕሎት ኣብ ኢትዮጵያ ጸጥታዊ ኩነታት’ዩ። ዝበዝሐ ከባቢታት ትግራይ፡ ኣምሓራ፡ ኦሮምያን ካልእን ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ኮይኑ፡ መንግስቲ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ተሓጺሩ ኣሎ። ኣበየ ከባቢኡ ዘለዉ ሓሸከት ዕጡቓት፡ ካብ ፈደራል ሰራዊት

ብዝሰለብዎ ኣጽዋር ተጠናኺሮም፡ ንዝሰፍሐ መጥቃዕትታት ይሸባሸቡ ኣለዉ። ብልጽግና፡ ውሽጣዊ ተቓውሞ ብብዝሒ ወተሃደር ንምድቋስ፡ ክቕልቦም ዘይክእል ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዓሳክር ክምልምል ብምጽንሑ፡ ሰራዊት ብጥሙይ ከብዱ፡ ብዝኸዶ ግዳይ ሞትን ምምራኽን እናኾነ፡ ብተስፋ ምቝራጽን ሞራላዊ ውድቀትን ናብ ፍጹም ምብትታን ከየምርሕ ጀነራላት ብልጽግና ኣግሂዶም ስግኣቶም ይገልጹ ኣለዉ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ከቢድ ውሽጣዊ ወጥሪ'ዚ፡ መንግስቲ ብልጽግና ብሰንኪ ዘይብስለትን ዘይክውንነታዊ ባህግታትን ምስ ኩለን ጐረባብቲ ሃገራት ተተናኺፉ፡ ካብ ዕስለኡ ተፈልዩ ኣብ ጎልጎል ዝወግሖ ዝብኢ መሲሉ የቕባሕብሕ ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ዘባህርር ኩነታት፡ ብልጽግና፡ ብዘይካ ህድማ ንቕድሚት፡ ካልእ መዋጽኦ ይርኣዮ የለን። ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሓድሕዳዊ ኲናታት ኣባሪዑ፡ ካብ ውድቀት ንምድሓን የዕለብጥ ኣሎ። እንተሰሚርሉ እውን ምስ ኤርትራ ግጭት ብምውላዕ ኣቓልቦ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ውሽጢ ናብ ግዳም ንምቕናዕ ውጥን ሒዙ ዘመተታት ክገብር ጸኒሑ ኣሎ። የግዳስ ህዝቢ ኢትዮጵያ በዓል ብዙሕ ተመኩሮ'ዩ። በዚ ብሉይ ሜላ ክደናገር ስለዘይክእል፡ እዚ እውን ኑብሰ ቅትለታዊ ስጉሚ ኮይኑዎ፡ ኣብዚ ናይ ጻዕረ ሞት እዋን፡ ኮን ዶኾን ገላጋሊ እንተረኸበ፡ ደብዳበታት እናለኣኸ ይጣራዕ ኣሎ።

## ግልቡጥ ስነ-መጐት ኲናት

ፈላስፋታት ኲናት፡ ንዓወት ወሰንቲ ኢሎም ካብ ዝጽብጽብዎም ብዙሓት ረቛሒታት፡-

- ካብ መጋጥምትኻ ዝሓየለ ወተሃደራዊ ዓቕሚ፣ ዝበለጸ ዕጥቂን ምልከት ኣጽዋርን፣

- ድልዱል ቁጠባ፣ ስጡም ሓድነት ህዝብን ውሽጣዊ ርግኣትን፣

- ብቑዕ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መሪሕነት፣ እምነት ኣብ መንግስቲ፣

- ልዑል ሞራል ሰራዊትን ህዝብን፣ ሓያል ናይ ምውጋእ ድሌትን ወነን፣

ብኣንጻር'ዚ ዝተገልጸ ረቛሒታት፣ ብልጽግና፡-

1) ድኹም ወተሃደራዊ ሓይሊ፣ ናይ ውሽጢ ተቓውሞታት እውን ከዐግስ ዘይክእል፣ ብዝኸዶ ብኣሽሓት ዝማረኽን ኢዱ ዝህብን፣ መሕፈርን ስልቹውን ኣጋር ሰራዊት፣

2) ኣብ ደረጃ ምርኹማሽ ዝበጽሐ ሓይሊ ኣየር፣ ምልከት ኣጽዋርን ናይ ውግእ ተመኩሮን ዘይብሉ፡ ኣብ ንእሽቶ ግጥም ታንክ ራሕሪሑ ዝሃድም መካናይዝድ ሰራዊት፣

3) ተልመዴን ፖለቲካውያን መራሕቲ፣ ብምኑኻት ነበር ዝተዓብለለ፡ ዘይብቑዕ ወተሃደራዊ መሪሕነት

4) ናይ ምውጋእ ድሌት ዘይብሉ ሞራሉ ዝወደቐ ሰራዊት፡ ኣብ መንግስቲ ፍጹም እምነት ዘጥፍአ፡ ሓድነቱ ብጸቢብ ዓሌታዊ ፖለቲካ ዝተሓምረገ ህዝቢ፣

5) ዝተረመሰ ቁጠባ፣ ሚልዮናት ብረድኤት ዝናበር ህዝቢን ናይ ውሽጢ ተመዛበልቲን ሒዙ ክዋጋእ ይሕልን ኣሎ። ግርንቢጥ ስነ-መጐት ኲናት

ህዝቢ ኢትዮጵያን ለባማት ልሂቃኑን፡ ፈርካሽ ቁመና መንግስቲ ብልጽግና ብምርኣይ፣ ክስዕብ ዝኽእል ሃገራዊ ውርደት ከሎ ገና ብምግማት፡ ድምጾም ኣጉሊሖም "ኲናት ኣየድልየናን፣ ሰላም'ዩ ድሌትና" ይብሉ ኣለዉ። መቕርብ ዝበሃሉ ሃገራትን መወልትን ከይተረፉ፡ 'ኲናት ኣየዋጻኩምን'ዩ፣ ኣይትሕሰብዎ" ይብሉ ኣለዉ።

ብልጽግና ግን፡ "ምርጫ የብልናን፣ ሰላም ኮነ ኲናት ኩሉ ሞት'ዩ" ዝበለ ይመስል። "መዓልታ ዝኣኸለ ኣንጭዋ፡ ኣፍ ድሙ ትስዕም" ይብሉ ለባማት መሰልቲ።

## ምርጫ ትግራይ

ዘይክሓድ ሓቂ፡ ህዝቢ ትግራይ፡ ንመሰልን ማዕርነትን ብሄራት ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ብቂ፡ ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈለ ውፉይ ህዝቢ እዩ። የግዳስ ብሰንኪ ስትራተጂያዊ ጌጋታት መሪሕነቱ፡ ጽቡቕ ኣይተፈድየን። ብኻልኦት ኢትዮጵያውያን ተጻላኢ ኮይኑ፣ ምስ ሓው ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘየድሊ ግጭት ኣትዩ፣ ኣብ መወዳእታ ንገዚፍ ዕንወትን መግደራን ተቓሊዑ። ሎሚ፡ ኢትዮጵያ ሓደጋ ምብትታን ኣንጻላልዩዋ ኣሎ። ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ትግራይ ድማ ክልተ ምርጫ ኣሎ፡-

### ሀ) ስትራተጂያዊ ምርጫ

ብተባዕን ብልህን ውሳነ ምስ መናብርትኻ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣምሓራን ዓፋርን ሰላም ምፍጣር፣ በዚ ስትራተጂያዊ ሕርያ'ዚ፡ ብሄራዊ መንነትካ፡ ልኡላውነትካ፡ ቁጠባዊ ረብሓኻ፡ ቋንቋኻ፡ ታሪኽካ፡ ባህልኻን እምነትካን ምዕቃብን ምድማቕን፣

### ለ) ስልታዊ ምርጫ


መጋበርያን ግዳይን ሕልማዊ እምብራጦርያ ኩሽን ኣጉል ስነሓሳብ ዕብለላ ኦሮሙማን ኴንካ፣ ሓቢርካ ኑብሰ ቅትለት ምፍጻም፣ ዘሐብን ታሪኽን ብሄራዊ መንነትን ተጋሩ፡ ነበረ'ያ ነበረ ምግባር።

ኣማኻሪ ዘየድልዮ ሕርያ!

# ኤርትራ፤ ኣብነት ኣፍሪቃ

**ስምኦን ወልደሚካኤል**

እቲ ብዕምቆት መረዳእታኡን ተባዕ ሞጎተኡን ዝፍለጥ ኢትዮጵያዊ ፕሮፌሰር መሓመድ ሓሰን ኣብ ድሕሪ መጽሓፍ ናይ'ታ ኣብዚ ዓመት ሚሸል ኮሎን ዘሕተማ "ኢሳይያስ ኣፍወርቂ-ቃልሰይ ንኤርትራን ኣፍሪቃን" (ISAIAS AFWERKI - MY STRUGGLE FOR ERITREA AND AFRICA) እትብል መጽሓፍ፡ ብዛዕባ ኤርትራን መሪሕነታን ብዙሕ ሓቅታት ኣስፊሩ ኣሎ። ገለ ካብኡ "ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣፍሪቃ ብምልእታ ንኤርትራን መራሒኣን ትግንዘቦም ኣላ።




ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ኤርትራ ኣብተን ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ ዝኾና ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ትፍለጥ ኣይነበረትን። ሓዲሰ-መግዛእትን ናይ ፈረንሳ ግዝኣትን ዒቕ ዝበለን ሃገራት ሳሕል ዝኾና ማሊ፡ ቡርኪናፋሶ፡ ኒጀር ቃልሲ ንናጽነት ጀሚረን ኣለዋ። ... ኤርትራ ነዚ ኣቐዲማ ፈሊጣቶስ ንሰላሳ ዓመታት ክትቃለሰሉ ጸኒሓ'ያ። ስለዚ ኣብ መንጎ ኤርትራን ሃገራት ሳሕልን መላግቦ ይፍጠር ኣሎ" ዝብል ይርከቦ።

ኤርትራ "ብዘበነ ገበል፡ ዝሃቡኻ ብላዕ ዝበሉኻ ስማዕ" ዝብል መትከል ፍጥር ክትብል ኣይተኸተለቶን። እምቢ ክበሃል ከም ዝኽእል ንኣፍሪቃ ዓቢ ግብራዊ ምህሮ ሂባ'ያ። ከምቲ "ጽንጽያ፡ ካብ ብዕረ ብመዓር ምሓዙ ይቐልል" ዝተባህለ፡ ንምስላላ ዝተቐረበላ መግደፍ በሊዓ ኣይትፈልጥን። ኣብዚ መዳይ'ዚ፡ ቁራስካ እናበላዕካ ከም ዝንበር ነታ ተመጽዋቲት ኣፍሪቃ ኣብነት'ያ። ብጎደና ሓራ ፖለቲካዊ መስመር ተጓዒዝካ ብዘይ ደጋፊ እግሪ ከም ዝትከል ኣርእያ። እዚ ክትገብር እንከላ ከም ሓዳስ ሃገር ክትሓልፎ ዝግብኣ ፈተነ ሓሊፉ። ፈተናኣ ባዕላ ክትፍተኖ ዘርኣየቶ ቆራጽነት ተስፋ ዘለዋ ሃገር ምዃና ኣመስኪሩ።

ኣፍሪቃ ከም እኽሊ ኣብ ቆፎኡ መሊኡ እንከሎ ስኣን ኣጥሒንካ ምብላዕ ዝጠሚ ሰብ'ያ ትመስል። ዘይትበልዖ እናፍረየት፡ ንዕኣ ዝኸውን ከኣ እናተዓድየት ክትሽምትን "እዝጊ የርኢኹም" ክትብልን ንዝሓለፈ 60 ዓመት ኣብ ዓንኬል ከንቱነት ሸንኮለል ክትብል የሕሊፋቶ። ረድኤትን ዕዳን ንድኽነትን ሕሰምን ኣፍሪቃውያን ኪጋድድ እምበር ኪቃልል ኣይተራእየን። ረድኤት ካብ ዓበይቲ ጠንቅታት ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ሰብኣውን ቅሉውላው ኮይኑ ጸኒሑ። እቲ ዝኸፍአ ሳዕቤኑ ኸኣ ንረድኤት ከም ሓሸሸ ዝተወለፉ ሕብረተሰባት ምፍጣሩ'ዩ። መንግስቲ ኤርትራ ትካላት ረድኤት ንመምርሕን ቀዳምነትን ሃገር ኣኽቢረን ዘይከዳ እንተ ኾይነን ካብ ሃገሩ ክወጻ ምስ ኣዘዘ፡ እዚ ትብዓት'ዚ ነዊሕ ክቕጽል ከም ዘይኮነ ዝገለጹ ነይሮም። ትብዓት ኣፍሪቃውያን

ከም ላቺ ጫማኡ ባዕለይ'የ ዝኣስር ኢሉ ዝበኪ'ሞ ምኽኣል ምስ ሰኣኖ ከኣ እናበኸየ መጺኡ እሰሩለይ ዝብል ቆልዓ ከም ዝመስል ሓጭጮምሎ። ኤርትራ ግን ኒቲ ሓንሳብ ዝተጸየነቶ ረድኤት ተመሊሳ ቁሊሕ ኣይበለቶን።

ተኣዋድን ተመጽዋትን ይትረፍ ድላዩ ክጉበር ዓው ኢሉ'ውን ኣይዛረብን'ዩ። ረድኤት ንትብዓት ኣፍሪቃውያን ኣንፈሱ ተራጊምትን ኣስቆርቆርትን ዝገበረ እኩይ ምህዞ ምዕራባውያን ምዃኑ ሎሚ ዘይበርሃሉ የለን። እተን ኣብ ኣፍሪቃ- ብኣገላልጻ ፕረዚደንት ኢሳይያስ- "መግደፍ" ዝዕድላ ናይ ረድኤት ትካላት፡ "ንምዝመዛ ባይታ ዘጣጥሓ" እየን። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ኣፍሪቃ ዝወረደ በደል ከቢድ ምዃኑ ብምጥቃስ *"ዓሚጸምና፡ ዘሚቶምና፡ ፍትሒ ረጊጸም እናበልና ኣብ ክንዲ ምሕማይ እቲ ምስግጋር ባዕልና ክነረጋግጽ ክንክእል ኣለና"* ብምባል ካብ ወቕሳን መርገምን ብምውጻእ መዋጽኦ ክናደ ጸዊዑ ኣሎ።

ምዕራባዊ ዕብለላ ኣብ ዝብድሃሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ኣፍሪቃ ናብቲ ኣብ 1960ታት ዝነበረ ዉዕዉዕ ስምዒት ናይ ሓርነት ተመሊሳ ክትበራበር ኣብ ምግባር ኤርትራ እታ ዝበለጸት ምንጪ ድርኺት ምዃና ብዙሓት ምሁራት ናይዛ ኣህጉር ይገልጹ ኣለዉ። ኣብ 1960ታት፡ ኒቲ ብመግዛእትን ጊላነትን ዝተዳህከ ኣተሓሳስባ ህዝቦም ሓራ ኣውጺኦም ኩሩዕ ኣፍሪቃዊ ኣተሓሳስባ ክተኽሉ ዝተላዕሉ መራሕቲ ተተለቒሞም ተቐንጺሎምዮም። ድሕሪ ምቕንጻል'ዞም ሰውራውያን መራሕቲ፡ ኣፍሪቃ ጸጋን ክብረትን ሃገሮም ኣሕሊፎም ብዝህቡ መራሕቲ ክትጓሰ ተፈሪዳ። ኪደምቲ፡ ኣናኞትቲ፡ ከፋፈልቲ፡ ዘመትቲ መራሕቲ ተተበራረዮም መሪሕነታዊ ቦታ እናሓዙ ተስፋን ትብዓትን ናይ'ዛ ኣህጉር ኣብ ምጽንቃቕ ልዑል ተራ ተጻዊቶም። ፕሮፌሰር መሓመድ ሓሰን ንክዋመ ንኩርማህ፡ ፓትሪስ ሉሙምባ፡ ጀማል ዓብደልናስር ከም ኣብነት ተባዓት መራሕቲ ኣፍሪቃውያን ብምዝካር፡ *"ሎሚ ኣፍሪቃውያን ሓድሽ መራሒ ንደሊ ኣሎና"* ይብል። ኣብ ኣፍሪቃ ንተራን ኣብነትን ናይቶም ናይ ኣፍሪቃ ተስፋ ወሊዶም ዝሓለፉ ሓርበኛታት ከተለዕል እትኽእል ኤርትራን መራሒኣን ምዃኖም ከኣ ገሊጹ። ኣፍሪቃ ካብ ድቃስን ብዕጋገን ወጺኣ ኣብ ትበራበረሉ ዘላ እዋን ከምኡ'ውን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብርቱዕ ናፍቖት ሰላም፡ ሓድነትን ምዕባለን ተሰዓዒሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣፍሪቃ ንኤርትራ ከም ኣብነት ክትርእያን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክትሰምዖን ተላብዩዋ ኣሎ።

ኣንጻር ኤርትራ ክካየድ ብዝጸንሐ ብርቱዕ ናይ ጸለሎ ምቕባእ ዘመተ፡ ኣፍሪቃ ኒቲ 'ንትባዕ፡ ንሕበር' ዝብል ርእይቶ ኤርትራ ከም ስሚ ዝተነስነሶ እንጀራ ተጸይናቶ ድሕሪ ምጽናሕ እዝኒ ትህቦ ኣላ። *ሃገራት ኣፍሪቃ ኒቲ ማእለያ ዘይብሉ ጸጋታተን ተጓሪቱ እናተዘምተ ብሞቕሸሽ ዓይነን ተዓሚጊተን ዝበልኦ የለን።* ጸጋታት ኣፍሪቃ ዋናታቱ ኣማዕድዮም ዝርእይዎ፡ ካልኦት ከኣ ዝምዕጉርሉ ኮይኑ ጸኒሑ። ዝሓለፈ ናይ ልዕሊ 60 ዓመት ናጽነት፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ምልክት ናይ ናጽነት ዝኾነት ባንዴራ ዘንበልብላ ብግብሪ ግን ግዙኣት ኮይነን ሓሊፈንኦ። ኣብ ትሕቲ ጽላል ባንዴራ ናይ ረዲኤት ትካላት ዘጽልል እምበር ኣብ ትሕቲ ጽላል ባንዴራ ሃገሩ ዘጽልል ህዝቢ ኣሎ ክበሃል ኣይክኣልን። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተገልጸ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ "ብድኅማን መግደፍን" ይነብራ ኣለዋ። ከርሱ ብቑራሱ ዘይነስዕ ክሕበን ስለ ዘይክእል ከኣ ኣፍሪቃ ብዋሕዲ ሓበንን ትብዓትን ትሳቐ ኣላ።

ኤርትራ እቲ ኣብ ኣፍሪቃ ከም ዓቢ ነውሪ ዝተሓሰበን ከም መቕጻዕቲ ዘስዕብ ሓጥያት ዝተወሰደን ስነ ሓሳብ ርእሰ-ምርኮሳ ኣልዒላ ናይ ልምዓት፡ ብኽብረት ምንባር፡ ሃገርካ ምፍቃር፡ ተኽእሎኻ ምብርባር ኣብነት ክኸውን ዝኽእል ብኣተሓሳስባ ሓራ ዝወጸ ሕብረተሰብ ሃኒጻ ትርከብ። ኣፍሪቃ ዝፈርሓቶ ነገር ደፊራቶ፡ ኣብ ዝበጸሐ ከኣ ኣብጺሓቶ። ካብ መሰረታ ንምዕናው ዝነፈሱ ንፋሳት ተጻብኦ ኣብ መትከላ ደው ኢላ ሳላ ዝኸኣለቶን ቑራሳ በሊዓ ከም ዓቕማ ብምስጓማን መኪታቶ። ዘይእወድ ሃገር መከራታት ክጸውር ከም ዝኽእል ኣርእያ። ኣብ ማእከል ብዙሓት ምዕራባዊ ዓለም ገጹ እንተ ጸዊግሎም ጥራይ ከይደቀሱ ዝሓድሩ ብምኳን ገጽ ካልኦት ከይረኣየት ንበይና ክትሳለ ድሕሪ ምጽናሕ በቲ ዝጸረገቶ ሓራ መስመር ክንዓዝ ዝቖረጸ ሃገራት ይረኣያ ኣለዋ።

ኤርትራ ናይ ተጻዋርነት፡ ርሑቕ ጠመተ፡ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ፡ ዲፕሎማስያዊ ውቀት፡ ሃገራዊ ክብረት ኣብነት እያ። ኣፍሪቃ ንኤርትራ በቲ ቅኑዕ መልክዓ ንኽይትርእያ ክትደናገርያ ጸኒሓ። ይኹን እምበር፡ ኤርትራ ድምጻ ከይስማዕ፡ ኣሰራ ከይሰዓብን ሓሳባ ከየስፋሕፍሕን ክንዛሕ ዝጸንሐ መርዛም ሓሶት በኒኑ'ዩ። ኣፍሪቃ ኣብ መንነ ብኣካይዳ ኤርትራ ዝወናወንን መቓልሕ ጸላእቲ ኤርትራ ዘቃልሕን ኮይኑ ድሕሪ ምጽናሕ ሕጂ በሪሁሉ ኣሎ። ከም ኣገላልጻ ሚቸል ኮሎን ኒቲ ብዛዕባ ኤርትራ ዝበሃል ብጎኒ ኣጸጊዕካ ንኤርትራ ከም ዘላታ ክትርእ ከም ዘለዋ ብምምሕጻን *"ኤርትራ ኒቲ ዘንቢል ምሉእ ከይትብክል ክትእለ ዘለዋ ዝመሸመሸት ቱፋሕ ድያ ወይስ ብኣንጻሩ ጠቓሚ ድርኺት ንናጻን ሓራን ኣፍሪቃ'ያ ባዕልና ንፍረድ"* ይብል። ትብዓት ኤርትራ ከም ተላባዒ ሕማም ንብዙሓት ሃገራት ለኺፉ ኣሎ።


ኤርትራ ከም ተዓቢጡ ዝጸንሐ ጠቓሚ መጽሓፍ ግዜኣ ኣኺሉ ትግንጸል ኣላ። ዛንታን ተመኩሮን ኤርትራ ንመላእ ኣፍሪቃ ድርኺትን ኣብነትን ዝኸውን'ዩ። ሃገራዊ ብቕዓት ኤርትራ ብኣድማዕነት ናይ ዝሃነጸቶም ትካላትን ዝተዓወተትሎም ንጥፈታታን እዩ ዝግለጽ። ኤርትራ ዝተኸለቶ ፖለቲካዊ ስርዓት ሃገራዊ ርግኣትን ሓድነትን ፈጢሩ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሃገሩ ናይ ምምዕባልን ምክልኻልን ሓላፍነት ብብቕዓት ዘልዕል ወለዶ ሃኒጹ ይርከብ። ኤርትራ፡ ንህዝቢ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት ኣዋዲዳ ትርከብ። ሃገራዊ ድሕነትን ጸጥታን ዘውሓሰ ወተሃደራውን ጸጥታውን ትካል ክትሃንጽ በቒዓ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ቃለ መጠይቕ ምህናጽ ኣድማዕትን ልእላውያንን ሃገራውያን ትካላት ቅድመ ኩነት ናይ ርግኣትን ልምዓትን ምዃኑ ብምጥቃስ ሃገራት ኣፍሪቃ ልእላዊ ትካላት ክሃንጻ ከም ዘድሊ ሓቢሩ ነይሩ።

ትሕተ-ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ጽግዕተኛነትን ካብቶም ንመስርሕ ህንጸት ሃገር ብዓቢ መጠን ክሕንኩሉ ዝጸንሑ ዕንቅፋት ኣብ ኤርትራ ተኣልዮም እዮም። ኤርትራ ልዕለ-ብሄር፡ ልዕለ-ሃይማኖት፡ ልዕለ-ኣውራጃ፡ ልዕለ-ቀቢላ ዝስራዕ ብኹሎም ደቂ ኤርትራ ዝኸበር ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ዘማዕበለት ዕውትቲ ሃገር እያ። ጎደቦኣ ካብ ሕማም ሽራራፊ ፖለቲካ ክናገፍ ምቕሉል ምኽሪ እናሃበት ጸኒሓ። ሕማም ልዕሊ ጥዕና ብልዑል ናህሪ ናይ ምልባዕ ክእለት ስለ ዘለዎ ግን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሕማም ብሄራዊ ፖለቲካ ተሓሚሱ ይርከብ። ብፍሽለት ደኣ ተደምዲሙ እምበር፡ ነቲ ካብ ብሄርን ቀቢላን ዘይሓልፍ ደኸዳኽ ኣተሓስስባኦም ናብታ ደረጃ ኣተሓሳስባኣ ናብ ደረጃ ሃገር ዝሰቐለት ኤርትራ ከስልኽዎ'ውን ዝከኣሎም ገይሮም። ሕጂ ብመከራ ምስ ተመኺረ ኣብ ዓዓዱ ኮይኑ "ከምዛ ናይ ኤርትራ" ክብል ጀሚሩ ዘሎ ቀሊል ኣይኮነን።

ኤርትራ ናይ ሓሳብ ጸገም የብላን። ኤርትራ ንጸገማት ኣፍሪቃ ኣብ ምፍታሕ ኣስትዋጽኦ ዝገብር ሓሳብ ኣለዋ። ነቲ ዕዮ ገዛኡ ገዲፉ ሽግራት ኣብ ምግዳድ ተጸሚዱ ዘሎ ስርዓት ብልጽግና ዝገብሮ ዘሎ ምትኹታኽ "ርካሽ ሓሶት"፡ ዕሽላዊ ስጉምቲ" ተባሂሉ ተገሊጹ ኣሎ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያን መላእ ህዝብታት ዞባናን ክነቕሕሉ ብምዝኽኻር "ብወገንና ብዙሕ ተመኩሮ ስለ ዘለና ከምዚኣቶም ዝመስሉ መግለጺታት" ዘሰክፉና ከም ዘይኮኑ ገሊጹ። ኤርትራ ብታህዲድ ተሻቕላ ሃገር ኣይኮነትን፡ ኮይና'ውን ኣይትፈልጥን።

ድሕሪ 2018 ብመሪሕነት ኤርትራ ዝተበገሰ ዞባዊ ውህደት ንናይ ሓባር ጸላእቲ ዘባህረረ ከም ዝነበረ በቲ ኣብቲ እዋን ዝወሃብ ዝነበረ መግለጺታት ተኸሺሑ'ዩ። ብ5 መስከረም 2018 ኣብ ኣስመራ ዝተኣወጀ ኣጠቓላሊ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያን ኤርትራን ህዝቢ'ዚ ኢድ ናኢድ ተተሓሒዙ ክጉብሮ ዝኽእል ኣርእዩ'ዩ። ህዝቢ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስ ሃንቀውታኡ ዝቃዶ ዕላማታት ሓንጺጹ ዝገበሮ ተበግሶ ብስርዓት ብልጽግና ተጠሊሙ'ኳ እንተኾነ ባህጉን ቃልሱን ንሓባራዊ ዕብየትን ውህደትን ግን ኣይተጸንቀቐን። ሽግራት ናይዚ ዞባ ዝፍትሓሉ ቅኑዕ ሓሳብ ካብ ቀደም ዝተገልጸ'ዩ። ንኣብነት ኣብ ለካቲት 1985 ዝተገልጸ "ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ዝምድናኡ ምስ ደሞክራስያውያን ምንቅስቓሳት ኢትዮጵያን" ዝብል ሰነድ "ጽባሕ ከም ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሃገር ብሓባር ክትነብር እንተ ኾንካ፡ ሎሚ ናይ ብሄርካ መሬት ምስፋሕ ትርጉም የብሉን" ዝብል ርእይቶ ይርከቦ።

እታ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ "ኣፍሪቃዊት ቬትናም" ተባሂሉ ዝተዘመረላ ኤርትራ፡ ሕጂ'ውን ኣብነት ናይ ልምዓት፡ ክብረት፡ ሃገራውነት፡ ሓድነት፡ ርግኣት፡ ርእሰኻ ምኽኣል ተባሂሉ ይዝመረላ ኣሎ። ከም ዓባቕ ማንቲለ ኣይትልጉበኒ ክትበሃል ዝጸንሐት ኤርትራ ብኣፍሪቃ ትቕዳሕ ኣብነት ክትከውን ምብቅዓ ቅኑዕነት ናይቲ ክትክተሎ ዝጸንሐት መስመር ዘረጋግጽ'ዩ። ድሃይ እምቢታ ንዕብለላ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ከቃልሕ'ሞ ኣፍሪቃ ንኣፍሪቃውያን ክትከውን ካብ ምንዮት ሓሊፍና ንተቓለስትን ናፈቕትን ሓርነት ኣብነት ምዃን ንቐጽለሉ!




# ብርድኢት ምጥማት
## ክንዮ መድረኻዊ ኩነታት

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

ኣብዚ እዋንን ፈቖዶ ከባቢታት ዓለምን ረጽሚ፡ ምትፍናንን ታህዲድን ሃገራት ምርኣይን ካብ ጸቢብን ንኡስን ናብ ዝተሓላለኸን መጠነ ሰፊሕን ኩናት ብምብራዕ፡ ንዘባውን ዓለማውን ጉዳይ ኣተሓሳሳብን ኣሻቓልን ክስተት ተፈጢሩ ይርከብ። ብዘይካ'ቲ ቕሉዕ ውግእ፡ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ህዝባዊ ናዕብን መፈንቅለ መንግስትን፡ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ይዓርግ።

ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዝስዕብ ዘሎ ማሕበረ-ቁጠባውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕንወት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ጻት ንጻት ዓለም ዝካየድ ኩናትን ዝስማዕ መርድእ ሰለማውያን ሰባትን ዝምቡዕ ዜናኡ ብዘየገድስ፡ ናይ ስብርባር ደቓይቕ ስራሕ ዜና ይኸውን ኣሎ። ብእኩብ ድምር እዋናዊ ሓበሬታ፡ ሎሚ ህዝቢ ዓለም፡ ሰብ ብዝሰርሖን ዝመሃዞን ረቂቕ ተክኖሎጂያዊ ኣጽዋር፡ ኣደዳ ሞት፡ ስንክልናን ብዓቢኡ ሰላም፡ ቅሳነትን እፎይታን ስኢኑ ኣብ ስግኣት ይርከብ። ጠንቂ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውከትን ብርሰትን ብዙሕ ምኽንያት ክዝርዘር ይኽእል እዩ። ሕሉፍ ስስዐን ዘይናትካ ምጥማትን ብዓቢኡ ዕብለላ ኣተሓሳስባን ምዝመዛ ጸጋታትን ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ምኽንያት ክብሃል ይከኣል። ግን ክሕተት ዝግብኦ ዋናኒ ናይ'ቲ ቅልውላው፡ "ኣመስራሕትን ኣመሓደርትን መንዮም?" ምባል እዩ። እዚ ከተርፍ ዘይግብኦ ሕቶ'ዩ። ነዚ ኣተሓሳስባ ንምግጣም ሕብረተሰብ ዓለም ብሓፈሻ ንቕሓት መንእሰያት ብፍላይ ብኣስተውዕሎን ርድኢትን ክምጉትዎ ይግባእ። መገሎት ሓድሽ ክስተት ኣይኮነን።

መንእሰይን ተካእን ወለዶ ንዓለማዊ ኩናትን መጻኢ ኣመታትን ብዕምቈት ክርድኦን ክፈልጦን መድረኻዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ወትሩ ድሕሪ መጋረጃ ምጥማት፡ ቅኑዕ ንባብ ክህሉ፡ ንቕሓት ምብራኽን ፍልጠት ምኽዕባትን ዝጠልብ ግዜ እዩ። ዓለም ኣብ ውግእን ጥርዚ ውግእንን ተሸሚማ ትርከብ። ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ምጥቃስ ይከኣል'ዩ።

2014 ዝጀመረ ምትፍናን ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ለካቲት 2022 ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ደይቡ። እቲ መጠነ ሰፊሕ ኩናት፡ ሳልሳይ ዓመቱ ተሚሙ ይቕጽልን ኣሎ። እዚ ኩናት እዚ፡ ሩስያ ምስ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ'ዩ። ዩክሬን ገንሸል ምኽኒ ዝተፈልጠ ሓቂ'ዩ። ዛጊት ኣብዚ ኩናት እዚ ኣመሪካን ሕብረት ኣውሮጳን ንዩክሬን ብኣማኢት ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክጉብራ ጸኒሐን ኣለዋ። እቲ ኩናት ብግሩህ ኣጣምታን ብሓበሬታ ሃገራት ምዕራብ ዘውንኖኦ መራኸቢ ብዙሓን ዓለም ከይተጸለኻ፡ ብሚዛናዊ ኣመለኻኽታ፡ ብነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ ምትንታን የድሊ። ቅድም ቀዳድም ስለምንታይ እዚ ኩናት ተፈጢሩ? ብቐጥታን ብተዘዋዋርን "ንመላእ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ ንኤርትራን ጎደቦታት ቀይሕ ባሕርን እንታይ ጽልዋ ክኸትል ይኽእል?" ዝብል ሕቶ ክልዓል ይግባእ። ንስትራተጂያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ክጸሉ ከም ዝኽእል ብጥንቁቕን ኣስትውዕሎን ሕቶታት ክምለስን ብዓይኒ ዑፍ ምጥማትን ምክትታልን ዝጠልብ እዩ። ምኽንያቱ ዓለማውን ተኣፋፍን ጉዳይ ናብ ሳልሳይ ኩናት ዓለም ከየምርሕ ዘስግእ እዩ።

መኸተምታ ዝሰኣነን ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዝለሓመን ኩናት እስራኤልን ፍልስጤምን ኣውራን ኣተሓሳሳብን ጉዳይ እዩ። ድሕሪ ምብቃዕ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ 1948 ዝጀመረ ውግእ እስራኤልን ፍልስጤምን ናብ ሃገራት ኣዕራብ ብምልሓም፡ ዛጊት ፍታሕ ከይረኸበ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሕዳር 2023 ናብ መጠነ ሰፊሕ ኩናት ዓሪጉ ይርከብ።

ቅሉዓትን ስዉራትን ተዋሳእቲ ናይዚ ኩናት፡ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ብምጥምዛዝ ዓለማዊ ዘዕባ ካብ ምቕያር ኣይበኾሩን። ጐኒ ጐኒ ኩናት እስራኤልን ፍልስጤምን ዝቕጸለን እምብዛ ዘተሓሳስብን ካልእ ናብ ዓለማዊ ኩነታት ዝተቐየረ ኩናትን እስራኤልን ኢራንን እዩ። እቲ ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዓለም ብሓፈሻ ንጎዶቦታት ቀይሕ ባሕሪ'ኳ ብፍላይ ተሃዋሲ ዝቐየረን ኩናት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቑድ ዝያዳ ክውጠር ምጅንሑ ይፍለጥ። ረጽሚ ብውክልና ሓማስ፡ ሕዝቡላህን ሑቲን

ክካየድ ድሕሪ ምጅናሕ፡ ንእስራኤልን ኢራንን ካብ ምትፍናን ናብ ዝበኣሰ ቀጥታውን ንዩክሌራዊ ኲናትን ኣብጺሕወን።

13 ሰነ 2025 ዝጀመረን ግዜያዊ ተኹሲ ደው ብምባል ተደጒሉ ዘሎ ምትፍናን፡ ንምሉእ ዓለም ኣብ ሓደ ደው ክብል ዝኽኣለን እዩ። ኲናት እንተድኣ ዳግማይ ደጊሱ፡ ንምግማት ዘሸግር ሳዕቤን ክኸትል ምኽኑ ፍሉጥ'ዩ። እዚ ኩነታት'ውን ናይ ርሑቕን ማዕዶን ተባሂሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ብቐረባን ብቐጥታን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን።

እቲ ዝዓበየ ኲናት ሓድሕድ ሱዳን፡ ካብ 1955 እዩ ዝፍልም። ብፍላይ ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ፡ ህዝቢ ሱዳን ብሃይማኖትን ከባቢን ክተፋነንን ክናቖትን ተራእዩ። ከፋፊሊ ፖሊሲ ምዕራባዊ ዓለም ኣብታ ሃገር ዝዘርኦ ነታጒ ጽልኢን ቅርሕትን ንዝያዳ ሰብዓ ዓመታት እዩ ቀጺሉ። ሱዳናውያን ድሕሪ ናጽነት ሃገሮም ኣዕናዊ ኲናት ሓድሕድ ኣካይዶም። እቲ ኲናት ሓድሕድ ኣብ ሰለስተ መድረኻት እዩ ዝኽፈል። ተዛማዲ ደም ምፍሳስ ዘይነበሮ ግን ከኣ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ዝሰኣነ ቀዳማይ ገጽ ካብ 1972 ክሳብ 1983 ዝነበረ ዓመታት እዩ። ካብ 1983 ክሳብ 2005 ዝነበረ ካልኣይ ገጽ ግን ሃይማኖታውን ወተሃደራውን ዕልዋ መንግስቲ ዝነበሮን ህልቂት ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ዘኸተለ ዓቢ ግርጭት'ዩ ሓሊፉ። ጐኒ ጐኒ ናይቲ ኲናት፡ ሓያለ ፈተነ ዕርቅን ስምምዕ ሰላምን ተኻዪዱ። ኣብ 2005 ዝተኻየደ ስምምዕ ሰላም፡ ነታ ሃገር ኣብ ክልተ ዝስንጥቕ ውሳነ ሓሊፉ። ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ብኣሉታ ዝጸሉ ስምምዕ ምንባሩ፡ ሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ይሰማምዑ። ምኽንያቱ፡ ንሓደ ህዝቢ ሓድነት ዋሕስ ራህዋኡ፡ ሰላሙን ገስጋሱን ስለዝኾነ፡ ንኸም ሱዳን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ሃገራት፡ ጉዳያት ኣብ ጣውላ ብርትዕን ብሕድገትን ናብ ሓደ ክመጹ ዝኽእሉ ህዝብን፡ ሓድነት ቀኒልፊ ዓወት እዩ። ንህዝባዊ ዕላማ ተላዕሊና ንዝብሉ ኲሎም ሓይልታት፡ ምርግጋጽ ሓድነት ህዝቢ ስትራተጂያውን ኣማራጺ ዘይብሉን ሕቶ ክኸውን ኔሩዎ። ግን ብሰሪ ግዳማዊ ምትእትታዋትን ሽርሒታትን ሰሜንን ደቡብን ብዘይምሉእን ወይ ተረፍ ዓንቀር ብዘለዎ መገዲ ተፈላልዮም። ንኽልተአን ሃገራት ናብ ኲናት ክሸምም ዝኽእልን ናይ ረብሓ ከባቢ እናተሰግአ፡ በንጻሩ ኣብ ደቡብ ሱዳን ሓድሕድ ክበላልዑ ግዜ ኣይወሰዱን። ካብኡ ዝኸፍአ 2019 ብህዝባዊ ናዕቢ ዝተኣለየ መንግስቲ ሰሜን ሱዳን፡ እቲ ንግዜኡ ከመሓድርን ስልጣን ናብ ህዝቢ ከረክብን ሕድሪ ዝተዋህቦ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ክልተ ብምግምማዕ፡ ካብ 2021 ክሳብ እዚ እዋን ኲናት ውክልና ይቕጽል ብምህላዉ ህዝቢ ግዳይ ሞት መቕዘፍቲ ምፍንቓልን ስደትን ኮይኑ ይርከብ።

ካብ ድሑር መስፍናውን ወተሃደራውን ስርዓት ሓራ ድሕሪ ምውጻእ ናብ ዓሌታዊ ፖለቲካዊ ምሕደራ ብምእታው በብግዜኡ ክትሕመስን ክትመናናህን ዝጸንሐት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣንፈት ተምርሕ ኣላ። ብዝተፈጥረ ህዝባዊ ናዕቢ እታ ሃገር ሓድሽን ተስፋ ዝህብን ኣንፈትን ሒዛ እኳ እንተ ጸንሐት ኢትዮጵያ ብዝነበራ ባህሪ ተገዛእነትን ክድምናን ነታ ሃገርን ጐደቦታትን ዝርብሽ ልኡኽ ትፍጽም ኣላ። ኩነታት ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክውጥር ብዝጸንሐን ዝተጻወደ ነታጒ ጥፍኣት፡ እታ ሃገር ናብ ጫፍ ምብትታን በጺሓ። ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ብዘይካ ድምጺ ተኹስን ዘየዕርፍ ምፍሳስ ደምን ሰላም ዝተሓረመ ህዝቢ፡ ኣብ ከቢድ ስግኣት ይርከብ። ተስፋ ሰላም ሒዙ ዝተበገሰን መሪሕነት ሰልፊ ብልጽግና፡ በንጻር ናይቲ ተስፋ ዝተነብረሉን ህዝባዊ ማዕበል ዝኸፈቶን መጋረጃ ለውጥን፡ ኣብ ገደል ጥፍኣት ተሸሚማ ትርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ሸውዓተ ዓመት፡ ካብ ባህሪ ኣምሰሉነት ተገላጊሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝቢ ምስ ህዝቢ ኣብ ርእሲ ምትፍናኑን ደማዊ ኲናት ምኽፋቱ፡ ባርዕ ውሽጢ ሃገሩ ካብ ደገ ብዝነጽጎ መጥፍኢ ሓዊ ክጥቀም ብምምራጽ ምስ ኲላተን ጎድቦታት ክምለስ ናብ ዘይክእል ረጽሚ ኣትዩ ይርከብ። ብቐጥታን ነዚ ጉዳይ እዚ ዝያዳ ካልእ ዕቱብ ምክትታልን ድልውነት ንኹሉን ዝጠልብ።

ክንዮ መድረኻዊ ኩነታት ኣሳጊርካ ምጥማት የድሊ። ዝረኣን ዘይርኣን ክጥምት ዝኽእል ኣእምሮ ሰብ፡ ብዝግባእ እንተድኣ ሓሲብሉን ሰሪሕሉን መጻኢ ክትንበ ኣይሸገርን። ኲል ግዜ ግን ነገራትን ፍጻሜታትን ብዕምቈት ክከታተልን መረዳእታኡ ክሰፍሕን ይግብኦ። ንመስመር ግዜ፡ ምዕባለታትን ኣመታቶምን ብመድረኽን ብኹሉ መዳያትን ምጥማት'ውን ርድኢታት ከዕሙቑን ሚዛናዊ ውሳነ ክህልዎ ይሕግዝ። ካብ ግጉይ ቅማረታት ዘናግፍ መገዲ ልቦና'ውን ክፈጥር ይኽእል። ሰብ፡ ቅድም ንገዛእ ርእሱ፡ ካብኡ ሓሊፉ ከባቢኡ፡ ስግሩ ንዘባኡን ዓለምን ብዝግባእ ክከታተልን ክፈልጥን መረዳእታኡ ክሰፍሕን እንተዘይክኢሉ ብሰሪ ዋሕዲ ሓበሬታ ኪጋገ ባህርያዊ እዩ። ካብ ዝነፈሰ ንፋስን ካብ ዝተላዕለ ማዕበልን ዝከላኸለሉ ዋልታ ፍልጠት ኣይረክብን። ብፍልጠትን ምልኣት ሓበሬታን ዝምዕብል ብነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ ንጉዳያትን ፍጻሜታትን፡ ቅኑዕን ልክዕን መገዲ ከጓዕዝ ይኽእል። ኻብዚ ብምብጋስ፡ ንዝኾነ ፍጻሜ "እንታይ፡ ኣበይ፡ ብመን ስለምንታይን ብኸመይን ንምንታይን?" ዝብል ሕቶታት ክትንትን ይግባእ። ስለዚ፡ መንእሰይ ወትሩ ብዓለማዊ ዞባውን ከባብያውን ምዕባለታት ብምሉእ ርድኢትን ንቕሓትን ክከታተሎን ምድላዋትን ክገብር ግዜኡ ዝጠልቦ መድረኻዊ ግዴታ እዩ።

# ዳህሳስ ማሕበራዊ ሚድያ

## ኲናት ክህሉ ድዩ?

ኢትዮጵያ ሓድሽ ኲናት ክትከፍት ድያ? ወይ ክትከፍት'ያ ዝብል ርጉጽ ዝመስል ወረን ንምርግጋጽ ዝለዓል ሕቶን ተደጋጊሙ ክዝረበሉን ክጸሓፍን ውሑድ ኣይገበረን። መንቀሊኡ ፈኸራታት ወስታታት፡ ስርዓት ብልጽግና ከም ዝኾነ ፍሉጥ'ዩ። እንተኾነ ኢትዮጵያ ድሮ ኣብ ኲናት ዘላ ሃገር'ያ። ኣብ ክልል ኦሮሞ፡ ኣምሓራ፡ ቤኔሻንጉል፡ ዓፈር፡ ርሱን ውግኣት፡ ምስ ክልል ትግራይ ከኣ ዘየፍለጠ ምፍጣጥ ኣሎ። ዝተፈላለየ ኣስማት ዝተጠመቐ ወፍርታት (ዘመቻ) ሰራዊት ፌደራል፡ ከም'ቲ ስርዓት ብልጽግና ዝሓለሞ ኣይከደን - ብመኸተ ሓይልታት ኦሮሞን ኣምሓራን ካልኦትን ይፈሽል ኣሎ። ወተሃደራዊ ዓቕሚ እቲ ስርዓት ይምህምን፡ ህይወት ዜጋታት ይረግፍ፡ ቁጠባ እታ ሃገር ይማስን'ዩ ዘሎ። ብናህሪ መነባብሮ ሰብ ልዑል ሞያ (ሓኻይም፡ መምህራን) ድራር ዕለቶም ከውሕሱላ ዘይክእሉ ሃገር፡ መወዳእታ ዘይብሉ ኣጽዋር ክትሽምትን፡ ቀዳምነታ ኣብ ዘይኮነ ጽላታት፡ ንጃህራን ፈኸራን ገንዘብ ህዝቢ ክተባኽን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብኸቢድ ማሕበራዊ ሕሰም ይግረፍ ኣሎ።

እሞ እዚ መጸ-መጸ ዝብሃል ዘሎ ኲናት ድኣ እንታይ ማለት'ዩ? ኲናትከ ነቀይ ነቀይ እናበልካ ዝእቶ ጠላዕ ድዩ? ኢትዮጵያ ኮ ሎሚ እቲ ጆግራፍያዊ ክሊ - እምበር፡ እቲ ስነ ኣእምሮኣዊ ጥምረት ህዝባ ፈሪሱ'ዩ። ብልጽግና ዝወረሶን ዘሐደሶን ሽግራታ እናጋደደ፡ ኣብ ደንደስ ጸድፊ ጠልጠል ኢላ'ያ ዘላ። ኣብ ከም'ዚ ቅልውላው'ዚ ብርትዓዊ መንገዲ ሓሲብካ ኢትዮጵያ ይትረፍ ሓድሽ ገጽ ኲናት ክትከፍት፡ እቲ ድሮ ፈቒድኡ ዝልብልባ ዘሎ እኳ ኣኺሉ ተሪፍዋ'ሎ። እቲ ዝግባእ እምበኣር ከም'ቲ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝብልዎ ዘለዉ "ኲናት የብቅዕ፡ ሰላም ይስፈን፡ ስርዓት ይተኣለ" እዩ።

እንተኾነ ግን እቶም ተወሊያም ዘለዉ ውግኣት'ውን ብውድዓውነትን ርትዕን ዘይኮነ፡ ብሃውርን ግጉይ ቀመርን፡ ብልጽግና ዝሸርጠጦም ስለዝኾኑ፡ ሕጂ'ውን ጽላለኡ ብኢስዎ፡ ሓድሽ ዓቕሊ ጽበታዊ ኲናት ኣይከፍትን'ዩ ክንብል ኣይንኽእልን፡ ክቋመር ይኽእል'ዩ።

እቲ ሕቶ ግን፡ ሕሉፍ ስግኣት ኲናት ዕለታዊ ኣጀንዳ ኮይኑ ናይ ልምዓት ቀለብና ቀፊዱ ክሕዞ ግቡእ ኣይኮነን። ኤርትራ ልዕሊ ልኡላውነታን ድሕነታን እትሰርዖ ስለዘየለ ዕርፊ መኸተ ከተጽንዖ'ያ። ዘጠራጥር የለን። ንሕና ግን ደድሕሪ ታዓሪፋ ምእራይ ዝለመዱ መዋቓዕቲ ማሕበራዊ ሚድያ፡ ነዚ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኲናት መጽኣ ኸደ ክንፈትሕ ንጽመደሉ ምኽንያት የለን። ልምዓት'ዩ ቀዳምነትና፡ ማዕረ ማዕረኡ ተኽእሎ ኲናት ንምንካይን ንምውጋድን ዝሕግዙ ንጥፈታትና ከነሐይል ይግባእ።

ERMEDIA

## "ደሮናን በኾኻን"

ከም ኣርእስቲ ተጠቒመሉ ዘለኹ ኣበሃህላ፡ ኣርእስቲ ናይ ሓንቲ ካብ ግጥምታት በየነ ሃይለማርያም እዩ።

ኣብ ታሪኽና ብዙሕ ክበሃል ሰሚዕና። ኣብ ነዊሕ ዘይኮነ ግዜ፡ "ኤርትራ መሬታ'ምበር ህዝባ ኣየድልየናን'ዩ" ተባሂሉ፣ ነዚ ግብራዊ ንምግባር ዓድታትና ነዲደን ህዝብና ሃሊቑ፣ ጠፊእና ግን ኣይጠፋእናን! ናይ ራዕዲ ምልክት፡ ደም ዝመልአ ጥርሙዝ ብፈኸራ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ ክድርበ'ውን ርኢና፣ እልቢ ዓሳክር፡ እልቢ ሓጻውን፡ እልቢ ዘራያት ዝኸተቱሉ ናይ ጥፍኣት ሓደጋ'ውን ሓሊፍና፣ መሬትና፡ ሩባና፡ ኲርባና፡ … ደምና ዘርዩ፣ ጠፊእና ግን ኣይጠፋእናን! ኣብ ዋሕድና መራብሒ ሓይሊ ሃኒጽና፡ ወለዶታት ዝኸተቱሉ ሃገራዊ መኸተ መኪትና። እቶም ንጥፍኣትና ዘንቀዱ በብሓደ ክጠፍኡ ኸኣ ርኢና። "ኤርትራ" ዝስማ ድሙቕ ክታም ውፉያት ዝመለለዪኣ ሃገር ድማ ኣውሒስና።

ኣረጊት ምዕራፍ ተዓጺዩ ሓድሽ ምዕራፍ ኣብ ዝተኸፍተሉ፡ እቲ ናይ ጥፍኣት ዕንደራ መመሊሱ ክደግስ'ውን ርኢና። ንሕና፡ ምምካት'ምበር እንታይ ካልእ

ምርጫ ኣሎና!፧ ቅሉዕ ወራር ተፈጺሙ፡ “ሕብሪ ዓይንኹም!” ተባሂልና’ውን ኣደዳ ስቓይን መግደራን ክንከውን ዳንኬራ ኩናት ዳግማይ መቓልሕ መሊሱ። ንሕና፡ ብዘይካ መኸተ እንታይ መለለዪ ኣሎና፧ ንኹሉ ክንምክት ድማ ኩላትና ንኽትት! መኸተን ክተትን’ዩ ዋሕስ ህላወና። ካብ ምቛም ሃገር ክሳዕ ሕጂ ድማ ኣብ ዘየባትኽ መኸተ ኣለና።

ኣብ 2018 ካልእ ተስፋ ሰላም በርሃው ምስ በለ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ወግሐ ጸብሐ “ቊስልኻ ኣይትሕከኽ” እናበሉ ቊስሉ ዝጎድኡዎ እናመጽኡ’ውን ምርጫኡ ሰላም ብምኳኑ፡ ዝሓለፈ ወጽዓ ረሲዑ፡ ዝዓበየ ልቦና ብምርኣይ ይቕረ ኢሉ ናብ ናይ ሓባር መጻኢ ጠመተ። ብሓባር ንምዕብል፡ ብሓባር ንብልጽግ ኢሉ ኣሚኑ እናተጓዕዘ፡ ካብ ጸቢብን ድሑርን ኣተሓሳስባ ፈልከት ዘይብሉ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ባዕላቶም ዝፈጠሩዎ ውሽጣዊ ጸገማቶም ኣብ ክንዲ ዝፍውሱ፡ እንዳማቶም ክጥምቱ ዓይኖም ክነቕሩ ርኢናዮም። ጫሌዳታት እናኣምጸኡ፡ እንተስ ብሕጊ እንተስ ብግዲ ኣፍ ደገ ባሕሪ ክህልወና’ዩ ኸኣ በሉ። እዚ ቅሉዕ ኣዋጅ ወራር’ዩ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን ካብ ውግእን ወረ ውግእን ዝርከብ ፋይዳ ስለ ዘየለ፡ ዓቕልን ትዕግስትን’ያ ምርጫኦም። ስለዚ፡ ከበሮ ታህዲድ ክውቃዕ እንከሎ፡ ቋንቋ ግብሪ የቐድሙ። ንድሕነት ሃገሮም እንታይ ይገብሩ ነጋሪ፡ መኻሪ ስለ ዘየድልዮም፡ ወትሩ ኣብ ተዳሎ ይቖሙ፣ ካልእ ምርጫ ስለ ዘየለ። ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዝበሉ፡ “ህዝቢ ኤርትራ ንኩናት ይጽየኖ’ዩ።”

“ብፈኸራን ታህዲድን ርዒድናን ተንበርኪኽናን ኣይንፈልጥን!” ኢሉ’ውን ነይሩ ክቡር ፕረዚደንትና ኣብቲ እዋን መኸተ። እዚኣ ድማ’ያ ዝዓበየት ሓይልና። “ኣልታህዲድ ኑስ ኣልዓመል” ከም ዝብሉዎ ሱዳን፡ ዝጋዋሕ ዘሎ “ደሮናን በኾኻን” ህድማ ንቕድሚት፣ ኣውያት ውሻጠ እዩ።

ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ፥ “እዛ ናይ ኣሽሓት ዓመታት ታሪኽን ሓይልን ኣሎኒ እትብል ኢትዮጵያ፡ ብዘይ ግዳማዊ ምሉእ ደገፍ ኣብ ዝኾነ ኩናት ተዓዊታ ከም ዘይትፈልጥ ንፈልጥዶ፧ ኣብ ኩሉ’ቲ ምስ ኤርትራ ዘካየደቶ ኩናት ድማ ምስ እልቢ ዘይብሎም ዘራያትን ኣጽዋርን ሓንቲ መዓልቲ’ውን ተዓዊታ ከም ዘይትፈልጥከ ንፈልጥዶ፧”

ንኢትዮጵያ፡ ምስ ኩሉ ሃብታ ብዘይረድኤት ስጉሚ ዘይትስጉም ርምስቲ፣ ኣብ ንሓድሕዳ ብድሑር ማሕበራዊ ኣቃውማታት እትበላላዕ ሃገር ዝቐየሩዋ ዓይኖም ዝዓወሩ፡ ኣእምሮኦም ዝተደፍኑ መራሕታ’ዮም። መስኪን ኢትዮጵያ!

ሓደ ክፋል ግጥሚ “ደሮናን በኾኻን” ከምዚ ይብል፥

ደሮናን በኾኻን ጋህሚ እዩ
ንዓይኒ
ምርኣይ ከሊኡዎ ንኸማይ
ዝኸማይ
ከምእኒ. . . ከምእኒ. . .

ERMEDIA

# ማርኮ ሩብዮ ሃገሩ ምስ ኤርትራ ዘለዋ ዝምድና ክተሐይል ድልየት ከም ዘለዋ ገሊጹ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ: ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ: ብስም ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ መላእ ዓለም እትርከቡ ኤርትራውያን እንቋዕ ንመበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣብጸሓኩም እብል ኢሉ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ነቲ ኤርትራዊ ታሪኽን ባህልን ዝድርኽ ዓሚቝ መንፈስ፡ ከምኡ'ውን ንቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ብልጽግናን ኣብ ምድንፋዕ ዘለና ሓባራዊ ተገዳስነት ክንሰርሕ ኢና:" ኢሉ።

ሚኒስተር ማርኮ ሩብዮ፡ ኣብ ዝቕጽሉ ዓመታት "ምስ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘለና ርክብ ክጠናኸር ብሃንቀውታ ይጽበ፡" ድማ ኢሉ።

BBC

ዳህሳስ ኣድማስ

# 10 መሰጥቲ ሓቅታት
# ብዛዕባ ፕላኔት መሬት

ብዛዕባ እታ ደቂ ሰብ ንነብረላ 'ዓድና' ኢልና እንጽውዓ ፕላኔት መሬት ገለ መሳጥቲ ሓቅታት ንርአ፡-



## 1 መሬት ምልእቲ ክቢ ኣይኮነትን

ፕላኔትና ሙብዛሕትኡ ግዜ ከም ምልእቲ ክቢ እያ ትውከል፣ ልክዕ ቅርጻ ግን ከምኡ ኣይኮነን። መሬት ኣብ ከባቢ ዋልታታት ምጥሙጥ ዝበለት ኮይና፡ ቅርጻ ብዝያዳ ዱባ ዝዓይነቱ ክቢ [oblate spheroid] ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ከምቲ ኣብ ካልኦት ፕላኔታት ዝረአ፡ ጽልዋ ስሕበትን ምሕምባብ ዝፈጥሮ ሓይልን፡ ኣብ ዋልታት ምፅባብ ኣብ ከባቢ ቅናት ምድሪ [ኢኳተር] ድማ ምግፋሕ የስዕብ።

በዚ መኽንያት ድማ፡ ሰንጣቒት መሬት ኣብ ቅናት፡ ካብቲ ካብ ሓደ ዋልታ ናብቲ ካልእ ዋልታ ዘሎ ቀኑመት ኣስታት 43 ኪ.ሜ ይዓቢ።

## 2 ልዕሊ 70 ሚእታዊት መሬት ብማይ ዝተሸፈነዩ

ዳርጋ ሰለስተ ኢድ ገጽ መሬት ብማይ ዝተሸፈነ ኮይኑ፡ ብመልክዕ በረድ፡ ረግረግ፡ ቀላያት፡ ሩባታት፡ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ይሸፍኖ።

ማይ ኣብ ምድሪ ብመልዕ ጋዝ፡ ፈሳሲን ደረቕን ይርከብ፤ ኣስታት 97 ሚእታዊት ግን ኣብ ውቅያኖሳት ጨዋም ኮይኑ ይርከብ።



## 3 ህዋ ካብ መሬት ኣስታት 100 ኪ.ሜ ልዒሉ ይጅምር

ዶብ ከባቢ ኣየርን [ኣትሞስፈር] ጠፈርን/ህዋ [ስፐይስ] ] ብመስመር ካርማን ዝፍለ ኮይኑ፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ 100 ኪ.ሜ ርሒቑ ይርከብ።

ኣስታት 75 ሚእታዊት ክብደት ከባቢ ኣየር፡ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ክሳብ 11 ኪ.ሜ ኣብ ዘሎ ይርከብ።

## 4 መሬት ሓጺናዊ ሕመረት ኣለዋ

መሬት ኣብ ስርዓት ጸሓይ ዝጸዓቐትን ሓምሻይቲ ዝዓበየትን ፕላኔት እያ።

ውሽጣዊ ክፋል መሬት ኣስታት 1200 ኪ.ሜ ራድየስ ዘለዎ ጽኑዕ ክቢ ምዃኑ ይግመት።

ብቐንዱ ካብ ክብደቱ 85 ሚእታዊት ዝግመት ሓጺንን፡ ኣስታት 10 ሚእታዊት ናይቲ ሕመረት ዝሕዝ ኒከልን ዝቘመ እዩ።

## 5 መሬት እታ እንኮ ህይወት ዘለዋ ፕላኔት እያ

መሬት ኣብ ኣድማስ [ዩኒቨርስ] እታ እንኮ ህይወት ዝርከበላ ፕላኔት እያ።

ኣብዚ እዋንዚ ኣስታት 1.2 ሚልዮን ኣብ ዝርዝር ዝተመዝገቡ ዓይነት እንስሳታት ይነብሩዋ፤ እዚ ካብቲ ጠቕላላ ንእሽቶ ሚእታዊት ጥራይ ምዃኑ እዩ ዝግመት።

ኣብ 2011 ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ኣብ ዓለም ብሓፈሻ ኣስታት 8.7 ሚልዮን ዓይነታት እንስሳታት ከምዘለዉ ገሚቶም።

መሬት ቅድሚ ኣስታት 4.5 ቢልዮን ዓመታት ከምዝተፈጥረት ዝግመት ኮይኑ፡ ኣካላውን ውሽጣውን ባህርያት መሬት፡ ኣብ ልዕሊኣ ንኣማኢት ሚልዮናት - ወይ'ውን ንቢልዮናት ዓመታት ህይወት ክህሉ ኣኽኢሉ እዩ።

## 6 ስሕበት ኣብ ኩሉ ቦታታት ምድሪ ማዕረ ኣይኮነን

ፕላኔትና ብሓቂ ምልእቲ ክቢ ስለዘይኮነትን ካብዚ ሓሊፉ ድማ እቲ ክብደት ኣብ ኩሉ ብማዕረ ስለዘይተዘርግሐ ኣብ ሓይሊ ናይቲ ስሕበት ፍልልያት ኣሎ።

ስለዚ ንኣብነት ካብ ቅናት ምድሪ ናብ ዋልታታት ገጽና ምስ እንኸይድ፡ ጻዕቂ ስሕበት በብቕሩብ ይውስኽ።

እንተኾነ፡ እቲ ፍልልይ ኣብ ሰብነት ደቂ ሰባት ዝስተውዓል ኣይኮነን።

## 7 መሬት ኣዝዮም ተጻረርቲ ኩነታት ዝሓቖፈት ፕላኔት እያ

ፕላኔትና ብፍጹም ኣንጻር ብዝኾኑ ኩነታት ዝመልአት እያ።

ዝተፈላለየ ጂኦግራፍያዊ ከባቢታቱን ከባቢያዊ ኣየርን ዳርጋ ኩሉ ዘባ ነናቱ ፍሉይነት ኣለዎ።

ኣብ ምድሪ ኣዝዮም ዝተፈላለዩ መቐት ዝበዝሖም ከባቢታት ኣለዉ።

እንተኾነ፡ እቲ ዝለዓለ መቐት ዝተመዝገበሉ ቦታ፡ ብ10 ሓምለ 1913፡ ኣብ ኣመሪካ - ደዝ ቫሊ [Death Valley] 56.7C ዝተመዝገበ መጠን መቐት እዩ።

ኣብቲ ካልእ ጫፍ ድማ ኣንታርክቲካ ኣላ። ኣብ መደበር ቮስቶክ ብ31 ሓምለ 1983፡ እቲ መቐት ናብ ኣሉታ [-] 89.2C ወሪዱ ነይሩ።

## 8 ኣብ ምድሪ እቲ ዝዓበየ ማእከል ፍጥረታት

ኣብ ገማግም ባሕሪ ኣውስትራልያ ዝርከብ [Great Barrier Reef ] ዝበሃል ማእከል፡ ኣብዛ ፕላኔት ብፍጥረታት ዝመልአ ዝዓበየ ዝተፈልየ ቦታ ኮይኑ፡ ክሳብ ካብ ጠፈር ክርአ ዝኽእል ንሱ ጥራይ እዩ።



ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ፡ ልዕሊ 2000 ኪ.ሜ ዝዝርጋሕ ኮይኑ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ዓይነታት እንስሳታት ባሕሪ ዝነብሩሉ እዩ።

ኣብ 1981 ድማ ብዩኔስኮ ሓድጊ-ዓለም ተባሂሉ ተመዝጊቡ።

## 9 መሬት ኣብ ስርዓተ ጸሓይ እታ እንኮ ንጡፍ ቮልካኖ ዘለዋ ፕላኔት እያ

ምንቅስቓስ እዞም ኣብ ውሽጢ መሬት ዝንፍኽፈኹ ጽላታት፡ መልክዓ-ምድሪ ዝቕይሩ እዮም።

እቶም ጽላታት ኣብ ምፍጣር ኣኽራናት፡ ምንቕጥቃጥ ምድሪን እሳተ ጎመራታትን እውን ኣስተዋጽኦ ኣለዎም።

ዑደት ናይዞም ጽላት እዚኣቶም፡ ንመቐት መሬት ኣብ ምቁጽጻር እውን ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ።

እዚ ድማ ብቐዋሚ ካብ ምሕዳስ ውቕያኖስ ኣቢሉ፡ ከም ካርቦን ዳይኦክሳይድ ዝኣመሰሉ ሓደገኛ ባእታት ኣብ ዳግመ-ምጥቃም ኣበርክቶ ይገብር።

## 10 መሬት መከላኸሊ ሽፋን ኣለዋ

ማግኔታዊ ሓይሊ መሬት፡ ኣንጻር ቀጻሊ መጥቃዕቲ ካብ ጸሓይ ዝምንጭዉ መርዛም ከሚካላት ይከላኸል።

እዚ ሽፋን እዚ ካብ ውሽጣዊ ሕመረት መሬት ክሳብ እቲ ምስ ጸሓያዊ ንፋስ ዝራኸበሉ ዶብ ይዝርጋሕ።

ካብዚ ሓሊፉ፡ ማግኔታዊ ሓይሊ ንገለ እንስሳታት መንገዶም ንኽረኽቡ እውን ኣንፈት ብምሕባር ይሕግዞም፤ ብሶላ -ኮምፓስ - እንተተጠቒምና ንዓና ንደቂ ሰባት እውን ይሕግዘና።

# ስርሒት ፈንቅል

## ካብ ቃልሲ ኤርትራ እንምሃሮ ዘይሃስስ ትውፊት

ኣብ'ዚ ቀረባ ሳምንታት፡ ነብሰይ ናብ ሓንቲ ብኣዝዩ ዉሕሉል ኣግባብ፣ ንሓደ ካብቶም ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝነበሩ ወሰንቲ ምዕራፋት ዘርዚራ እተርኢ ብኤሪ-ቲቪ ክትፍኖ ዝቐነየት፡ ተኸታታሊት ዶክዩመንታሪ ተሳሒባ ረኺበያ - **ሰነዳዊት ፊልም ስርሒት ፈንቅል።** እዛ ሰነዳዊት ፊልም ነቶም ፈጺሞም ዘይተኣሳሰሩ ዝመስሉ ግን ከኣ ተሊጋጊቦም ናብ ዓወት ዘብጽሑ ምድላዋት እያ ትዝርዝር። ተጋደልቲ ኤርትራ ናብ ከርሲ መዓስከራት ኢትዮጵያ ኣትዮም ከጥቅዑን ንሓይልታት ጸላኢ ምስ ወተሃደራዊ ትካላቶም ክበታትኑን ተርእየካ።

እዛ ዶክዩመንታሪ፡ ነቲ ብሰላሕታ ዝፍጸም ግን ከኣ መሰረታዊ ዕዮ ናይ'ተን ሙብዛሕትኡ እዋን መስተንክራዊ ኣበርክቶአን ዘይነቕልበሉ፣ ማለት ነተን ብልዑል ጥንቃቐ ብዛዕባ ኣቀማምጣን ዓቕሚን ጸላኢ ሓበሬታ ዝምእርራ ኣሃዱታት ወትሃደራዊ ስለያ፣ ነተን ሓደገኛ ፈንጂታት እናጸረጋ ናብ ዓወት ዘብጽሕ መገዲ ዘጣጥሓ ኣሃዱታት ሃንደሳ፣ ነተን ካብ ጸላኢ ንዝትኮስ ጠያይት መኸወሊ'ኳ ኣብ ዘይርከበሉ ቴንዳታት ነቐኣጠን ዉጉኣት ዝቐበላ ኣሃዱታት መጥባሕቲ፡ ነተን መግቢ ተጋዳላይ፡ ኣጽዋሩን ተተኮስቱን ብስሉጥ ከምዝቐርብን ዝገብራ ኣሃዱታት ዕደላ (ሎጂስቲክስ)፡ ከምኡ ድማ ነቶም ትብዓቶም ንትብዓት እቶም ዝስእልዎም ተጋደልቲ ብዝዳረግ ኣብ ማእከል ኲናት ኣትዮም፣ ዉዕሎ ኲናት ዝስንዱ ሰብ-ካሜራ እተጕልሕ ኮይና እየ ረኺበያ።

ኣቀራርባይ፡ ንስራሕ ናይ'ቶም ዘፍረዩዋ ይኹን ንተሞክሮ ናይ'ቶም ተዓዚብቲ ስለዘይምጥን፣ ናብ ዝርዝር ናይ'ዛ ዶክዩመንታሪ ክኣቱ ኢለ ኣይሕልንን'የ። የግዳስ፡ ነቲ ንሳ እተጕልሖ ዘይሃስስ ኣስተምህሮ - እቶም ኣይሓደስቲ ኣይክዉላት ኣስተምህሮታት፡ እቶም ታሪኽ ኣብ ቃልሲ ሃገራት፡ ሕብረተሰባትን ዉልቀ-ሰባትን ደጋጊሙ ዝጸሓፈሎም ክስተንትን ስለዝደለኹ'ምበር።


ሓደ እዋን እቲ ዉሩይ ኢጣልያዊ ፈላስፋ ኒኮሎ ማኪያቬሊ ከም'ዚ ኢሉ ምንባሩ ይዝከር፡- “እቲ መጻኢ ክንበይ ዝደሊ ንሕሉፍ ክውከስ ግዱድ እዩ፣ ሰብኣዊ ንጥፈታት ወትሩ ነቶም ቅድሚኦም ዝተፈጸሙ ተግባራት ስለዝመስሉ። ኩሎም ዝሓለፉ ተግባራት በቶም ብተመሳሰሊ ወነ ተላዒሎም፡ ቅድሚ ሕጂ ዝነበሩን ብሕጂ'ውን ዝህልዉን ሰባት እዮም ፈርዮም ካብ ዝብል ሓቂ እዩ ዝነቅል፣ ስለዚ እዩ ድማ የግዲ ተመሳሳልነት ዝህልዎ።”

ቀዳማይ፡ **ጸላኢ ክንድ'ቲ ኣእምሮኻ ዝፈቐደሉ ጥራሕ እዩ ክፍርሓካ ዝኽእል።** እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ሓደ ኣብ 1989 ኣብ ደማዚን (ደቡብ ምብራቕ ሱዳን) ኣብ መንጎ ኣዘዝቲ ሰራዊት







ህዝባዊ ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊት ሱዳንን ዝተገብረ ርክብ ተመስኪሩ ንረኽቦ። ተጋደልቲ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ዝሓቖፈ ሓደ ክ/ሰራዊት ህግሓኤ፡ ብዉሕዱ 1,500 ኪ.ሜ ኣብ ዉሽጢ ግዝኣት ሱዳን ተጓዒዛ ኣብ “ኣሶሳ” ዝተባህለት ስትራተጅያዊት ከተማ ኢትዮጵያ መጥቃዕቲ ክፍኑ ተቐሪቡ።

ነቲ ስርሒት ኣመልኪቱ ብክልቲኦም ወገናት ዝቐረበ ዉጥን ኲናት ክግምገም ከሎ፡ ሱዳናውያን ኣዘዝቲ ኣብ ዝኣከብዎ ስለያዊ ሓበሬታ

ተሞርኲሶም፡ መስመር ጸላኢ ጥሒስካ ኣሶሳ ንምቁጽጻር ክልተ ወርሒ ክወስድ'ዩ ዝብል ግምት ሒዞም ቀሪቦም። ብኣንጻሩ ኤርትራውያን ኣዘዝቲ ድማ ብወገኖም ካብ ዝኣኽብዎ ስለያዊ ሓበሬታ ነቒሎም "እዚ ስርሒት ናይ መዓልታት ምናልባሽ'ውን ናይ ሰዓታት ክኸውን ይኽእል'ዩ" ዝብል እምነት ሒዞም ቀሪቦም። ሻቡ እቶም ሱዳናውያን ኣዘዝቲ ነቲ ናይ ኤትራውያን ገምጋም፡ ከም ሓደ ዘይሓለፍነታዊ ዕንደራ ገሮም ወሲዶሞ። ክውንነት ግን ብኣንጻሩ ኮይኑ ረኺብዎ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብዘደንቕ ቅልጣፈ ዕላማኡም ወቒዖም፣ ኣሶሳ ኣብ ዉሽጢ ሰዓታት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም ኣእትዮማ።

እዚ ምንጽጻር'ዚ ንሓደ ኣገዳሲ ትምህርቲ እዩ ዘግህድ። ንጸላኢ፡ ከም ክሰዓር ወይ ክኹለፍ ዘይካኣል ሓይሊ ጌርካ ምርኣይ፡ ንእምሮኻ ደፊኑ፡ ዉጥንካ ኣብ ክንዲ ኣብ ምጭባጥ ዓወት፡ ኣብ ምንካይ ክሳራታት ከም ዝድረት እዩ ዝገብር። ንመጋጥምትኻ ከም ብድሆ ግን ከኣ ክስዓር ከምዝከኣል ጌርካ ምርኣይ ተባላሕትነት፡ ረዓምነትን ደፋር ስትራተጂን እዩ ዘበራብር። ኣብ ኩናት ከም ኣብ መዓልታዊ ህይወት፣ ፍርሒ ንዝእ-ርእሱ እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ስለዝኾነ።

ካልኣይ፡ **ነፍስ-ወከፍ ማሕበራዊ ዉዳበ ኣብ እምነት ተሞርኲሱ እዩ ዝትስእን ዝወድቕን።** እዚ ኣበሃህላ'ዚ፡ ኣብ'ታ ኣብ ምጅማር ናይ'ዛ ዶክዩመንታሪ ተዘንትያ ዘላ ተልእኾ ብኣዝዩ ሓያል ኣገላልጻ ቀሪቡ ንረኽቦ። ሓንቲ ኣሃዱ ህዝባዊ ግንባር ብዕምቆት ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ኣቲኻ ቁጠባዊ ትካላት ናይ ምዕናው ተልእኾ ተዋህባ። ነዚ ንምፍጻም ኣሃዱ ንኑብሳ ናብ ክልተ ጉጅለ መቒለት። ሓንቲ ጉጅለ ናብ ዓሰብ ኣትያ መጻረዪ ነዳዲ (ሪፋይነሪ) ንምጥቃዕ ዘኽእል ደቂቕ መጽናዕቲ ክትገብር፣ እታ ካልኣይቲ ድማ ናብ ዱብቲ (ደቡባዊ ምብራቕ ኢትዮጵያ) ከይዳ ተመሳሳሊ ዕማም ክትፍጽም፣ መመደበን ኣሳሊጠን መራኸቢ ቦታ ፈልየን ኣብ ዉሽጢ 30 መዓልታት ዳግም ክራኸባ ተሰማሚዐን ድማ ተፈላለያ።

ከም መደበን ዝራኸባሉ መዓልቲ ምስ ኣኸለ፡ እታ ናይ ዓሰብ ኣሃዱ ኣብ ቆጸራኣ ኣይተረኸበትን። ድሕሪ 40 መዓልታት'ውን እንተኾነ ድሃይ'ታ ጉጅለ ሽታ ማይ ኮይኑ። ጸላኢ ከይፈለጠ ብራድዮ ተራኺብካ ድሃይ ሕድሕድ ክትገብር ከኣ ዝሕሰብ ኣይኮነን። "ሞት ብጽምኢ ማይ ወይ ምትሓዝ ብሰራዊት ኢትዮጵያ'ዶ ኣጋጢሙዋ ይኸውን?" ክትብል እታ ዝተረፈት ጉጅለ ብጭንቀት ተዋሕጠት። ብመሰረት ልሙድ ወተሃደራዊ ኣሰራርሓ፣ ኩነታት እታ ጠፊኣ ዘላ ጉጅለ ክሳዕ ዝፍለጥ እቲ ስርሒት ዳግመ-ግምት ክግበረሉ ምተገብኣ። ዝተማረኹ ተጋደልቲ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ መርመራ፡ ንዱብቲ ናብ ሓንቲ ቀታሊት መጸወድያ ዝቕይር ሓበሬታ ከምልቑ ስለዝኽእሉ። ይኹንምበር ብኣንጻር'ዚ ዝተገልጸ ዘይርጉጽነት፣ እታ ናይ ዱብቲ ጉጅለ ናብ ስርሒታ ቀጺላ፡ ተልእኾኣ ብዓወት ፈጺማ። ዝኾነ ክሳራ ከየጋጠማ፣ 14 ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ኣቃጺላ፡ ፋብሪካታትን ካልእ መሰረታውያን ትሕተ ቅርጺታት ኣዕንያ። ድሕሪ ናይ ክልተ ወርሒ ምፍልላይ ከኣ እታ ናይ ዓሰብ ጉጅለ ኣርኪባ - ንሳ'ውን መጽናዕታ ኣጻፊፋ።




እዚ ፍጻመ'ዚ፣ እምነት ኣብ ኩሉ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ወሳኒ ምዃኑ'ዩ ዘርኢ። ኣብ ኣባላት እምነት ብጽኑዕ ምስ ዝስርት ድማ ብዕምቆት ሰሪጹ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ይኹስኩስ፣ ነፍስ-ወከፍ ኣባል ኣብ ብጾዩ ልዑል እምነት ከም ዘሕድር ይገብር። እምነት፡ ከም መትኒ-ህይወት ናይ ዝኾነ ማሕበራዊ ዉዳበ፣ ኣብ መንጎ ኣባላቱ ሰሪጹ ነቲ ዘይከኣል ከም ዝከኣል ዝገብር ጽንዓት፡ ሓድነትን ዘይከማህ ምብጻዕነትን ናይ ምዝራእ ሓይሊ ስለዝውንን።

ሳልሳይ፡ **ፍልጠት ሓይሊ እያ፡ እቶም ከይተሓለሉ ዘናድዩዋ ድማ ላዕለዋይ ኢድ ይጭብጡ።** እቲ ዉሩይ ቻይናዊ ጀነራል ሳን-ዙ "ዓወት፡ መብዛሕትኡ ግዜ ንጸላኢኻ ብልክዕ ብምፍላጥ፣ ኩናት ቅድሚ ምእታውካ እዩ ዝጭበጥ" ክብል ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነት ይሙግት። እዚ እምነት'ዚ ኣብ መዓልታዊ ኣሰራርሓ ናይ'ተን፡ ናብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ሰሊኸን፡ ምስ ሕብረተሰብ ተመሳሲለን ቅርጻ-መሬት ኣናጽንዓ፣ ብዘዕባ መዓስከራት

ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ቅርጺ እዝን-ቁጽጽርን፡ መከላኸሊ መስመራትን ዝምልከቱ ኣዚዮም ኣገደስቲ ዝርዝራት ዝእክባ ኣሃዱታት ስለያ ህዝባዊ ግንባር፣ ምስኩር እዩ ኔሩ።

እቲ ብስለያዊ ሓበሬታ ዝቃነ ስትራተጂያዊ ዉጥን፡ ንኣዛዝቲ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ዓወት ናይ ግድን ከም ዝኾነ እዩ ዘተኣማምኖም። ነዚ ኣብነት ክኸውን ኣብ'ዛ ዶክዩመንታሪ ጎሊሑ ዘሎ እቲ ኣብ ለካቲት 1990 ዝተኻየደ ስርሒት ፈንቅል እዩ። ኣዋርሕ ዝወሰደ ምምእራር ስለያዊ ሓበሬታ፡ ምንቅስቓሳት ጸላኢ ብልክዕ ክከታተልዎ ኣኽኢሉዎም። ስለዚ ድማ ኣብ ከባቢ ባጽዕ ተሃኒጹ ዝነበረ ድፋዓት ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ክልተ ፈጺሞም ዘይብስዑ ዝመስሉ፡ ብከቢድ ዝተደርዑ ተመዓደውቲ መዓስከራት ከም ዝምርኮስ ከረጋግጹ ኪኢሎም።

ይኹን'ምበር፡ ሓለፍቲ ኣሃዱ ስለያ፡ ብኣዝዩ ጥንቑቕ መጽናዕትን ስልኳታትን፡ ሓንቲ 150 ሜትሮ እትኸውን ጽኑዕ ሓለዋ ዘይግበረላ ጸባብ መተሓላለፊት ረኺቦም። ግዜ ምስ ኣኸለ ሓንቲ ምልእቲ ብርጌድ ብሰላሕታ፡ ናብ'ታ ድሕሪ መስመር ጸላኢ እትርከብ ዓዲ-ዒለ ብምእታው፡ ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ጸላኢ ሓያል መጥቃዕቲ ፈንያ። እዚ ተባዕ ስጉምቲ'ዚ ኣብ ዉሽጢ ደቓይቕ ድፋዓት ጸላኢ ዓጾኽዖኽ ኣቢሉ ንሰራዊቶም ፈንጢሑ፣ ቅልጡፍ ዓወት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከረጋግጽ ኣኽኢሉ።

እዛ ዶክዩመንትሪ ነዚን ንኻልኦት ሓያሎ ስለያዊ ስርሒታት ህዝባዊ ግንባር፡ ንጸላኢ ብምሉእ ንጹርነት ንምርዳእ ዝካየድ እምበረ-መጠን ሓዲጋ ዘሰንዮ ዕዮ ምዃኑ እያ ተጉልሕ። እዞም ተጋደልቲ ካብ ርሑቕ ኮይኖም ጥራሕ ኣይኮኑን ዘማዕድዉ፣ ኣብ መንጎ መሳርዕ ጸላኢ ይነብሩ፡ ጸብኢ ዘይፍለዮ ቅርጻ መሬት ይኾልሉ፣ ከምኡ ድማ ወሳኒ ሓበሬታ ክእክቡ ክሳዕ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ ስርሒታት ይፍጽሙ። ንግምት ዝግደፍ ሓንቲ'ኳ የሎን፣ ዝኾነት ናይ ኣፍልጦ ሃጓፍ እንተተረኺባ፡ ዝገበርካ ጌርካ ክትምላእ ኣለዋ፣ ዝኾነ ግምት ክብዳህ ኣለዎ፣ ነፍስ-ወከፍ ጭራም ሓበሬታ ተኣኪባ፡ ማዕበል ኲናት ንረብሓኦም ከም ዝግልበጥ ጌሮም ይጥቀሙላ።

ነፍስ-ወከፍ ሰብ ነዛ ዶክዩመንታሪ ክሪኣ ኣጥቢቐ እላቦ፡ ሓደ ግዜ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንተወሓደ ክልተ ግዜ። ንኤርትራውያን ልዕሊ ታሪኻዊ መዝገብ፣ ናብ'ቲ ንሃገራዊ ኣረኣእያናን ፖለቲካዊ ባህልናን ቅርጺ ዘትሓዘ፡ ምእንቲ ናጽነት ዝተኻየደ ቃልሲ፣ ኮታስ ናብ ሃገራውነት፡ ሓድነት፡ ጽንዓት፡ ፈጠራውነትን ጅግንነትን ኤርትራውያን እተርኢ መስኮት ስለዝኾነት። ነቶም ዉግኣት ንባዕሎም











ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ'ቲ ኩሉ ዝተሓለፈ መከራታት፣ ነቲ ነዛ ሃገር ጸይሩ ዝሓለፈ ኩነተ-ኣእምሮ'ውን ስለእተርኢ።

ሓይሊ ናይ'ዛ ዶክዩመንታሪ ኣብ'ቲ እተዘንትዎ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ'ቲ እተመሓላልፎ ልቦና፣ ኣብ'ቲ ኪንዮ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ዝምጠጥ፡ ኣስተምህሮኣ'ዩ ዝምርኮስ። መኻልፋት ክስዕሩ ንዝቃለሱ ዉልቀሰባት፡ ምስ ዘይርጉጽ መጻኢ ንዝራጸሙ ሕብረተሰባት፡ ቦታኦን ኣብ ታሪኽ ክረኽባ ሃሰው ንዝብላ ሃገራትን እያ ትመክር። ኣብ ኩናት፡ ኣብ ፖለቲካ ይኹን ኣብ መዓልታዊ ገድሊ መልእኽታ ንጹር'ዩ፡- ጽንዓት፡ ተበላሓትነት፡ ሓድነት፡ ንቕሓትን ጥሙሕን'ዮም እቶም እምነ-ሰረት ኮይኖም ንዓወት ዝውስኑ ረቛሒታት።

*ምንጪ፡- ERMEDIA*



ሓባሬዊ ዮቱ

ሱሩፌል ተስፋብሩኽ

# መረዳእታና ካብ ሰውራዊ ክብርታት

ሰውራዊ ክብርታት ዝብሃል ኣየናይ እዩ? 'ክብሪ' ተባሂሉ ክጽዋዕ ዘኽእሎ ምኽንያትከ እንታይ እዩ? ሰውራዊ ክብርታት ካበይ ዝነቐለ እዩ ኢልካ ትሓስብ? መንእሰያት፡ ሰውራዊ ክብርታት ኣብ ምውራስ ከመይ ኣለና? ሰውራዊ ክብርታት ናይ ምስግጋር ሓላፍነት ናይ መን እዩ? ግደ መንእሰያት ኣብ ምውራስን ምስግጋርን ከመይ ይኹን? ... ዝብል ሕቶታት ንገለ መንእሰያት ኣዛቲና ኣለና፣ ንቐደም በሉ።



ምሚና ኣሕመድ ቃስም
ምምሕዳር ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ

ክብርታትና ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ሰውራዊ ክብርታትና፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ክመጽእ ዝጸንሐ፡ ካብ ኣቦታትናን ኣያታትናን ወሪስና ከም ያታ ዝለመድናዮ ክብርታት እዩ። ተወፋይነት፡ ተመላላእነት፡ ብጻይነት፡ ርእሰ-ምርኮሳ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ሃገርካ ፍጹም ኣሕሊፍካ ዘይምሃብ ... ገለ ካብቲ ዝወረስናዮ ሰውራዊ ክብርታት እዩ። ክብርታትና ኣብ መንእሰያት ብዝግባእ ተወሪሱ፡ ተራዲሙ'ን ተላቢሱን ኣሎ ክብሃል ይከኣል። ከም ኤርትራውያን እቲ ውሑድ ዝሰፈለ ከሻቕለና ይኽእል ይኸውን፣ ግን ንቕሓት ብምፍጣርን እግሪ እግሩ ብምስዓብን ከነስምሮ ዝከኣል'ዩ። ወዮ ደኣ ነቲ በሰር ንርኢ ኣለና እምበር፡ ንሓይልታት ምክልኻልና ንመልከቶ እሞ፡ ሰውራዊ ክብርታትና ከመይ ተወሪሱ ኣሎ ክንርእዮ ኢና።

ሰውራዊ ክብርታትና ከይዓቀብና ኣብዚ ዞባ ይኹን ዓለም ደው ክንብል ከም ዘይንኽእል፡ ህልዉ ኩነታት ዓለም ኣግሂዱልና ኣሎ። ንምዕቃቡ ኸኣ ተዓጢቕና ክንሰርሕ የድሊ። ካብ ግዜ ህጻንነት ኣብ ቤትን ቤት ትምህርትን ብዕላማ ዝኹስኰሰሉ መገድታት ክሰፍሕን ክረቅቕን የድሊ። ኩሉ ሕብረተሰብ ኢደይ ኢድካ ክብል የድሊ፣ ብፍላይ ወለድን መምህራንን ዝያዳ ሓላፍነት ኣዛይዶም ክልዕሉ የድሊ።

መንእሰይ፡ ዓንዲ ሕቔ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እዩ፣ መሳገሪ ድልድል እዩ'ውን። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ምውራስን ምስግጋርን ሰውራዊ ክብርታትና ግደኡ ኣብ ቅድሚት ይሰርዕ። መንእሰይ፡ ድሮኺት ምዕባለን ለውጥን እዩ። ክብርታቱ ዝፈልጥ መንእሰይ፡ ትርጉምን ኣመጻጽኣን ሃገሩን ህዝቡን ብግቡእ ይርዳእ፣ ኣብ ምዕባለን ህንጸትን ሃገር ከኣ ዝለዓለ ተራ ይህሉዎ። ኣቦታትና፡ ሃገር ንምምጻእን ንምውሓስን ዝኸፈሉዎ መስዋእቲ፡ ንሕና ብገዛእ ክብርታትና፡ ባህልናን መንነትናን ኣስተርሒና ንኽነብር እዩ። ንሕና መንእሰያት ከኣ ነዚ ሰፍ ዘይብል ሕድሪ ተረዲእና፡ ሓላፍነትና ተሰኪምና፡ ብኽብርታታ፡ ባህላን መንነታን እትኾርዕ ብልጽግትን ሕፍርትን ሃገር ከነቐጽልን ንመጻኢ ወለዶ ከነረክብን ግዴታና እዩ። መንእሰያት፡ እንተ ነቒሕና፡ ተወዲብናን ተዓጢቕናን፡ መርገጺና ጽኑዕ፡ መጻኢና ብሩህ'ዩ። ከምቲ ኩሉ ሳዕ ራህዋ ወይ ኩሉ ሳዕ መከራ ዘየለ፡ ብዕላማን መትከልን እንተ ሰሪሕና ዘይብጻሕ ከም ዘየለ ኣሚንና ክንጓዓዝ እላቦ።

***



ኣሌክሳንደር መብራህቱ
ማእከል ጥዕና ኣዱብሓ

ሰውራዊ ክብርታትና ዝብሃል፣ ነጻ ፖለቲካዊ መስመር፡ ርእሰ-

ምርኰሳ፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት፡ ምስጢራውነት፡ ብጻይነት፡ ማዕርነት፡ ሓፋሽ ይንቃሕ ይወደብ ይተዓጠቕ፡ ተወፋይነት፡ ዘይጠቅም ሰብን ሓጺንን የለን፡ ካብ መርፍእ ክሳብ መድፍዕ፡ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል። ሰውራዊ ክብርታትና፡ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ሰውራዊ ውርሻና እዩ፣ ውርሻ ኰይኑ ዝዝከር ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ወለዶታት ኣሰሪጽና መትከል መጻኢና መርሓ ጐደናና ስለ ዝኾነ ኣዝዩ የገድሰና። መሰረቱ ከኣ ሕብረተሰብ ኤርትራ እዩ። ሓድነትን ተጻዋርነትን ሃይማኖታትና፡ ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ፈወራ፡ ዘይናትካ ዘይምድላይ፡ ወዘተ ከም ኣብነት ክንጠቅስ ይከኣል'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዝተወልደ፣ ኣብ ሰውራ ዝዓበየ፡ ዝጠንከረ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ዜጋ ዝሰረጸን ክብርታት፡ መንእሰያት ኣሐይልና ክንወርሶ ካብ ዘሎና ጉዳይ እዩ። ኣብ ብዙሕ ሸነኹ፡ ሰውራዊ ክብርታት ወሪስና ኣለና። ኣብ ገለ-ገለ ስሕት ኢሉ ዝርአ፡ ውልቃውነት፡ ሰበይ-ሰብካ፡ ምስጢር ዘይምዕቃብን ፍልሰት መንእሰያትን፡ ኣንጻር'ቲ ሃገር ዘምጽኣን ዘውሓሰን ክብርታት'ዩ'ሞ ናብ ደረጃ ዜሮ ንምውራዱ ክንሰርሕ የድልየና። ሰውራዊ ክብርታት፡ ከይተፈለጠና ካብ ኣያታትናን ኣቦታትናን ንወርሶ ዘለና ነገር'ዩ። እንተኾነ፡ ብዕላማን ኣፍልጦን ንምስግጋሩ ከኣ ተዓጢቕና ክንሰርሓሉ ከድልየና'ዩ። ከምቲ ቈልዓ ብንእሱ፡ ቈርበት ብርሕሱ ዝተባህለ፡ ካብ ህጻናት ኣትሒዝና ክንሰርሕ ኣገዳሲ እዩ። ቈልዑ፡ ኣብ ጸወታኦም፡ ዘንብብዎ ወይ ዝንበበሎም መጽሓፍቲ፡ መዛሙርን ካልእን፣ ስድራቤት፡ በቲ ተኾስኲሳ ዝዓበየትሉ ክብርታት ንደቃ ክትኩስኩስ፣ ብሓፈሻ ኸኣ ሕብረተሰብ፡ መንግስትን ግንባርን ተዓጢቕና ክንሕዞን ከይሰልከና ከነሰጋግሮን ኣማራጺ ዘይብሉ ምርጫ'ዩ። ብፍላይ መንእሰያት፡ ሰውራዊ ክብርታትና፡ ክንፈልጦን ክነቕሓሉን፡ ኣብ ህይወትና ክነስርጾን ብሓላፍነት ክንሰርሓሉን፡ ብዓቢኡ ኣርኣያ ኴንና ብግብሪ ክንመርሓሉን ከነውርሶን ዝዓበየ ግደ ናትና እዩ። ምኽንያቱ፡ ዝኾነ ሕብረተሰብ፡ ውድብ፡ ክብርታቱ ክዕቅብ እንተ ዘይክኢሉ መጻኢኡ ጸልማት እዩ።

***



***ሳራ ዓብዱ ሙሳ***

***ምም/ከ/ሓጋዝ***

ሰውራዊ ክብርታት ዝበሃል ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ኤርትራ ዝማዕበለ ዝተፈላለየ ክብርታት ኮይኑ፡ ካብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝተወሰደን ዝተደረዐን፡ ኣብ ጽንኩር እዋናት ዝማዕበለን ዝተኾልዐን፡ ንወሎዶታት እናተወራረሰ ዝቕጽል ዘሎ ክብርታት'ዩ። 'ክብርታት' ከም ሕብረተሰብ ዘኽርዓካን ዘሕብነካን፡ እንቋዕ ኤርትራዊ ኰንኩ ዘብል ክብርታት'ዩ። እዚ ክብርታት'ዚ፡ ክሳድካ ዘቕንዕ፡ ዘኹርዕ፡ ብኒሕ ከም ትሰርሕ ዝገብር ክብርታት'ዩ። ኤርትራ ከም ሃገር ብትሽዓተ ብሄራት፡ ብኽልተ ሃይማኖታት ዝቘመት'ያ። ኲለን ብሄራት'ውን ነናተን ባህሊ፡ ክብሪ፡ ሕግን ነውርታትን ኣሎወን። ካብ ኲለን ዝተወሰደ ብሉጽ ክብርታት ክንፈጥር ክኢልና። ኤርትራ ድማ ኣብ ብዙሕነት ሓድነት ዘሎዋ ሃገር ክገብራ ዝኸኣለ፡ ዘሎዋ ሓድሕድ ናይ ምጽዋርን ስምረትን ክብርታት ብሄራታ'ዩ።

መንእሰያት፡ ብፍሉይ፡ ኣብ ምውርራስ ሰውራዊ ክብርታት ደረጃ ሂብካ ክትዛረበሎም ክብድ ይብል እዩ። ብሓፈሻ ግን ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕጊ ነውርን ዓገብን ስለ ዝጥቀም፡ እቲ ክብርታት ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ይውረስ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ከኣ ሰውራዊ ክብርታት፤ ተወፋይነት፡ ብጻይነት፡ ስኻ ጽናሕ ኣነ ክስዋእ፡ ፍቕሪ ሃገር፡ ብሓባር ምስራሕ፡ ባህሊ ዓያይነት፡... ተወሪሱ ኣሎ።

እዚ ነቲ ሰውራዊ ክብርታት ዝፈጠረ ወይ ክውን ዝገበረ ወለዶ ብዓቢኡ፡ እዚ ብሉጽ ክብርታት ናብ ንኣሽቱ መንእሰያት ንኸሓልፍ፡ ኲሉ ዓይነት ተበግሶታት ክውሰድ ኣሎዎ። ታሪኽ ወይ ፍጻመ ክስነድን ክዝንቶን እንተ ዘይክኢሉ ከም ዘይነበረ ይኸውን። ብመልክዕ መጽሓፍቲ፡ ሓጸርቲ ዛንታታት፡ ናይ ዋርሳ መደባት



ብምድላው፡... እቶም ፈጸምቲ እቲ ታሪኽ ከዘንተወሉን ከውርሱን ኣሎዎም። እቶም መንእሰያት’ውን ሰውራዊ ክብርታት ናይ ምውራስን ምዕቃብን ወኒ ክህሉዎም ይግባእ። ከም መንእሰያት፡ ታሪኽና፡ ክብርታትናን ፍሉይነትናን ከይፈለጥና ክንቅጽል ስለ ዘይንኽእል፡ ክንመራመር፡ ክንሓትት፣ ካበይ መጺእና፤ ኣበይ ኣለና፤ ናበይ ኢና፤ እናሓተትና ክንከይድ ኣሎና። ምስ መንነትናን ታሪኽናን ምትእስሳር ክህሉወና ግድን እዩ። ምኽንያቱ፡ መሰረት ከይሓዝካ ዝብጻሕ ደረት የለን።

***



***ዳዊት ገብረኣብ***
***መጓዓዝያ ምድሪ ሰንዓፈ***

ሰውራዊ ክብርታት ዝበሃል፡ ኣብ ግዜ ሰውራ ንተቓለስቲ ናጽነት ከም ዘይስገሩን ዘይስበሩን መተኣሳሰሪ ብጾት ኮይኑ ዝሰርሐ ክብርታት ብጻይነት፡ ተወፋይነት፡ ሓድነት፡ ሃገራውነት፡ ማዕርነት፡ ሓቦ፡ ኒሕ፡ ጽንዓት፡... እዩ። ኣብ እዚ ክብርታት እዚ ድማ ንተጋደልቲ ንሓድሕዶም ዘሎዎም ርክብ ብምስጣም፡ ነቲ ሕሱም ገድሊ ዝያዳ ከም ዝቐልል ገይሩ።

ክብሪ ማለት ሓደ ሕብረተሰብ ዝመሓደረሉን ዝነባበረሉን ፍቱን ጥበብ ምሕደራ ወይ’ውን ሜላ ምንባር’ዩ። ሰውራዊ ክብርታት ድማ ነቶም ንናጽነት ኤርትራ ክውን ንምግባር ዝቃለሱ ዝነበሩ ተጋደልቲ፡ ከም ዝተኣማመኑ፡ ብቐኑዕ መንፈስ ከም ዝጓዓዙ፡ ኣብ ንሓድሕዶም ዘሎዎም ፍቕርን ምትሕልላይን ንኽቕጽሉ፡ ፍልልያቶም ንኸጽብቡ፡ ብሓንቲ ሃገር ንኽሓስቡ ኣመሓዳዲሩዎምን ኣስርሒዎምን’ዩ። ስለዚ፡ “ክብሪ” ኢልካ ምግላጽ ይከኣል’ዩ።

ሰውራዊ ክብርታት ካብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነቐለ’ዩ ክበሃል ይከኣል። ዋላ’ኳ እዞም ክብርታት ኣብ ግዜ ሰውራ ጐሊሖም ይረኣዩ። ኣብ ባህልን ስነ ምግባርን ኤርትራ ኣይነበሩን ኣይንብልን ( ገለ ውሑዳት ገዲፍካ ማዕርነት) ንኣብነት ኣብ ግዜ መሳፍትንቲ እንተሪኢና ከም በዓል ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሙን ኣብ መትከሎም ጽኑዕ ንህዝቦም ከኣ ውፉይ ሓቦን ኒሕን ዝመለሊኦም ኣቦ’ዮም። ካል ኦት’ውን ከም በዓል ደግያት ባህታ ሓጐስ ምእንቲ ናጽነት ሕብረተሰቦም ህይወቶም ዝወፈዩ ጅግና’ዮም ነይሮም። ስለዚ ሰውራዊ ክብርታት ካብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝነቐለ ኮይኑ ዝተፈላለየ ጽገናን ምትዕርራይን ገለ’ውን መሰራታዊ ለውጢ ብምግባር ወኒንዎም።

መንእሰይ ኣብ ምውራስ ሰውራዊ ክብርታት ጽቡቕ ኣሎ ክበሃል ይከኣል። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን ከምቲ ዝድለ ጨቢጥናዮ ኣለና ክበሃል ኣይከኣልን። ወሪስናዮ ክንብል እንተኾይና ብዙሕ ነገራት ከም ዝተርፈና ክሰሓት ወይ ክዝንጋዕ የብሉን።

ናይ ምስግጋር ሓላፍነት ናብ ሓደ ወገን ኣዛዚኻ ኣሰኪምካ ዝግደፍ ኣይኮነን። ናይ ኩሉ ወገን ምኺኑ ክዝንጋዕ የብሉን። ኣውራሲ ናይዚ ክብሪ ብሓላፍነት ናብቲ ወራሲኡ ናይ ምውሳድ ሓላፍነት ክስከም ኣለዎ። እቲ ክወርስ ዝድለ ዘሎ’ውን ናይ ምውራስ ባህግን ተበግሶን ክህልዎ ይግባእ። እዞም ክልተ እንተዘይሰሚሮም እቲ ናይ ምውርራስ ክውን ንኽኸውን ኣይክእልን።

መንእሰይ ሓደ ካብቶም ናይ ዝኾነ ምዕባለ ወሳኒ ተራ ዝጻወት’ዩ። ንትሕቲኡ ዘለዉ ደረጃ ዕድመን ንልዕሊኡ ዘለዉን መራኸቢ ድልድል’ዩ። ኣብ ምውርራስ ዘለዎ ቐርብነት ክዓቢ ይግባእ። ምኽንያቱ ድሕሪ ምውራሱ ናብቲ ብድሕሪኡ ንዝመጽእ ወሎዶ ናይ ምስግጋር ሓልፍነት ዝስከምን ብዝግባእ ከውርስን ዘለዎ መንእሰይ ብምዃኑ’ዩ። ጌጋ ሓበሬታ ወይ ውን ዝንቡዕ ታሪኽን ክብርታት ከየስግር’ውን ጥቁው ክኸውን ይግባእ። ስለዚ ንሕና መንእሰያት ኣቓዲሙ ከም ዝተገልጸ ናይ መንእሰይ መግለጺ ክንውንን ክህልወናን ይግባእ።

ግደ መንእሰይ ኣብ ምውርራስን ምስግጋርን እቲ ዝዓበየ እጃም’ዩ። ምኽንያቱ ተሰካሚ ሕድሪ ተረካቢ ሃገር ክሳብ ዝኾነ ብዛዕባ እታ ዝርከባ ዘሎ ሃገር ክብራን ታሪኻን ኣብ ምውራስ ዓቢ ግደ ክጻወት ይግባእ። ዋላ’ውን ኣውረስቲ ኣያታትና ስቕ ናይ ምባል ባህሊ እንተለዎም ንሕና መንእሰያት ግን ተኸቲኽና ጺጋታቶም ፍልጠቶም ክንወርስ እንወስዶ ስጉምቲ ወሳኒ ተራ ኣለዎ።

***



ሱራፌል ተስፋብርሃን

# ተመሃራይን ምንባብ መጽሓፍትን

ዓመተ-ትምህርቲ ተዛዚሙ፡ ተመሃሮ ናይ ክረምቲ ዕረፍትና ኣብ ምስትምቓር ጸኒሕና ኣለና። ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ብኸመይ ከነሕልፎ ጸኒሕና? ሕጂኸ ትምህርቲ ብግቡእ ክሳዕ ንጅምር ክንገብሮ ዝሓሰብናዮ መደባት ኣሎዶ? ብርግጽ ክህሉ እዩ። ነቲ ብሰንኪ ስሩዕ ትምህርትን መጽናዕትን ምናልባት ዘየርከብናሉ፡ ክንገብሮ ባህ ዝብለና ዝነበረ ንጥፈታት፡ ክንገብር እዋኑ ኰይኑ ኣሎ። ኣብ እዋን ትምህርቲ፡ ተወሰኽቲ መጽሓፍቲ ንምንባብ ግዜ፡ ዓቕሊ፡ ትብዓት፡ ... ዘይረኸብና እንተ ነይርና፡ ኣብዚ ተሪፉና ዘሎ ሰሙናት ብውሑዱ ገለ መጽሓፍቲ ንምንባብ እኹል ግዜ ክንረክብ ኢና።

መጽሓፍ ምንባብ፡ ሓደ ካብቲ ተመሃሮ ኣብ ንእስነቶም ከማዕብልዎ ዝግባእ ባህሊ እዩ። ባህሊ ንባብ፡ ካብ ህጻንነት እናተኾስኮሰ'ዩ ዝዓቢ። ብፍላይ ንተመሃሮ፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ውጽኢቶም ዝምልኦ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ብተገዳስነት ክሹስኩስዎ ናይ ኩሉ ሰብ ናይ ኩሉ ግዜ ትጽቢት እዩ። መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ሕታማ ኣብ 'ዓምዲ ኣካዳሚ' ንባህሊ ንባብን ኣገዳስነቱ ንተመሃሮን ከተቕርብ መሪጻ ኣላ፣ ሰናይ ናባብ።

## ኣገዳስነት ንባብ እንታይ እዩ፧

### 1 ምንባብ፡ ናይ ቋንቋ ክእለት የዕቢ።

መጽሓፍ ምንባብ፡ ኣብቲ ነንብበሉ ዘለና ቋንቋ ዘሎና ክእለት ንኸንዕቢ ሓጋዚ እዩ። ንእግረ-መገድና እናኣንበብና እንረኽቦ ቃላት፡ ንማህደር ቃላትና ስለ ዘስፍሖ ብእኡ ኣቢሉ ኣብቲ ቋንቋ ዘሎና ዓቕሚ ይዓቢ። ምንባብ ንማህደር ቃላትና ጥራይ ኣይኰነን ዘዕቢ፣ እንተላይ ንስርዓትን ኣቓውማን እቲ ነንንብበሉ ዘለና ቋንቋ፡ ሰዋስው፡ ብዝፍለጠናን ብዘይ ፍለጠናን ኣገባብ ክንርዳእ ይሕግዝ። ኣየናይ ቃላት፡ ሓረጋትን ምሉኣት ሓሳባትን መዓስን ኣበይን ከም እንጥቀመሉ እውን ክንፈልጥ ይሕግዝ። ብእኡ ኣቢሉ ከኣ ሓሳብና ብዝቐለለን ብልክዕን ንኽንገልጽ ይሕግዝ።

### 2 ምንባብ፡ ዝተፈልየ ኵርናዕ ናይ ምርኣይ ዓቕምና የዕቢ።

ምንባብ ንጉዳያት ኣዚርና ክንፈልጦ፡ ክንርድኦን ክንትንትኖን የኽእል'ዩ። ኣብ ዓለም ዘሎን ዝፍጠር ኩነታትን ዝዓመቒ መረዳእታ ክህሉወና ኣገዳሲ እዩ። ምንባብ ከኣ ዝዓመቒን ዝተፈልየን ኣጠማምታን ክህሉወና ስለ ዝሕግዝ ኣገዳሲ ይገብሮ። ብምንባብ ኣቢሉ ዝጥረ ክእለት ወይ ልምዲ ንዓለም፡ ኩነታትናን ንፍልቀት ሓበሬታን ብምርዳእ ኣተሓሳስባና ከም ዝሰፍሕ ይገብር።

### 3 ምንባብ፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ምውዳን ብቕዓት የዕቢ።

ምንባብ፡ ልክዕ ከም ምምጋብ እዩ። ብዘይካ'ቲ መግቢ ኣእምሮ ምዃኑ፡ መግቢ በሊዕካ በሊዕካ የጉስዓካ'ዩ፣ ብዙሕ ምንባብ'ውን ብምጽሓፍ ኣቢሉ ከም ትጕስዕ ይገብረካ'ዩ። ምንባብ ቋንቋኻን ኣጠማምታኻን ምስ ኣስፈሐ፡ ብምጽሓፍ ከተተንፍስ ዝዓበየ ድፍኢት ይፈጥር። ሓሳባትካ ከተነጽር፡ ብግቡእ ክትውድንን ቅርጺ ከተትሕዝን ምኽኣል፡ ኣብ ምጽሓፍ ከም ክእለት ይቕጽር፣ ምንባብ ከኣ ናብዚ ክእለት ዘብጽሕ መሳልል እዩ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ትምህርቲ፡ ንፉዓት ኣንበብቲ ተመሃሮ፡ ሓሳቦም ብጽሑፍ ክገልጹ እንከለዉ ኩሉ ሳዕ ጸብለል ክብሉ እዮም ዝረኣዩ።

### 4 ምንባብ፡ ንኣካዳምያዊ ውጽኢት ብእወታ ይጸሉ።

ምንባብ፡ ምስ ጽቡቕ ውጽኢት ተመሃሮ ተኣሳሲሩ ክግለጽ ሰሚዕና ኣለና። ኣብ ክፍሊ ዝወሃበና ትምህርቲ ብዝቐልጠፈ ንምርዳእ፡ ዝሰፍሐ ኣጠማምታ ዘሎና እንተ ኾይንና ዝቐለለ ይኸውን። ዝሰፍሐ ኣጠማምታ ናይ ከባቢኻን ነብስኻን

ክህሉወካ ከኣ ምንባብ ኣብ ቅድሚት ዝስራዕ መሳርሒታት ሓደ'ዩ። ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዝወሃብ መግለጺታት ብዝቐለለን ዝቐልጠፈን ንኽትርድኦ፡ ዝሰፍሐ ኣጠማምታን ክፉት ኣእምሮን የድሊ፣ እዚ ኸኣ ብምንባብ ዝብጻሕ ክእለት'ዩ። ኣንባቢ ተመሃራይ፡ ብዓቕሊ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኮፍ ኢልካ ናይ ምንበባ ልማድ ኣጥርዩ ስለ ዝጸንሐ፣ ናይ ትምህርቱ መጽሓፍቲ ወይ ጥራዝ ንኽንበብ ዝኣክል ዓቕልን ዓቕምን ኣኻዕቢቱ ስለ ዝጸንሐ ኣይክሸገርን እዩ። ዲሲፕሊን መጽናዕቲ ተመሃራይ፡ ብናይ ምንባብ ባህሊ ክጥረ እንከሎ ድርብ መኽሰብ ኣሎዎ።


### 5 ምንባብ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘብጽሕ መንኰርኰር እዩ።

ብመገዲ ምንባብ ዓለም ክንበጽሕ ኣይንሽገር ኢና። ኣብ ዓለም ዘሎ ባህሊ፡ ኣጠማምታ፡ ተመኩሮ፡ ፍልስፍና፡ ... ብምንባብ ክንበጽሖ ንኽእል ኢና። መሰረት ልቦና ወይ መሰረት ፍልጠት ከባቢኻ ብግቡእ ምርዳእ እዩ። ምንባብ ኪንዮ ከባቢኻ፡ ብጂኦግራፍ ካባኻ ዝረሓቐ ከባቢ ብሓሳብ ክትበጽሕ የኽእል። ንኸባቢኻን ዓለምን ብዝቐለለ ብምርዳእ ኣረኣእያኻ ከተስፍሕን ኣድማሳዊ ኣጠማምታ ክህሉወካን የኽእል።

### 6 ምንባብ፡ ንተመሃሮ ንዝለዓለ ደረጃ ንኽዳለዉ ይሕግዝ።

ተመሃሮ፡ ኣብ ኮለጅን ድሕሪኡ ዝስዕብ ስራሕ ዓለምን ዕዉታት ንክኾኑ'ውን የዳሉ እዩ። ብመገዲ ምንባብ ዝምዕብል ናይ ምትንታን፡ ምድህሳስን ኣቀራርባን ብቕዓት፡ ኣብ ኮለጅን ስራሕ ዓለምን ኣገዳሲ ክእለት'ዩ። ምንባብ ከኣ ነዚ ዓቕሚ ካብ ዘሕስኩሱ ንጥፈታት ሓደ እዩ።

***



ምርዳእ፡ ምትንታት፡ ምትእስሳርን ምዝማድን፡ ዕጥቅና ክንገብሮ ምንባብ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ኣሎዎ።

## ምንባብ መጽሓፍቲ ንተመሃሮ እንታይ ክጠቕሞም ይኽእል፧

### 1 ርእሰ-ተኣማንነት የዕቢ

ምንባብ ርእሰ-ተኣማንነት ንምዕባይ ይሕግዝ እዩ። ብምንባብ ኣቢልና ገዛእ ርእስና ክንርዳእ፡ ናትና ኣረኣእያ ክህሉወና፡ ክንኣምነሉን ክንበቕዖን ስለ እንኽእል፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ዘሎና ተኣማንነት ይዓቢ።

### 2 ኣተኩሮ ናይ ምሃብ ዓቕሚ የዕቢ

ምንባብ፡ ኣተኩሮ ይሓትት'ዩ። ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ ኣብ እነንብበሉ፡ ካብ መሳጥነቶም ዝተላዕለ፡ ኣድህቦና ኣብኡ ይተሓዝ። ብእኡ ኣቢሉ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣተኩሮ ናይ ምግዛእ ክእለት ክነዕቢ ይሕግዝ።

### 3 ፈጠራውነት ይኹስኩስ

ምንባብ፡ ንተመሃሮ ናብ ሓድሽ ሓሳባት፡ ኣረኣእያን ተመኩሮን ስለ ዘቃልዓና፡ ናይ ምፍጣርን ምምሕያሽን ዓቕምና ከዕብዮ ይኽእል።

### 4 ማሕበራዊ ምትእስሳራት የዛይድ

ህዱኣት ሰባት ኣብ እንርእየሉ፡ ቅድሚ ሓሳቦም ምግላጾም ብርግኣቶም ጥራይ ኣንበብቲ ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ንጥርጥር ኢና። ምንባብ፡ ስምዒታትና ንኽንቈጻጸር ኣመና ሓጋዚ ብምዃኑ፡ ምስ ሰባት ኣብ እንገብሮ ርክባት ስምዒታውያን ኣይንኸውንን። ንመን እንታይ ንብል? ብምንታይ ንብሎ? ዝብሃልን ዘይብሃልን ስለ ዘፍልጠና፡ ማሕበራዊ ምቅርራብና ንኸነዕቢ ሓጋዚ እዩ።

### 5 ግድል ናይ ምፍታሕ ዓቕሚ የማዕብል

ግድልን ተመሃሮን መካይድቲ እዮም፣ ተመሃሮ ካብ ፈተና ስለ ዘየዕርፉ። ብሓፈሻኡ ህይወትን ግድልን እውን ኣይፈላለያን እየን። ምንባብ፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ግድላትና ይኹን ናይ ህይወት ግድላትና ኣብ ምፍታሕ ዝህሉወና ዓቕሚ ንኽዓቢ ይሕግዝ እዩ። ተመሃሮ ኣብ ትምህርትና ዝገጥመና ግድላት ንምፍታሕ ዘኽእል ክእለታት፤

### 6 ክትምሃር ናይ ምኽኣል ሸውሃት የዕቢ

ፍልጥትት'ዛ ዓለም መወዳእታ የብሉን፣ ፍልጠት ገዛእ ርእስና'ውን ከምኡ። ንኽትፈልጥ፡ ንኽትመሃር፡ ዘኽእል ክፉት ዝኾነ ኣእምሮ ብቐሊል ኣይርከብን። ተመሃሮ፡ ንዝኾነ ፍልጠት ክፉት ኣእምሮ ንኽህሉዎም ኣንበብቲ ክኾኑ ኣገዳሲ እዩ።

“ነቲ ዘጽናዕክዎ ብኪዳፆ ኽንተ ጽሒፈዮ ካፆርስያን’ዮ”

# ጁልያኖ ፍራንቸስኮ ኣውጂነዮ

ሳንቲና ደበሳይ

**◆ እዋን ቁልዕነትካ ከመይ ትዝክሮ?**

ሽዑ ከምዚ ሕጂ ዘለኹዎ ህዱእ፡ ስቕ በሃላይን ሓፋርን ኣይነበርኩን። ናብ ራብሻ ዝዘንበለ ሕሉፍ ናይ ቍልዕነት ዋዒ ከም ዝነበረኒ’ዩ ዝዝንተወለይ። ስድራይ ኣይሰምዕ፡ መምህራነይ ኣይሰምዕ፡ ኣብ ክፍሊ ብዘይ ኣገባብ ህውኽ ኢለ እምልስ . . . ኮታስ በቲ ዝመሰለኒ ዝኸይድ፡ ቀይዲ በተኽ’የ ነይረ። ብዘይካ ጸወታ፡ ሰሓቕ፡ ምድግዳግ ኣብ ካልእ ኣቓልቦ እገብር ኣይነበርኩን። ኣብ ትምህርቲ ዘይግደስ፡ ኣዝየ ውዑይን ረባሽን’የ ነይረ። እዚ ነቲ ናይ ትምህርቲ ህይወተይ ብኣሉታ ጸልይዎ ነይሩ’ዩ። ክነፍዕ፡ ሽልማት ክወስድ እናኽኣልኩ፡ ብሰንኪ ሸለልትነት ይሓልፈኒ ነይሩ።




ጁልያኖ፡ ዓባዩ መንቲ፡ ምዕባይ ሓዉ በረኸት

**◆ ናይ ትምህርቲ ድሕረባይታኻ**

1998 ኣብ ባረንቱ ተወሊደ ዓብየ። መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንጉስ ባዘን፡ ማእከላይ ደረጃ ክሳዕ ሻዱሻይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዱታ ተማሂረ። ድሕሪኡ ናብ ዞባ ደቡብ ከይደ። ሻብዓይን ሻሙናይን ሰገነይቲ ሓሊፍካ ሔቦ ኣብ እትበሃል ዓዲ ምስ ናይ ካቶሊክ ማሕበር፡ ኣብ ቦርዲንግ ክመሃር ጀሚረ። ኣብኡ ትምህርቲ ሃይማኖትን ሞራልን ብስሩዕ ይምህሩና ስለዝነበሩ፡ ናይ ባህርዩ ለውጢ እናምጻእኩ መጺአ። ንመምህራነይ ክሰምዕ፡ ክስተውዕል፡ ኣብ ትምህርቲ ክግደስ ጀሚረ። ጽቡቕ ነጥቢ ኣምጺአ ናብ ታሸዓይ ክፍሊ ምስ ሓለፍኩ ድማ ክሳዕ 11 ክፍሊ ኣብ ደቀምሓረ ተማሂረ። ድሕሪኡ ናብ ሳዋ ወሪደ። ካብ ሳዋ ድማ ናብ ኮለጅ ሰጊረ።

**◆ ኣብ መባእታ ከመይ ኔርካ?**

ከምቲ ቀዲመ ዝገለጽክዎ፡ ንፉዕ ኣይነበርኩን። ብቕዓት እናሃለወኒ፡ ኣብ ትምህርቲ እግደስ ኣይነበርኩን። ብሰንኪ ዋዒ ብዙሕ ይሓልፈኒ ምንባሩ ፍሉጥ’ዩ። ዝበዝሐ ግዜይ ኣብ ጸወታ’የ ዘሕልፎ ነይረ። ኣብ ሕጂ ኾይነ ክሓስቦ ከለኹ፡ ስለምንታይ



ከምኡ ነይረ የጣዕሰኒ’ዩ።

**◆ ሕጂ ብመንፍዓትካን ብልጸትካን ልሉይን ኣብነታውን ኳንካ ስለዘሎኻ፡ ናብ ድሕሪት ተመሊስካ ዘጣዕስ የብልካን። መንፍዓትካ ኣብ ኣካዳሚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ምምህርናኖውን ብተመሃሮ ጽቡቕ ተቐባልነት ከም ዘሎካ ሓበሬታ ኣሎና። መንፍዓትካ ካብ መዓስ’ዩ ዝጀምር?**

ክሳዕ ማእከላይ ደረጃ ምስ ተውህቦይን ብቕዓተይን ከለኹ ብሰንኪ ተገዳስነት ብዙሕ ሓሊፉኒ እዩ። ናብ ቦርዲንግ

ሔቦ ምስ ኣተኹ፡ ከጽንዕ ጀሚረ። ብኡ ንብኡ ድማ ክነፍዕ ጀሚረ። ድሕሪኡ እቲ መንፍዓት ተሰቢሉኒ፡ ጽቡቕ ቀጺለ። እቲ ቦርዲን ናይ ገዛእ ርእሱ ውሽጣዊ ሕግታት ነይርዎ። ኩሉ ንጥፈት ብግዜ ዝተኣስረ'ዩ ነይሩ። መዓስ ትድቅስ፡ መዓስ ትትስእ፡ መዓስ ትምገብ፡ መዓስ ትምሃር፡ መዓስ ተጽንዕ፡ መዓስ ትጻወት ፍሉጥ'ዩ ነይሩ። ካብቲ ምዱብ ግዜ ፈልከት ምባል ኣይነበረን። ኣብ ግዜ መጽናዕቲ፡ ኩሉ ተመሃራይ ጥራዙ ገንጺሉ ከጽንዕ ኣለዎ። ወለቕ ዘለቕ የለን፡ ግዲታ'ዩ። እዚ ንዓይ ኣብ ህይወተይ ዓቢ ለውጢ ከምጽእ ብዙሕ ሓጊዙኒ። ድስፕሊን፡ ኣጠቓቕማ ግዜ ብግቡእ ተማሂረ። ናይ ምንባብ ልምዲ ኣጥርየ፣ መቐረት መጽናዕትን ምንባብን ብዝግባእ ክስተማቐር ጀሚረ። ካብታ ቀዳመይቲ ዓመት ካብ ሻብዓይ ክፍሊ ብልጫ ክወስድ ጀሚረ። ጥዑም ጥዑም ጥዒሙኒ ብእኡ ቀጺለ፡ ኣብዚ ዘለኽዎ ደረጃ ኸኣ በጺሐ።

**◆ ግደ ስድራቤትካ ኣብ መንፍዓትካ?**

ኣብ መባእታ፡ ኣብቲ ዝነበርክዎ፡ ኣብ ባረንቱ ማለት'ዩ፡ ኩሉ ኣባል ስድራ ቤት ብኣፉ ኪድ ተመሃር፡ ኣጽንዕ ይብለካ እምበር፣ ግቡእ ምክትታል ምግባር ልሙድ ኣይነበረን። ተማሂርካ ገዛ ምስ ኣተኻ፡ እንታይ ተማሂርካ? እንታይ ኣጽኒዕካ? እንታይ ፈሊጥካ? እንታይ ዕዮ ገዛ ኣለካ? ወዘተ. ኢሉ ዝሓተካ ዳርጋ የለን ክብል እደፍር። በዚ ኣጋጣሚ፡ እዚ ጉዳይ ብዝምልከቶ ጕስጓስ ዘድልዮ ምዃኑ ከዘኻኽር እደሊ። ናይ ወለዲ ኣልያን ኰስኳስን ካብ እዋን ቈልዕነት'ዩ ክጅምር ዘለዎ። ንውሉድ ካብ ቁልዕነቱ ቅኑዕ መስመር ክተትሕዞ ኣለካ። እንተ ዘይኮይኑ፡ ምስ ጎበዘ ናብ መስመር ከተእትዎ ከቢድ ዋጋ'ዩ ዝሓትት።

**◆ ካብ መዓስ ደኣ ኢኻ ክትንፈዕ ጀሚርካ?**

ኣጽንዕ ኢሎም ናብ ዝከታተሉኒ ምስ ከድኩ'የ፡ ኣጽኒዐ ክነፍዕ ዕድል ረኺበ። ኩሉቲ ስድራቤት ክክገብሮ ዝግባእ ነገራት፡ ኣብ ቦርዲን ምስ ኣተኹ'የ ረኺበዮ።

**◆ ናብ ሔቦ እንተ ዘይትኸይድ ኔርካ፡ ነዚ ናይ ሕጂ ጁልያኖ ምረኽብናዮዶ መስለካ?**

ኣይመስለንን። ምኽንያቱ ከየጽናዕካን ከይጸዓርካን ክትነፍዕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ናይ ምንባብን ምጽናዕን ልምዲ'ውን ስቕ ኢሉ ዝመጽእ ኣይኮነን። ኣንብብ፡ ኣጽንዕ ዝብለካ፡ ዝንበብ ዝቕርበልካ ኮታስ ዘማእዘንካ ሰብ የድልየካ'ዩ። ኩሉ'ዚ ድማ ኣብ ሔቦ ኣብ ቦርዲን እየ ረኺቢዮ።

**◆ ፈለማ ኣብ ሔቦ ናብ ቦርዲን ምስ ኣተኻ፡ ከመይ ተሰሚዑካ? ሓድሽ ቦታ ምስ ሓደስቲ ሰባት ክትላለ ከመይ ነይሩ?**

ካብቲ ዝለመድካዮ ማሕበራዊ ናብራ ውጽእ ኣብ ዝበለ፡ ናብ ካልእ፡ ዘይትፈልጦ ቦታን ዘይትፈልጦም ሰባትን ክትጽንበር፡ ዋላ ዝጸበቐ ይኹን፡ ክብድ ክብለካ ንቡር'ዩ። ኩሉ ነገር ብሰዓትን ብስነስርዓትን ዝተኣሰረ'ዩ። መጀመርታ ምስ ኣተኹ እቲ ሕጊ ተነቢቡለይ። ብኸምዚ ኢኻ ትጓዓዝ ተባሂለ። ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝመጻእና፣ ዝተፈላለየ ቛንቋ ንዛረብ ሰባት ተኣኪብና ኣርባዓተ ሓሙሽተ ቛንቋ ንዛረብ ሰባት ኢና። ብሓድሽ ሕጊ ኢና ንመሓደር። በቲ መምርሒ ክንከይድ ግዴታ'ዩ። ስለዚ ምስ'ቲ ዝጸናሕክዎ ንግዚኡ ክብድ ኢሉኑ ነይሩ። ንኽለምዶ ግና ግዜ ኣይወሰደለይን። ኣብ መወዳእታ ኣዝዩ ጠቒሙና። ውጽኢታዊ ኾይኑ። ስለዚ፡ ነታ ናብ ሔቦ ከም ዝኸይድ ዝገበረትኒ ዓባየይ፡ ነቲ ቦርዲንን ኣባላቱን ደጊመ ደጋጊመ ከመስግኖም እደሊ። እዚ ሕጂ ዘለኽዎ ናታቶም ውጽኢት'ዩ።

**◆ ድሕሪ ቦርዲን ዝነበረ ጉዕዞ ከመይ ነይሩ?**

ኣብ ቦርዲንግ ክኣቱ ከለኹ፡ ካህን ክኸውን እዩ ነይሩ እቲ ሓሳብ። መቐረት ትምህርቲ ኣስተማቒረ ክነፈዕ ምስ ጀመርኩ'የ ሓሳባተይ ቀይረ። ሳዋ ወሪደ ማትሪክ ክሓልፍ ምዃነይ ጥርጥር ስለ ዘይነበረኒ፡ ባህ እናበለኒ ሳዋ ወሪደ። ሓሳብ ልበይ ሰሚሩለይ፡ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ኣምጺአ፡ ኣብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ ናይ ላዕለዋይ ትምህርተይ ቀጺለ።

**◆ ቅድሚ ናብ ኮለጅ ምስጋርና፡ ብዛዕባ ሳዋ ገለ ክትብለና ምደለኹ።**

ኣብ ምሕደራ፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ቦርዲን፡ ናይ ሳዋ ዝሓለፈ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑኒ። ኩሉ ብግዜ ዝተሰርዐ'ዩ። ዲፕሊን፡ ስነምግባር ከኣ ማዕረማዕረኡ። ኣብ ሳዋ በቲ ንስኻ ዝደለኻዮ ዘይኮነ፡ ብመምርሒታትን ስነምግባርን ተቐይድካ ኢኻ ትኸይድ። ክትለማመዶ ልዕሊ ክልተ ሰሙን ኣይወስደልካን'ዩ። ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ምስ ዝመጹ ተመሃሮ ተላልየ፣ ትምህርቲ ኣስተማቒረ፣ ናይ ኢሂን ምሂን ባህሊ ኣጥርየ፣ ባህሊ ዝተፈላለየ ሕብረተሰብና ፈሊጠ። እዚ ርእሱ ዝኸኣለ ዓብዪ ትምህርቲ'ዩ። ኣብ ሳዋ ኩሉ'ዩ ዘሎ። ምትሕግጋዝ፣ ብሓባር ምጽናዕ፣ ብሓባር ምምጋብ፡ ብሓባር ማእቶታዊ ስራሕ ምዕማም፡ ስፖርት፡ ታዕሊም፡ ሰሓቕ፡ ጸወታ . . . ፍሉይ እዩ። ብዙሕ ተመኩሮ ቀሲመ።

**◆ ኣብ ሳዋ ኣገባብ ኣጸናናዓ ከመይ እዩ ነይሩ? ምስ ናይ ሔቦ ከመይ ተነጻጽሮ?**

ኣብ ኣገባብ መጽናዕቲ፡ ናይ ሳዋ ካብቲ ናይ ሔቦ ክብድ ይብል'ዩ። ግዜ መጽናዕቲ ምስ ኣኸለ ኩሉ ተመሃራይ ጥራዙ ገንጺሉ ከጽንዕ ኣለዎ። ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ድምጺ ኣይትሰምዕን ኢኻ። ኣነ ብውልቀይ ናይ መጽናዕቲ ልምዲ ስለ ዝጸንሓኒ፡ ነቲ ግዜ መጽናዕቲ ብግቡእ እጥቀመሉ ነይረ። ንዓይ ኣዝዩ ሓጊዙኒ'ዩ። ንብዙሓት ሓጋዚ ምንባሩ'ውን ፍሉጥ'ዩ።

**◆ ኣገባብ ኣጸናንዓኻ ከመይ እዩ?**

ኣብ ክፍሊ መምህር ክምህር ከሎ 'ኖት' እሕዝ። ገዛ ምስ ከድኩ መጽሓፍ ገንጺለ ምስ'ቲ መምህር ዝገለጸልና እናገናዘብኩ ኣጽንዕ። ሎሚ መዓልቲ ዝተመሃርክዎ ሎሚ'የ ዘጽንዖ። ኣየቐንዮን እየ። ተቐንዮ እንተ ኼንካ ምርሳዕ'ውን ስለ ዘሎ፡ ከምቲ ዝድለ ኣድማዒ ዘይክኸውን ይኽእል'ዩ። ተመሃራይ እቲ ዝዓበየ ስርሑ ኣብ ትምህርቲ ከመይ ይነፍዕ እዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ኸኣ ኣብ ክፍሊ ብግቡእ ምክትታልን መጽናዕቲ ምብዛሕን'ዩ እቲ መፍትሒ። እንተጽንዒካ፡ እንተ ጽዒርካ ፍረ ክትሓፍስ ግድን'ዩ።



◆ ንምንታይ ኢልካ ኢኻ ተጽንዕ? ንፈተና ወይስ ንፍልጠት?

ሓቂ ሓይሽ ቅድም ንመርመራ ኢልካ እንዲኻ ተጽንዕ። ብኡ ጌርካ ፍልጠት ክተኻዕብት ምኽንካ ኸአ ኣይጠፍኣካን'ዩ። ከም ኣገባብ ግን ንፍልጠት ኢልካ ክተጽንዕ ከለኻ'ዩ ዝያዳ ውጽኢታዊ ዝኾውን። ንፍልጠት ኢልካ መዓልታዊ ተጽንዕን ብዙሕ ተንብብን እንተ ኼንካ፡ ኣብ መርመራ ኣይትጽገምን ኢኻ። ድሕሪ መርመራ ኣብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈርካ'ውን ክትዕወት ምኽንካ ርጉጽ'ዩ። ስለዚ ምንባብን ምጽናዕን ንፍልጠት እንተ ኾነ ዝሓሸዩ ዝብል እምነት'ዩ ዘሎኒ።

◆ ናብ ናይ ኮለጅ ሂወትካ ክንሰግር

ለሚድካዮ ዝጸናሕካ ቦታ ክትቅይር ከለኻ፡ ይኸፋእ ይጽብቕ ኣብቲ ፈለማ ቅሩብ ግር ክብለካን ፍርሂ ክስመዓካን ንቡር እዩ። ኣብ ኮለጅ ልዕለይ ብዙሕ ዝረኣዩ፡ ምስ ተክኖሎጂ ዝተላለዩ፡ ዝያዳ ሓለፋታት ዝጸንሖም ተመሃሮ ክህልዉ ምኻኖም ይርደኣኒ ነይሩ። ምስ ከምዚኦም ዝመሰሉ ተመሃሮ ብኸመይ ማዕረማዕረኦም ክስጉም ኣሎኒ ኢለ ሓሲበ። እቱው ምስ በልኩ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ሰሚስተር ቅሩብ ሓውሲ ተጋይሸ ነይረ። ጸኒሑ ግና እቲ ምትሕግጋዝ፡ እቲ ሃቢርካ ምስራሕን ምጽናዕን ናይ ሳዋ ስለዝጸንሓኒ፡ ኣይተጸገምኩን። ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ጽቡቕ ነጥቢ ኣምጺአ። ድሕሪኡ ኩሉ ስለ ዝተለማመድክዎ፡ እቲ ስክፍታ፡ እቲ ፍርሂ ምሉእ ብምሉእ ተቐንጢጡለይ ክሳዕ ዝውድእ ብዘይ ስክፍታ ብጽቡቕ ቀጺለ።

◆ ስለምንታይ ኢኻ ጆኦግራፍ መሪጽካ?

ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ከለኹ፡ ኣብ ናይ ሳይንስ ትምህርቲ “ሶላር ሲስተም” ዝብል ኣርእስቲ ምስ በጻሕና፡ መምህርና ጽቡቕ ገይሩ ምስ ኣረድኣና፡ ፈትየዮ። በዚ ኣጋጣሚ ነቲ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ጽልዋ ዘሕደረለይ መምህረይ (መምህር ሓድሽ ፍጹም) ከየመስገንክዎ ክሓልፍ ኣይደልን። ብዛዕባ ወርሒ፣ ከዋኽብቲ፣ ስነ-ምድሪ፡ ዓይነታት ኣግራብን ኩሉ ፍጥረታትን ጽቡቕ መረዳእታ ሒዘ። ታሽዓይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ ድማ እቲ ኣብ ሻብዓይ ክፍሊ ዝተመሃርክዎ ብዝርዝር ጸኒሑኒ። ኣቐዲመ ተረዲኡኒ ፈትየዮ ስለዝነበርኩ፡ ቀጺለዮ። ኣብ ኮለጅ ከም ኣማራጺ ምስ ጸንሓኒ ድማ ዓይነይ ኣይሓሰኹን።

◆ ትጽቢትካን ክዉንነትን ከመይ ጸኒሑካ?

ጆግራፍ ምምራጸይ ጌጋ ምኽኑን ዳግመ ግምት ክገብረሉን ከማኽሩኒ ዝፈተኑ ሰባት ነይሮምዮም። እንተ'ኾነ ካብ ሻብዓይ ክፍሊ ኣትሒዘ ፍቕሩ ሓዲሩኒ ስለዝጸንሐ፡ ብርድየት እየ ኣትየዮ። ተዓዊተሉ ድማ። ኣብ ቀዳማይ ዓመት ኣብ ሓባራዊ ትምህርቲ (common course) 2.4 ኣምጺአ። ናብ ጆግራፍ ምስ ኣተኹ ግና ኣብ ካልኣይ ዓመት 3.6፡ ኣብ ሳልሳይ ዓመት 3.8፡ ኣብ ራብዓይ ዓመት ድማ ምሉእ ነጥቢ (4) ኣምጺአ።

◆ ትምህርቲ ጆግራፍ እሞ ከመይ ኔይሩ?

ኣዝዩ ጽቡቕ። ብምርጫይ ዝኣተኽዎ ስለዝኾነ ተበሪሁኒ እየ ዝመሃር ነይረ። ምንም ምጭንናቕ ኣይነበረንን። ኣብቲ ዓውዲ ዝነበረኒ ድሌትን ፍትወትን ሓጋዚ'ዩ ነይሩ።

◆ ኣብ መጽናዕቲ እንታይ ኣገባብ ኢኻ ትኽተል?

ኣብ ክፍሊ ዝተመሃርክዎ ኖት እሕዝ። ገዛ ኸይደ ምስ መጽሓፍ እናገናዘብኩ ኣጽንዕ። እቲ ዝተረደኣኒ መሊሰ ኣብ ወረቐት ኣስፍሮ። መሊሰ ኣጽንዖ። እዚ ኣገባብ ኣብ ማትሪክ ይኹን ኣብ ኮለጅ ጠቒሙኒ'ዩ። መምህር ኣብ ክፍሊ ዘረድኣካ ብኡ ንብኡ እንተ ደጊምካዮ ኣብ ኣእምሮኻ ክተስፍሮ ሓጋዚ'ዩ። ምርሳዕ ስለዘጋጥም፡ ከተቐንዮ የብልካን።

◆ ጸወታ ቮሊቦል ትፈቱ ኢኻ?

እወ። መጀመርታ ኩዕሶ እግሪ'የ ዝፈቱ ነይረ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ፡ ኣብ ቦርዲንግ፡ ፍትዎ ኣይትፍትዎ ብመሰረት ዝወጸ መደብ ክትከይድ ግድነት'ዩ ነይሩ። ኣብኡ ዝበዝሐ ግዜ ካብ ኩዕሶ እግሪ፡ ቮሊቦል ንጻወት ኔርና። ብሓቂ'የ ዝብለኪ ንነገራት ኣይክእሎን'የ፡ ኣይፈልጦን'የ ዝበሃል ከም ዘይሰርሕ ኣብኡ ተማሂረ። ስለዚ ቮሊቦል ካብ ታሽዓይ ክሳብ ዓሰርተ ሓደ ክፍሊ ከለኹ ተጻዊተ። ምስ ከኣልክዎ ፈትየዮ። ኣብ ሳዋ፡ ምስ'ቶም ቮሊቦል ክጻወቱ ዝተመርጹ፡ ተመሪጸ ኣትየ፡ ተጻዊተ። ኣብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ'ውን ኣርባዕተ ዓመት ተጻዊተ። ስፖርት የዘንየካ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሂወት ጽቡቕ ጽልዋዩ ዘለዎ።

◆ ብቮሊቦል ዝሓለፍካዮ ዓወታት

ምስ ደቂ ጋንታይ፡ ኣብ ሳዋ ኣርባዕተ፡ ኣብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ ድማ



ጁልያኖ፡ ከም ወኪል ተመሃሮ ኮለጅ ዓድ ቐይሕ



ጁልያኖ፡ ከም ሓላፊ ሃማመተኤ ኮለጅ ዓድ ቐይሕ





ጁልያኖ፡ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈት ኮለጅ ዓድቀይሕ

ሓሙሽተ መዳልያ ዓቲርና። ሸሞንተ መዳልያ ናይ ቮሊቮል ሓንቲ ናይ ኩዕሶ እግሪ ኣለኒ። ኣብ ክላስ ናይ ጽቡቕ ነጥቢ ኸኣ ሓንቲ መዳልያ ኣለኒ። ኩሉምሉ ዓሰርተ መዳልያ ኣለኒ።

**◆ ናይ ቮሊቮል ጥሙሕካ ኣብዚ እዋንዚ**

ብግቡእ ተማሂረ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዓመት ምስ ተጻወትኩ፡ ክለብ ኣቑመ መምህር ቮሊቮል ክኸውን።

**◆ ኣብ ሃማመተኤ ዝነበረካ ተሳታፍነት**

ናይ መንእሰይ ንጥፈታት ካብ ቅድመይ እፈቱ ነይረ'የ። ዝንባለ'ውን ነይሩኒ'ዩ። ናብ ሃማመተኤ ምስ ቀረብኩ፡ ንኹሉ'ቲ ንጥፈታት ናይ ማሕበር ፈትየዮ። እቶም ሓለፍቲ ናይ ማሕበር'ውን ኩነታተይ ርእዮም፡ ተመሃራይ ሳልሳይ ዓመት ኣብ ዝነበርኩሉ፡ ሓላፍነት ሂቦምኒ። ክሳዕ ትምህርቲ ዝዛዝም ናይ'ቲ ኮለጅ ሓላፊ ሃማመተኤ ኾይነ ሰሪሐ። 12 ኣባላት ኣካያዲት ኣካል ከኣ ነይሮምኒ። ቀጻሊ ኣኼባታት እናገበርና ብዙሕ ንጥፈታት ንዓምም ኔርና። ንተመሃሮ ከመይ ጌርና ንጸልዎም፡ ከመይ ጌርና ግዚኦም ኣብ ሃናጺ ነገራት የሕልፍዎ እዩ ነይሩ ጸዕርና። እቶም ንፉዓት ነቶም ዝደኸሙ ናይ ቱቶርያል ክላስ ብምሃብ'ውን ኣብ ትምህርቶም ንኽዕወቱ ሓጋዚ ተራ ንጻወት ኔርና።

**◆ ናብ ትምህርቲ ክመልሰካ፡ ቆልዑ ኣብ ትምህርቲ ክነፍዑ እንታይ ትብሎም?**

ቅድም ቀዳድም ድሌት ክህሉ ኣለዎ። ብዘይ ድሌት፡ በስገዳድ ዝኸውን የለን። ስለዚ መጀመርታ፡ እቲ ተመሃራይ ኣብ ዓለምና ዘሎ ኩነታት ክፈልጥ ኣለዎ። ሰብ እንተ ተማሂሩ እንታይ ክገብር ከም ዝኽእል ክፈልጥ ኣለዎ። ኩሉ ኣብ ዓለምና ዘሎ ምዕባለታት ብትምህርቲ ከም ዝመጸ መረዳእታ ከም ዝህልዎም ክንገብር ኣሎና። እንተ ዘይተማሂርካ ከም ሰብ፣ ከም ሃገር ንድሕሪት ከም ትተርፍ ክፈልጡ ኣለዎም። ብቑንቋ ኩናማ ነዊሕ ዓመት ዝገበረ፡ "ትምህርቲ እንተ መረረካ ደሓር ግን ፍረኡ ምቁር" ዝብል ናይ ትምህርቲ መዝሙር ኣሎ። ብዘይ ጻዕሪ ዓወት ስለዘየለ ምጽዓር የድሊ። ክትነፍዕ ክትጽዕር ኣለካ። ተመሃራይ እንተ ኼንካ ዝዓበየ ስራሕካ ትምህርቲ'ዩ ክኸውን ዘለዎ።

**◆ ተራ ወለዲኸ?**

ብቐዳምነት'ዩ ዝስራዕ። ወለዲ ደቆም ክከታተሉ፡ ጥራዛውቶም ክፍትሹ፡ ምስ መምህራኖም ምቕሉል ርክብ ክገብሩ፡ ክጽንዑ . . . ክድርኾም ኣለዎም። እቲ ወላዲ ዋላ ትምህርቲ ኣይሃለዎ፡ ደቁ ምስ ንፉዓት መማህርቲ ክኸዱ ክተባብዕዎም ኣለዎም። እገለ ንፉዕ ስለዝኾነ፡ ምስኡ ቅረብ፡ ምስኡ ኺድ፡ ጸውዓዮ ኣብዚ ኄንኩም . . . ኣጽንዑ ወዘተ. ክብልዎም፡ ክተባብዕዎም የድሊ።

**◆ መጻኢ መደብካ**

ካብ ኮለጅ ብጽቡቕ ነጥቢ ተመሪቐ። ኣብዚ እዋን ኣብ ሳዋ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ እምህር ኣለኹ። ዕድል እንተ ረኺበ ክሳዕ ናይ ዶክትረይት (PHD) ክቕጽል'የ መደበይ። እቲ ዕድላት ይቀላቐል ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ክበጽሓኒ ምዃኑ እተኣማመንየ። ኣብ ሃገርና ማእለያ ዘይብሉ ዓይነታዊ ኣእማንን ኣኻውሕን ስለዘለና፡ ኣብዚ ዓውዲ ብዙሕ ዝስራሕ ኣሎ።

**◆ ኣብ መወዳእታ**

ቅድም ቀዳድም ክሳዕ እዛ ሰዓት ብህይወት ንዘጽንሓኒ ልዑል ፈጣሪ ኣመስግን። ቀጺለ ንዓባየይ ሓቦኛን መስተውዓሊትን'ያ። ንሳ ትምህርቲ ዘይብላ ክንሳ፡ ትምህርቲ እተተባብዕ ዘመናዊት ሰብ'ያ። ካብ ቆልዕነተይ ክሳዕ ኣብዚ ዘለኽዎ ክበጽሕ ናታ ግደን ኣበርክቶን ዝለዓለ'ዩ። ኣብ ሐቦ ኣብ ቦርዲንግ ምስ እንዳ ፓድረ ከመሃር፣ ሳዋ ክኸይድ፡ ኮለጅ ኣትየ ክዕወት ኩሉ ሳላኣ'ዩ። መንግስተ ሰማይ የዋርሳ። ቀጺለ ኣደይ ሽዋ እውን ኣብ መንፍዓተይ ተራኣ ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ሐቦ ከለኹ ዘተባብዑኒ ኣለይተይን ነቲ ድሲፕሊን ዘትሓዘኒ ስርዓቶምን ከምኡ'ውን ክሳብ ሕጂ ካብ ጎድነይ ከይተፈልዩ ዘተባብዑኒ ዘለዉ እውን ከመስግን እደሊ። ንመጽሔት መንእሰይ ከኣ።



## ተክኖሎጂ

# ሰብ ሰርሖ ብልሒ

## Artificial Inteligence (AI)

እንጂነር ሚኪኤል በርሀ

ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ፡ ሓደ ካብዞም ዘመናውያን ፍርያት ቴክኖሎጂ ኮይኑ፣ ኮምፕዩተራት ወይ ካልኦት ዝቐምራ ናይ ቴክኖሎጂ መሳርሒታት ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ኣገልግሎታት ክህባ ከለዋ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ንብሎ። ከም ኣብነት ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝዓጠቓ ኮምፕዩተራት ይኹና ካልኦት ናይ ቴክኖሎጂ መሳርሒታት፣ ክመሃራ፡ ክርዳኣ፡ ክሓስባ፡ ክትንትና፡ ካብ ቋንቋ ናብ ቋንቋ ክቕይራ፡ ብዓቢኡ ድማ ካብቲ ዝተማህኦን ዝተንተነኦን ምርኩስ ብምግባር ሓሳባትን ምኽርን ክህባ ዓቕሚ ኣለወን።

ንኣብነት ሓንቲ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝዓጠቐት ኮምፕዩተር ብዛዕባ ኤርትራ ምስ ሓተትካያ፡ መጀመርያ እትፈልጦ ሓበሬታ ትህበካ። እቲ ዝሃበትካ ሓበሬታ ጌጋ እንተኾይኑ፡ ጌጋ ምዃኑ ድማ እንተሓቢርካያ፣ ካልኣይ ግዜ ምስ ሓተትካያ እቲ ድሒራ ዝተማህረቶ ሓሳብ ኣብ ግምት ኣእትያ እያ ክትምልሰልካ እትጅምር።

ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዓንዲ ሕቖ ናይ ምህዞታትን ቴክኖሎጅን እዩ ኮይኑ ዘሎ። ዝተፈላለዩ መጽናዕታትን ዓበይቲ ሊቃውንትን እውን ናይ ሰብ ቦታን ተራን ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ክይትካእ መዓልታዊ ስክፍተኦም እናኣስምዑ ይመጹ ኣለዉ። ወረግ ገሊኦም'ሲ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ስራሕ ኣልቦነት ክዓቢ ምዃኑ ዝዛረቡ ኣለዉ። ኣብዚ እዋን እዚ ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ዝምእዘኑ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዝነጥፉ ሮቦታት እናተማህዙ ይመጹ ኣለዉ። እዞም ሮበታት ሜሽን ምዃኖም ከይተርፎም ብቐመራ ዝሰርሑን ዘይደኽሙን እዮም። ከም ኣሳሰይቲ፡ መጥባሕቲ ዝገብሩ ዶክተራት፡ ከም ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታት፡ ከም ተለኣኣኽቲ..... ወዘተ። እቶም ዝመሃዙ ዘለዉ ሮበታትን ዓይነታቶምን መወዳእታ የብሎምን። ኣብ መወዳእታ ዝመጽእ ሕቶ እምበኣር፡ በዚ ኣሻቓሊ ቴክኖሎጂካዊ ፍርያት

ተዋሒጥና ከይንተርፍ እንታይ ክንገብር ኣለና ዝብል እዩ።

## ብኣርተፊሻላዊ ብልሒ (AI) መታን ከይንህሰ፡ እንታይ ክንገብር ኣለና፤

ኣብዚ እዋን እዚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ መሰረት ናይ ኩሎም ነገራት እናኾነ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ግና ኸኣ ኩሉ ጉዳይና ኣብዚ ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ እንተ ኣመርኲስናዮ፡ ዘለዉና ኩሎም ዓይነት ክእለታት ክባድሙን ክደምዩን እዮም።

ልክዕ ከምቲ ካልኩሌተራት ነቲ ብሓንጐልካ ዝግበር ምቕማር ኣገዳስነት ዘይብሉ ዝገበርኦ፣ ከምኡ’ውን ከም በዓል ኡበር ዝኣመሰላ ምዕባሌታት ናይ ቴክኖሎጂ ምምሃር መካይን ኣገዳስነት ከም ዘይብሉ ዝገበረኦ፣ ኣብ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝርአ ዘሎ ገዚፍ ምዕባለ ድማ ሰባት ክሓስቡ ኣብ ዘየገድስሉ እዋን ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። እቲ ዝዓበየ ጸገም ድማ ኣብዚ እዩ ዘሎ። ናይ ብሓቂ፡ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ምሕሳብ ዘድልየና ግዜ እምበኣር ኣብዚ እዋን እዚ እዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ጊላታት ናይተን ብመንገዲ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ገይረን ዝደለይኦ ሓበሬታ ዝቕርባልና ዘለዋ ትካላትን ውልቀ ሰባትን ክንከውን ንኽእል ኢና። እዚ ድማ መወዳእትኡ ጽቡቕ ኣይክኸውንን እዩ።

ብልጫታት ናይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ብፍጹም ዝኽሓድ ሓቂ ኣይኮነን። ዝደለኻዮ ኢመይል የምጽኣልካ፡ ዓበይቲ ጽብጻባት ጸሚቑ የቕርበልካ፡ ዝሓተትካዮ ሕቶ ብድምጺ ይምልሰልካ፡ ካብኡ ሓሊፉ’ውን ዝተፈላለዩ ኮዳት ብምውህሃድ ዝደለኻዮ ዓይነት ሶፍትዌር ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ኣጥርዩ ኣሎ። እዚ ዘይክሓድ ብልጫን ጥበብን ዘለዎ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ኣብ ውሽጡ ግና ዓቢ ዝኾነ ሓደጋ (risk) ተሰኪሙ እዩ ዝጸንሓካ። ካብ ኮሌጅ MIT ዝተረኽበ መጽናዕቲ ከምዘመልከቶ፡ ልዕሊ ዓቕን ዝኾነ ምጥቃም ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ንደረጃ ኣተሓሳስባና ብልዑል ደረጃ ከምዘሃስዮን ናብ ታሕቲ ደረጃ ከምዘውርዶን እዩ ዝሕብር።

ምንባብ ካርታን ሓበሬታን ከም ኣብነት ናይዚ ነጥቢ እዚ ከነልዕሎ ንኽእል ኢና። ብሰንኪ ግዙፍ ጥቕሚ GPS ማለት ሰባት ብብዝሒ ስለዝጥቀሙሉ፣ ሰባት፡ ዳርጋ ካርታ ብኸመይ ከም ዘንብቡ ኣብ ዝጠፍኦም ደረጃ ኢና በጺሕና ዘለና። እዚ ድማ ነቲ ካርታ ከንብብ ዝግበኦ ክፋል ኣእምሮና፡ ኣብቲ ብኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝመሓደር ቴክኖሎጂ ከም ዝምርኮስ ስለዝገበርናዮ ከምቲ ዝግባእ ክምዕብል ክሓስብን ኣይክእልን እዩ ዘሎ ማለት እዩ።

እሞ፣ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ባዕሉ መወዳእታ ዘይብሎም ናይ ተኽእሎታት ዝርዝር ከዳልወልና እናኸኣለ ስለምንታይ ባዕልና ክንትንትን (brainstorming) ምግባር የድልየና፧ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ባዕሉ ኩሉ ዝፈልጥን ዝርዳእን ክንሱ፡ ስለምንታይ ዳግማይ ምርግጋጽ ዘድልየና፧ ኩሉ ጉልበታዊ ስራሕ ባዕሉ እናዓመመልና ስለምንታይ ጉልበት ክንጥቀም ዘድልየና፧ እቲ ሕቶታት መወዳእታ የብሉን። ኣብ ውሽጥና ትህኪት ስለዘለና፡ ኣእምሮና ነቲ ዝወሓደ ተቓውሞ ዘለዎ መንገዲ እዩ ዝመርጽ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ሕርያ እዩ። እዚ ተፈጥሮኣዊ ኣቋውማና ድማ ብዙሕ ከይሓሰብና ናብ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ከም እንምርኮስ እዩ ዝገበረና። ወይ ዝደፍኣና። በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ምትንታን ዓቕምና ከም ዝጠፍእ፡ ብሱል ውሳነ ካብ ምውሳድ ብዓቢኡ ድማ ሽግራት ናይ ምፍታሕ ፈጣራዊ ዓቕምና ከምዝዳኸም ይኸውን።

## በሊሕ ኣጠቓቕማ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ (AI)፣ ካብ ምጥቃሙ ምግላል ዘይኮነ፡ ጥቡቕ ምትእስሳር ምግባር

ሓይሊ ናይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ንደረጃ ኣተሓሳስባና ናብ ታሕቲ ኣውሪዱ ከምዝምርት ቅድሚ ምግባሩ፣ ነዚ ሓይሊ እዚ ብኸመይ ክንጥቀመሉ ንኽእል፧ እቲ መልሲ ‘ካብ ምጥቃሙ ምግላል ዘይኮነ፡ ጥቡቕ ምትእስሳር ምግባር’ ኣብ ዝብል ኣበሃህላ እዩ ዝርከብ። ንኣርተፊሻላዊ ብልሒ ከም ሓደ ግዙፍ ሓይሊ ዘለዎ መሳለጢ ነገራትካ ድኣ እምበር ከም መተካእታኻ ገይርካ ክትሓስቦ የብልካን። ከም ኩሎም ነገራት፣ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ጥቡቕ ዝኾነ ግምገማ፡ ምእዛና፡ ምክትታል ዘድልዮ ቴክኖሎጂካዊ ፍርያት እዩ። እዚ ማለት ድማ ምስ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ



ኣብ ትገብሮ ምትእስሳር ጥቡቕ ዝኾነ ኣቓልቦ ክምዘድልየካ እዩ ዘርኢ።

## ጥቡቕ ዝኾነ ኣርትዖት፡ ደጊምካ ምንባብን ሕልፍ ሕልፍ እናበልካ ምርግጋጽን

ንኣርተፊሻላዊ ብልሒ ከም ሓደ ልዑል ጸዓትን ተኽእሎን ዘለዎ ጸጋ ክንሓስቦ ንኽእል ኢና። ማዕረ ማዕሪኡ ግና ንእሽተይ ሓደጋ ዘለዎ ኣምር እዩ። ምስ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝተኣሳሰር ስራሕ ኣብ ተካይደሉ፡ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ሒዝካ ምኻድ ጥራይ ኣርባሒ ኣይኮነን። ዝዓበየ ስራሕካ፡ ነቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ብናትካ ዓቕሚ ክትዕቅኖን ክትልክዖን ምኽኣል እዩ። ብውሕዱ ተሪር ኣርትዖት፡ ደጊምካ ምንባብን ምስ ዝተፈላለዩ ሓቅታት እናኣወዳደርካ ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ምንጽጻርን መሰረታዊ ነገር እዩ።

እዚ መስርሕ እዚ፡ ናይ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ጸገማት ንምርካብ ዝዓለመ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ነቲ ናይ ኣተሓሳስባኻ ክእለት ንምዕባይ እዩ። ካብኡ ሓሊፍካ ድማ እቲ ረኺብካዮ ዘለኻ ሓበሬታ ሓቅነቱን ቅንዑነቱን ንምርግጋጽ ዝዓለመ እዩ።

ስለዚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ብዝሃበካ ቀዳማይ መልሲ ክትዓግብ የብልካን። ብቐጥታ ብዛዕባ እቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ሓበሬታ ሕሰብ፣ ዝርርብ ክፈት፣ ስለምንታይ፡ ብኸመይ፡ መዓስን ካልእን ዝብሉ ተሰዓዓብቲ ሕቶታት ሕተት፣ ዝተፈልየ ኣጠማምታ እንተሎ'ውን ደጋጊምካ ክትርኢ ፈትን ብዓቢኡ ድማ ነቲ ረኺብካዮ ዘለኻ ሓበሬታ ናይ ገዛእ ርእስኻ ተመኩሮ ምርኩስ ብምግባር ክትብድሆ ፈትን። እዚ ኣገባብ እዚ እቶም ብመንገዲ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ እትረኽቦም ሓበሬታ ውርጹጻትን ቅኑዓትን ኣብ ምግባሮም ልዑል ተራ እዩ ዘጻወት። ካብኡ ሓሊፉ'ውን እቲ ትደልዮ ዘለኻ ልክዕ ነገር ኣብ ምንጻር'ውን ይሕግዘካ እዩ። ብሓፈሻ እዞም ኣገባባት እዚኣቶም ካብ ጊላ ምዃን ኣድሒኖም፡ ንጡፍ ተጠቃማይ እዮም ዝቕይሩኻ።


## ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ምምንጫው ሓሳባት

ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዘለዎ ጽልዋ መወዳእታ የብሉን። ኣብዚ እዋን እዚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ብዝተፈላለዩ ኣፕሊኬሽናት ተሰንዩ ኣብ ኩሎም ዓውድታት ርኡይ ዝኾነ ጽልዋን ዕብለላን እናኣርኣየ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። እቲ ዓውድታት ሰፊሕን ብዙሕን ስለዝኾነ ንኹሎም ዘዕባታት ኣልዒልና ክንዛረብ ኣጸጋሚ እዩ። ንሕጂ እምበኣር ከም ኣብነት ንተራ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ምምንጫው ሓሳባት ክንርኢ ኢና።

ኣብዚ እዋን እዚ ዘለዉ፡ ቻት ጂፒትን (ChatGPT) ጉግል ጀመኒን (Google Gemini) ዝተባህሉ ፍሉጣት ኣፕሊኬሽናት ሓበሬታ ኣብ ምምንጫው፡ ፈጠራዊ ሓሳብ ኣብ ምቕራብ ብዓቢኡ ድማ ካብ ኣዝዩ ብዙሕ ተኽእሎታት ናባኻ ዝቐረበ ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ዝሕግዙና ኣፕሊኬሽናት እዮም።

ነቲ ብመንገዲ እዞም ኣፕሊኬሽናት ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ከም ሓደ ኣስካሬን (draft) ሓበሬታ ጥራይ ኢኻ ክትርእዮ ዘለካ። ነቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ፡ ብዝተፈላለየ መልክዕ እቲ ሓበሬታ ቅኑዕ ምዃኑ ከተረጋግጽ ፈትን። ነዚ ድማ፣ ዝተፈላለየ ኣገባብ ድልያ ብምጥቃም፡ ነቲ ዝረኸብካዮ ሓበሬታ ምስ ተመኩሮኻ ብምዝማድን ብምውድዳርን፡ ዝተፈልየ ምንጪ ሓበሬታ ብምጥቃምን ካልእ ሜላን ከተረጋግጾ ዝከኣል ነገር እዩ።

ስለዚ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ከም ሓደ ንዓና ክትክእ ዝመጸ ቴክኖሎጂካዊ ፍርያት ዘይኮና፣ ከም ሓደ ደረጃ መነባብሮና ንክዓቢ ዝመጸና ምህዞ ገይርና ኢና ክንርእዮ ዘለና። ነዚ ሓቂ እዚ ክውንነታዊ ንምግባሩ ድማ ነቲ ብመንገዲ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ከም ሓደ ውዱእ ሓበሬታ ከይወሰድና ብዘለና ዓቕምን ሜላን ሓቅነቱ ከነረጋግጽ ኣገዳሲ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ 'ኣብ መጸኢ ሰብ ኣንጻር ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኪቃለስ እዩ' ዝብል ኣተሓሳስባ ብ 'ሰብ ምስ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ተሓባቢሩ ዝፈጥሮ ጽባቐ' ክቕየር እዩ ማለት እዩ። ኣብ መወዳእታ ዝመጽእ ዘረባ ንጹር እዩ። ንኣርተፊሻላዊ ብልሒ ከም ልብኻ ተጠቀመሉ፣ ግና ኸኣ ናይ ምምዝዛን ሓይልኻ ከተጥፍ የብልካን ዝብል እዩ።



# ሕማም ቀልዓለም

## (Nice guy syndrome)

ሳምራዊት ሊብዮ

ሓደ ሰብ፡ ብሰሪ ምቖት ጸሓይ፡ ጸራቢ እምኒ ምኳኑ ይጸልኦ'ሞ፡ ንፈጣሪ፡ "ንምንታይ ኣነ ከም ጸሓይ ክኸውን ዘይትእዝዝ?" ይብሎ። ፈጣሪ ድማ ጸሎቱ ሰሚዑ ከም ምንዮቱ ንክኸውን ፈቐደ። ጸሓይ ምስ ኮነ'ውን ኣብ ምቕት ምንባር ኣይማእምኦን። ንረስኒ ጸሓይ ክውሕጥ ሓይሊ ዘለዎ ደመና ምስ ረኣየ ኸኣ፡ "ደበና ክኸውን ደልየ" በለ። ፈጣሪ'ውን ድልየቱ ኣይከልከሎን። ደመና ናብ ዝናብ ተቐይሩ ኣብ ኣኻውሕ ጀቡብ ምስ በለ'ውን፡ ከውሒ ክኸውን ለመነ። ንሱ'ውን ኣይማእመኦን። ወዮ ከውሒ ማሳ ብዘልዓለ ሰብ ክሰባበር ምስ ተዓዘበ፡ ኢሉ ኢሉ ናብ'ታ ዝነበራ ተመሊሱ። ሰብ ኮይኑስ፡ ናብ ምጽራብ እምኒ ተመሊሱ።

ሰብ፡ ነጸብራቕ ናይ'ቲ ኣብ መስርሕ ዝሃነጾ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ስምዒት ምኳኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ሓደ ሕጻን ምስ ተወልደ፡ ንነብሱ ጥራይ ይፈልጥ። ቀጺሉ ድማ ምስሊ ዓለሙ ኣደኡ ትኸውን። ጠብዩ ክዕንገል ከም ዝኽእል ይርድኦ። ሽዑ ዓለም ምልእቲ፡



ማለት ንኹሉ ነገር ከም ዝጥቦ ገይሩ ይወስዳ። እናዓኾኸ ኣብ ዝኸደሉ ምስ ግዳም እናተላግዐን እናተሃንጸን ምንባር ይጅምር።

ኣብ ውሽጢ ከባቢኻ ወይ ሕብረተሰብ፡ ከም ነብስኻ ንኽትከውን ክትሰግሮ ዘለካ መሰናኽል ኣሎ። ኣብ ገለ እዋን ድልየታትካ ወይ ስምዒታትካ ብንጹህ ልቢን ብልክዕን እንክትገልጽ፡ "ዓገብ" ዝብል ሰብ ጎፍ ይብለካ። "ደልየ ወይ ሃቡኒ" እንተ በልካ'ውን "ስሱዕ - ቀልዓለም ግበር፡ ሰኽፍታ ይሃልኻ. . ." ዝብል መግናሕቲ ይሰሃለካ። ሓሳብካ ወስ እንከተብል "ደረቐኛ - ደፋር. . ." ዝብሉ ሻምጣት ክስንዘሩልካ ይኽእሉ። በብቐኑብ 'ክይብሉኒ' ብዝጨርሓልካ ፍርሒ፡ ካብ ሓቀኛ መንነትካ እናተፈንተትካ ትኸይድ። ንሰባት ንኸተሕጉስ ኢልካ እትገብሮ ነገራት እናበዝሐ ብዝኸደ መጠን፡ "ነብሰይ ደሓን ኩኒ" ዝዓይነቱ ሰብ ትኸውን። ጽልኣት ነብስኻ ደድሕረኻ ይስዕብ ምህላው ኣይተስተውዕሎን። ንገዛእ-ነብስኻ ምጽላእ ድማ ንነብስኻ ምጽላእ የስዕብ።

ኣብ ጾታዊ ዝምድናታት ቀልዓለም ብምግባርካ ኣቓልቦ ክትረክብ ከምትኽእል ትሓስብ። ብሰሪ ቀልዓለም ነቲ ዝደለኻዮ ብዘይምርካብካ ናይ ጽልእን ቑጠዐን ስምዒት ይሓድረካ፡ ሰባት ንቀልዓለምካ ክርድኡልካ ትጽበ። ስለ'ዚ



ድማ ተጸባዩ ወይ ጽግዕተኛ ናይ'ቶም ምሳኻ ቅርበትን ርክብን ዘለዎም ሰባት ትኸውን።

እዞም ፍቕሪ እንስሳ ዘጸልሎም ገለ ሰባት'ሲ፡ ከም'ዚ ምስ ጎነፎም ደኾን ይኸውን? እወ. . እንስሳ ፍቕሪ ንኽልግሰልካ ዘቕርቦ ቅድመ ኩነት ዘለዎ ኣይመስለንን። በቃ - ተፍቅሮ የፍቅረካ ጥራይ።

ሰብ ንነብሱ እንተፈተወን ጸጽቡቑ እንተ ደለየን፡ መፋጥርቱ እዩ። ኩሉ ኣብ'ዛ ዓለም ዘሎ ሃብቲ ናቱ እንተ ዝኸውን ዝጸልእ ድዩ መሲሉኩም? መቸም ደረት-ኣልቦ ድልየታትና ብሓጹራት ከባቢና እንተ ዘይተዓጊቱ ኣብ ሃልወሳ ምንባርና ኣይተርፍን። ግን ካብ ዓቕን ንላዕሊ ክኸውን የብሉን። ብጥምየት ኣብ ሃለፍታ ዝኣተወ ሰብ "ኣብልዑኒ" እንተ በለ ዘኽፍእ ኣይኮነን። "ዒብ ዘይትገብር" ምባል መቸም ካብ "ትም ኢልካ ሙት" ዝፍለ ኣይኮነን። ሕብረተሰብና'ኳ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው "ሕማቕ ቃል-ዓለም" ዝብል።

እዚ ቃል-ዓለም "Nice guy syn-




drome” ዝብሉዎ ባህሪ፡ ክንዮ ዓቕን እንክኸውን፡ ንገዛ-ነብስኻ ብኸቢድ መቕጻዕቲ ተሳቕያ ከም ዘለኻ እዩ። ክሳብ ብዘይርድየትካ ንገዛእ-ነብስኻ ንኻልኦት ከም ገጸ-በረኸት ክትህባ ዝገብር እዩ። ግዜኻ፡ ጉልበትካ፡ ንብረትካ ዋላ ምንባርካ ከይተረፈ ንኻልኦት ምውፋይ እዩ። ብናይ ካልኦት መምርሒ ትጓዓዝ’ሞ “ኣይጠዓመንን” ንኽትብል’ውን ይኸብደካ።

እቲ ዝገርም፡ ኣብ ምርጫ ካልኦት፡ ኣብ ቅድሚት ዘይትስራዕ ምኳንካ እዩ። ኩሉ ሰብ ኣብ ናይ ገዛእ-ርእሱ መስመር ጥራይ’ዩ ቀዳማይ ዝስራዕ።

ሕያዋይ ወይ ትሑት ሰብ ክትከውን መን ይጸልእ? እዚ ግን ንኻልኦት ምሕጋዝ ልባዊ ሓጎስ ዝፈጥረሉ ምስ ዝኸውን እዩ። ዝጽበዮ በደላ’ውን የብሉን። ንሰባት ብምሕጋዝካ ጣዕሳ ወይ ካልእ ስምዒት ዝፈጥረልካ እንተኾይኑ፡ ሕያዋይ ክትከውን ምፍታን ልቦና ኣይኮነን። ምኽንያቱስ ቀልዓለም “nice guy syndrome” ብዝብሉዎ ሕማም ተጠቒዕካ ንነብስኻ ትቐጽዓ ስለ ዘለኻ።

ንኽምስሉ ኢሎም ቀልዓለም ዝገብሩ ሰባት፡ ወይ በዚ ሕማም ተጠቒዖም ኣለዉ፡ ወይ ድማ ዝጽበይዎ በደላ ኣሎ ማለት’ዩ። ንነብሶም ከኣ ከም መርኣያ ናይ ‘ሕያዋይ ሰብ’ ገይሮም ዝቐጽሩ’ዮም። ግና፡ ክልተ ነገር ኣሎ። እቲ ናይ ብሓቂ ሕያዋይ ሰብ፡ ሕያዋይ ምኳኑ ከም ፍሉይ ባህሪ ገይሩ ኣይወስዶን። ከም ኣጀንዳ ዝሰርዖ’ውን ኣይኮነን። ዝበዝሐ ናይ ቴራፒ ክኢላታት፡ ሕማም ቀልዓለም፡ ኣብ ባህላዊ ትጽቢት ወይ ውልቃዊ ስእነተ ውሕስነት ዝተመስረተ ምኳኑ ይሰማምዑ።

ናይ ብሓቂ ሕያዎት ሰባት፡ ኣብ ገለ ሕብረተ-ሰብ ከም ድኹማት ወይ ልኡማት ክረኣዩ ንዕዘብ ኢና። ካብ’ቶም ብዘይ ናይ ውሽጦም ቀልዓለም ዝሳቐዩ ሰባት ፈሊና ክንርእዮም ግን ይግባእ። ሕማም ቀልዓለም ዝሓደሮም ሰባት፡ ምልኣትን ውሕስነትን ዘይስመዖምን፣ ድኹም ርእሰ-ምትእምማን ዘለዎም፣ ብድኹም ዝምድና ምስ ከባቢኦም ዝለለዩ፣ ብጸቕጥን ጭንቀትን ዝሽገሩ እዮም። ኣብ ርእሲ’ዚ፡ አበራቶም ክሽፍኑ ይጽዕሩ፣ ምስ ካልእ ሰብ ዘለዎም ዝምድና ይበትኩ፣ ንዕቑር ዓቕሞም ብምልኣት ክጥቀሙሉ ይኹን ክነብርዎ ኣይክእሉን።

እዚ ሕማም፡ ነብሰ ንቕሓትን ንዘይብሉ ሰብ፡ ብዘይርድኦ መንገዲ ናብ ዘይተደልየ ኣንፈት ክመርሖ ይኽእል። ብኸመይ ክቃለል ወይ ክእለ ከም ዝኽእል ድማ ክዝረበሉ ጸኒሑ’ዩ። እዚ ኣብ ሰለስተ ‘ምስጢራዊ ውዕል’ “covert contracts” ዝምርኮስ ኰይኑ፡ ቀዳማይ፡ ቀልዓለም ዘለዎ ሰብ እንተ ኼንካ፡ ዝኾነ ሰብ ከም ዘፍቅረካ ርድኢት ምሕዳር’ዩ። እንተኾነ፡ ሰብ፡ ቀልዓለም ብምግባርካ ዘይኮነ፡ በቲ ሓቀኛ ነጸብራቕ እንታይነትካ’ዩ ዝመዝነካን ዝቐርበካን።

እቲ ካልኣይ፡ ንድልየታት ናይ ካልኦት ብዘይቅድመ-ኲነት ምስ እተማልእ፡ ኣምሳይኡ ንሳቶም’ውን ከይሓተትካዮም ድልየታትካ ከማልኡልካ ምጽባይ እዩ። ኣብ’ዚ እውን ኩላቶም ሰባት ንዝገበርካሎም ጽቡቕ ዝፈድዩ ዘይምኳኖም ምርዳእ የድሊ። ሳልሳይ ድማ፡ ቅኑዕ ግበር፡ ጥጡሕ ህይወት ይህልወካ ዝዓይነቱ’ዩ።

እዚ ስሉሳዊ “ምስጢራዊ ውዕል” ብዝተፈላለየ ምኽንያት ክሰርሕ ዘይክሰርሕ ይኽእል እዩ። ናይ ቀልዓለም ባህሪ ዘለዎም ሰባት፡ እዚ ግጉይ ርድኢት ከዐውቶም ከምዝኽእል እዮም ዝኣምኑ። ምኽንያቱ እዞም ሰባት፡ ኣተሓሳስባኦም እናጸልእዎን ክሕግዞም ከምዘይክእል፡ ሰብ ውዕሎም’ውን ንድልየቶም ከማልኡሎም ከምዘይክእሉ እናፈለጡ ክቕየሩ ዘይክእሉ ምኳኖም እዮም።

እዚ ባህሪ፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ኪጋጥም ዝኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ከም’ዚ ዓይነት ባህሪ ኣብ ጾታዊ ዝምድናታት ዝኽሰት እኳ እንተኾነ፡ ጾታዊ መዘና ክህልወካ ካብ ምድላይ ዝብገስ ምኳኑ ፈላጣት ይገልጹ። መጻምዲ ንምርካብ እቲ እንኮ መንገዲ ሓገዝካ ምብርካት ምኳኑ ብምሕሳብ፡ ጉልበትካ፡ ግዜኻ፡ ኣእምሮኻ ምስ ኣውፈርካ፡ እቲ ውጽኢት ከም ትጽቢትካ ብዘይምኳኑ ኣብ ወጥሪ ትሽመም። ካባኻ ንላዕሊ ካልኦት ጎሊሖም ምስ ወጽኡ ድማ ዝያዳ ክትጉዳእ ትኽእል። ዝምድናታትካ ክፈርስ ተኽእሎ ምህላዉ’ውን ዝኸፍአ ሳዕቤን እዩ። ኣብ ዝተናውሐ ግዜ፡ ኣብ መንጎ ተጻመድቲ ቂምታን ጽልእን ክፈጥር ይኽእል።

ኣብ ዕርክነት ወይ ኣብ ሞያዊ ምትእስሳር እውን ኪጋጥም ከምዝኽእል ይእመን። ግርጭት ኣብ ምውጋድ ልዑል

ተኽእሎ እኳ እንተሃለዎ፡ ንኻልኦት ከይተጉሂ ክትብል ኩሉ ድልየታትካ ሰዊእካ ምውሳእ ዓቢ ቃንዛ ይፈጥር። ድልየትካን ደረትካን ንኸትገልጽ'ውን ከቢድ እዩ።

መሰረት ናይ'ዚ ኹሉ፡ ካብ ኣተዓባብያ ዝብገስ ምኽኑ እዮም ብዙሓት ክኢላታት ዝሰማምዑ። እዚ ድማ ምስ ባህላውን ማሕበራውን ኩነት ይተኣሳሰር። ዝበዝሑ ሰባት፡ ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም 'ሕያዋይ ክትከውን ኣለካ' ብዝብል ኣተሓሳስባ እናተጸልዉ ይዓብዩ። ምስ'ቲ ወለዶም ወይ ካልኦት ጸለውቶም ዘሰክምዎም ሓላፍነት፡ ንስምዒታቶም እናሓብኡ ክዋስኡ ይጅምሩ።

ሕማም ቀልዓለም፡ ሰባት ድልየታቶም ንኽርድኡ ዝዕንቅጽ ኣብ ርእሲ ምኽኑ፡ ድልየታቶም ብኸመይ ከም ዝረኽቡዎ ኣብ ምልላይ እውን ከም ዝሽገሩ ይገብሮም። እዚ ድማ ናብ ተመዝማዝን ዘይብቑዕን ባህሪ ዝምድና ንኽምርሑ የገድዶም።

ጭንቀት፣ ጸቅጢ፣ ከምኡ'ውን ትሑት ነብሰ ክብሪን ነብሰ ኣድማዕነትን ልሙድ ተርእዮታት እዮም። ብሕማም ቃልዓለም ዝተቐርኑ ሰባት፡ ኣብ ነብሶም ግሁድ ምልክት የብሎምን። ንነብሶም ከም ተዓጻጻፍቲ ስለዝቖጽሩዋ ግዳ፡ መንነቶም ክርድኡ ይኹን እንታይ ከምዝመስሉን ንምንታይ ከምዝድግፉን ክርድኡ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። በቲ ዝገበሩዎ ሓለፋ መልሰ-ግብሪ ምስ ዘይረኽቡ፡ ወይ ድማ ሰባት ምስ ዘየድንቑሎም ናብ ኣእምሮኣዊ ነውጺ ከምርሑ ይኽእሉ። ኣብ ዓለም ንዘለዎም ርእየት ብምጽላው፡ ግዳይ ክኾኑ የገድዶም።

ካብ'ዚ ሕማም ንኽትናገፍ፡ ነብሰ-ነጸብራቕካን ንቕሓትካ ንኽትልው ምድላይን ተበግሶን ይሓትት። ኣብ መንጎ ቀልዓለምን መሰልን ዘሎ ፍልልይ ምግንዛብ፡ ኣብ ዝምድናታትካ ደረት ምግባር፡ ነብሰ-ክብርኻ ኣብ ደጋዊ ነገራት ዘይኮነ፡ ኣብ ውሽጥኻ ብዝፈልቕ ሓቀኛ ነጸብራቕ ከም ዝምርኮስ ምግባር የድሊ። ንድልየትካን ዘገድሰካን ቀዳምነት ምሃብ ከኣ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ምኽኑ ይንገር።

ንስድራ-ቤትካን መቕርብካን ውፉይ ምኻን ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ፡ ብቕኑዕ መንገዲ ኣብ ምትግባር ፍልልይ ኣለዎ። ናትካ ተራን ምስኣታቶም ዘለካ ኣቀራርባን ብግቡእ ክትርደኦ የድሊ። ሕያዋይ ክትከውን እንተደሊኻ፡ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ግና፡ ሕያውነት ነቲ ዝገበርካዮ ሓለፋ ብምጽብጻብ ኣምሳያኡ ምጽባይ ከም ዘይኮነ ብግቡእ ምግንዛብን ምቕባልን የድሊ። ብቐልዓለም ዘይኮነ፡ ብንጹህ ልቢ ክትሕግዞም ካብ ምድላይ ትገብሮ ምህላውካ ከተረጋግጽ ይግባእ። በዚ ድማ ካብ ሕማም ቀልዓለም ክትናገፍ ተኽእሎ ኣሎ።

ቀልዓለም ምስ ዝህልወካ፡ ንስምዒታትካ ናይ ምንጻግን ሸለልትነትን ልምዲ ክህልወካ ይኽእል እዩ። እቲ ቀዳማይ መስርሕ ፍወስኡ ድማ ንስምዒታትካ ብግቡእ ምርዳእ ወይ ምስማዕ እዩ። ንነዊሕ እዋን ቀልዓለም እናገበርካ ዝጸናሕካ ምስ እትኸውንን ምስ ስምዒታትካ ርክብ ምስ ዘይህልወካን፡ ተመኩሮ ስምዒታትካን ጽልዋኡን ንኽጥርዳእ ከሸግረካ ይኽእል'ዩ። ምስ ስምዒታትካ ቀጥታዊ ርክብ ምስ ዝህልወካ ግን፡ ነቲ እትደልዮ ክትገልጽን ክትረዳድኣሉን ክሕሻዘካ እዩ።

ሓደ ካብ ዓቢ ውህበት ናይ ስምዒታትና - ንዘድልየና ኩሉ ብግቡእ ንምግንዛብ ትንቢት ዝነግሩና ምኻኖም እዮም። ከከም ንቕሓትና ድማ፡ ስምዒታትና ኣዝዮም ሃነጽትን ኣዕነውትን ክኾኑ ይኽእሉ። ብእወታ



ምስ እንምኮሮም ድማ፡ ኣብ ህይወትና ዓቢ ተራ ክህልወና ይሕግዙና።

ኣብ መስርሕ፡ ኣብ ገዛእ-ርእስኻ ምምርኳስ ክትመሃር የድሊ። ርሕቀትካ ምሕላው፡ ኣብ ገዛእ-ርእስኻ ኣተኩርካ ክትሰርሕ ስለዝሕግዝ ካልእ መፍትሒ እዩ። ሓገዝ ተሓቲትካ ቅድሚ ምምላስካ፡ ኣቐዲምካ ምሕሳብ። ንነብስኻ ብቐሊሉ ትሰድዕ ገይርካ እንተ ቖጺርካያ፡ ሰብ ንዘበለካ ዘበለ ብቐሊሉ ትቕበል እንተ ኼንካ፡ ንሰባት ምእንቲ ከተሐጉስ ዘለካ ዘበለ ምሃብ ከም ቀንዲ እንተ ወሲድካዮ፡ ደረትካ እንተ ዘይፈሊጥካ፡ ሕርቃንካ ይኹን ዓመጽካ ክትገልጽ እንተ ዘይክኢልካ፡ ኣብ ዝኾነ ዓይነት ዝምድና ኣሉታዊ ሳዕቤን ክህልዎ ግድን ምኻኑ ፍለጥ። ሓደ ወገን ጥራይ ዝረብሓሉ ዝምድና ብግቡእ ክሰርሕ ከም ዘይክእል ኣነጺርካ ተረዳእ።

ዝምድናታትካ ናብ ንቡር ንምምላስ፡ ናይ ቀልዓለም ሕማም ብግቡእ ክትፍውሶ ይግባእ። እዚ ድማ ብቅንዕናን ትብዓትን ክትወስዶ ዘለካ ስጉምቲ እዩ። "ንሰባት ከሐጉስ ክብል ነብሰይ ጠፊኣትኒ፡ ነብሰይ ምስ ረኺብኩዋ ከኣ እቶም ሰባት ጠፊኦምኒ" ዝብል ኣበሃህላ ኣሎ። ሰባት ገዛእ-ርእስኻ ክትከውን ምስ ጀመርካ እንተ ጸልኡኻ፡ ምጽላእን ምፍታውን መስርሕ ናይ ሂወት ስለ ዝኾነ፡ ክትሰግሮ ዘለካ መድርኽ ምኻኑ ተቐበሎ። ኣብ መንጎ ሕያዋይ ሰብን ቀልዓለመኛ ሰብን ዘሎ ፍልልይ ወይ ጋግ ኣጸቢቕካ ምርዳእ ድማ፡ ነዚ ሕማም ኣብ ምፍዋስ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።

***

# ሰብ ንዝበልዖ ይመስል

**ሲራክ ኣማኑኤል**



ምብላዕ ክንብል ከለና፡ ብልሙድ ኣዘራርባ ብኾራርምትና ሓይኽና ንእንውሕጦ መግብን ንሰትዮም ዝተፈላለዩ ፈሰስትን ንምግላጽ እንጥቀመሉ ኣበሃህላ’ኳ እንተኾነ፡ ክንዮኡ ዝኸይድ ትርጉም ዝህብ ኣምር ምኳኑ ግን ቀጺለ ክገልጾ ክፍትን’የ። ኣብ ጉዳይ መግብን ኣመጋግባን ዝተኻየዱ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕትታት ብዙሓት’ዮም። ንኣብነት ገለ ካብኦም ንምጥቃስ፡- ሓደ እኹል ሰብ ኣብ መዓልቲ ክረኽቦ ዘለዎ መጠን ጸዓት ወይ ካሎሪ፡ ብጾታ፡ ዕድመን ሚዛንን ዝፈላለ ኮይኑ፡ ሓደ እኹል ማእከላይ ቁመትን ተመጣጣኒ ሚዛንን ዘለዎ ወዲ-ተባዕታይ 2000-2400 ኪሎ ካሎሪ ይወስድ። ብተመሳሳሊ መዐቀኒ ጓል ኣንስተይቲ ድማ 1600-2000 ኪሎ ካሎሪ ትወስድ። ብመሰረት እዚ ዝተጠቕሰ ሓደ ኣብ ንቡር ኩነተ-ጥዕናን ሚዛንን ዝርከብ እኹል ሰብ ኣብ መዓልቲ ዘድልዮ ጸዓት ብገምጋም 10-35% ፕሮቲን፡ 45-65% ካርቦሃይድረይት፡ 20-35% ስብሒ፡ ማዕድናትን ቫይታሚናትን ክሳብ 25 %፡ ከምኡ’ውን ኣብ ማእከላይ ኩነታት ኣየር ዘለዎ ቦታ ዝነብር ሰብ ክሳብ 03 ሊትሮ ማይ ኣብ መዓልቲ ብምውሳድ ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ከዘውትርን ጥዕንኡ ከውሕስን ክኽእል ኣለዎ ብምባል፡ ምሁራት ናይዚ ዓውዲ ይመኽሩና እዮም። እሞ’ኸ ካብዞም ዝተጠቕሱ መኣዛታት መግቢ ገለ ብልዑል ዓቐን ወይ ብትሑት፡ ገለ ኸኣ ፈጺሙ ክጎድለና እንከሎ፡ ጥዕናና ብኣሉታ ኣብ ርእሲ ምጽላዉ፡ እንታይ ንምግብ ኣለና፡ እንታይ’ከ ጎዲልና ኣሎ፡ ግዳማዊ ኣካላትና ብንጹር ሓበሬታ ዝሰድድ መስኮት እዩ። ንኣብነት ሓደ ብዘይ ስፖርታዊ ምንቅስቓስ፡ ፕሮቲንን ስብሕን ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ኣዘውቲሩ ዝምገብ ሰብ፡ ከራሽ ምስሊ፡ ምልክታት ጸቕጢ ደምን ዝሑል ምንቅስቓስን የንጸባርቕ። ሓደ ቫይታሚን ሲ ዘለዎም ፍሩታታት ብስሩዕ ዝምገብ ካልእ ሰብ ድማ፡ ዎዝ ዘለዎ፡ ለማጽን ልስሉስን ቆርበት ይህልዎ። ብኻልእ ሸነኽ፡ ዝምገቦ ትሕዝቶ መግቢ ብዘይገድስ፡ ልዑል መጠን ኣልኮል ዘህልኽ ሰብ ድማ፡ ምስ ዕድሚኡ ዘይከይድ ንቑጽን ዝተጨማደደን ቆርበት ከምኡ’ውን ኩሉ ግዜ ዝባዕገገ ምስሊ ዘለዎ ገጽ ይውንን። ብሓጺሩ ደጋዊ ትርኢትና ነጸብራቕ ውሽጣዊ ኩነታት ጥዕናናን ኣመጋግባናን ምኳኑ፡ ኩልና ብቐሊሉ ንሰማማዓሉ ሓቂ እዩ። ካብዚ ብምብጋስ ከይኮነ ኣይተርፍን’ዩ ኣብ ሕብረተሰብና’ውን “ሰብ ንዝበልዖ ይመስል” ዝብል ፍሉጥ ብሂል ንረክብ።

ስለዚ መሲልካ’ እንታይ ኣምጺኻ ንዝብል ሕቶ ንምምላስ እምበኣር ናብቲ ቀንዲ ትሕዝቶ ሓሳበይ ክሰግር። “ሰብ ንዝበልዖ ይመስል” ብርግጽ ሓቂ እዩ ኢልና እንተደኣ ተሰማሚዕና፡ ዝኾነ ሰብ በቲ ብኣፉ ኣቢሉ ንኸሰዕኡ ጥራይ ዝምግቦ ነገራት ክነብር’የ ኢሉ እንተወሲኑ፡ ብኻልኣ ኣዘራርባ ካብዛ ምድሪ ኢልና ንጽወዓ ብደቂ-ሰባት እትመሓደር ዘላ ፕላኔት ብፍቓዱ ክሰናበት ወሲኑ እዩ ዝበሃል።

ምኽንያቱ ከምቲ ኣፍ ንኸሰዐ፡ ዓይኒ፡ እዝኒ፡ ኣፍንጫን ካልኦት ናይ ስምዒት ህዋሳትና ድማ ደገታት ናይ ኣእምሮና መግቢ ስለዝኾኑ። በዞም ህዋሳት ኣቢልና ዝተፈላለየ ብቓላት ይኹን ብምስልን ድምጽን ተቓሚሞም ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት ንኣእምሮና ንምግቦ። እምበኣር ወዲ-ሰብ ሓበሬታ’ውን ይምገብ እዩ። ስለዚ ብኣፍ ዝውሰድ መግቢ፡ ንዕቤት ኣካላትና ወሳኒ ስለዝኾነ፡ ዓይነቱ ብዘይገድስ ዕለታዊ ሓደ ሳዕ፡ ክልተ ሰለስተ ወይ’ውን ካብኡ ንላዕሊ ደጋጊምና ክንበልዖ ንግደድ ኢና። ከም ውጽኢቱ ነቲ እናዓበየ ዝኸይድ ውሽጣውን

ግዳማውን ኣካላትና ንምእዛዝ ድማ፡ ነቲ ብባህሪኡ በዓል ስልጣን ኮይኑ ዝተፈጥረ ኣእምሮና፡ ንቡር ናይ ምእዛዝ ብቕዓቱ ንምሕላው ሓበሬታ ዝበሃል መግቢ ክንቅልቦ ተፈጥሮኣዊ ግዴታ ኣለና።

ብሓፈሻ ውሽጣዊ ክፋላት ኣካላትና፡ ብኣፍ ይኹን በቶም ካልኦት ህዋሳትና ኣቢሉ ኣብ ውሽጥና ንዝኣቱ ነገራት ኣመስሪሑ፡ ንግዳም ናብ ዕዳጋ ዓለም ዝዝርጋሕ ግዳማዊ ምስልታት ዘፍሪ ሰብኣዊ ፋብሪካ እዩ። እንተኾነ ግን ዓይነትን መልክዕን ናይቶም ፍርያት ዝተፈላለየ እዩ። ንኣብነት ውጽኢት ኣትክልትን እንስሳታትን ዝኾኑ መግብታት ኣብ መልክዐ-ትርኢት ስጋዊ ኣካላትና ዝቐረጽ ምስሊ ይህቡና። ብኻልእ መዳይ ውጽኢት ሓበሬታ ዝኾነ ፍርያት ድማ ኣብ መልክዐ-ትሕዝቶ እነንጸባርቖም ሓሳባት፡ ዘረባን ኣዘራርባን፡ ውሳኔታት፡ ዝምድናታት፡ ምንቅስቓሳት፡ ዕለታዊ ንጥፈታትን ግብረ-መልስታትን ዝተቐርጸ መልክዕ ይህበና። ንኣብነት ሓደ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ኩዕሶ ምርኣይ ዘሕልፍ መንእሰይን፡ ሓደ ካልእ ሲሶ ናይ ግዚኡ ኣብ ምንባብ ዝተፈላለዩ መጽሓፍቲ ዘሕልፍ መንእሰይን ዘንጸባርቕዎ ምስልታት ፈጺሙ ክመሳሰል ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ ሓደ ስፖርታዊ ሓሳባት፡ ዕላልን ንጥፈታትን ከሰላስል ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ብኻልእ ሸነኽ፡ ናይ ዓለም ሓደስቲ ርኽበታትን ኣገባብ ኣሰራርሓኦምን ከድንቕ ንሰምዖ። ካብኡ ሓሊፉ’ውን ባዕሉ ዝሰነዖ ወይ ዝመሃዞ ዝተመሓየሸ ናይ ኣገልግሎት መሳርሒ ምስ ተዓዘብካ፡ መን እንታይ ይምገብ፡ እንታይ ይሰቲ ንምርድኡ ቀሊል ይኸውን። በዚ ድማ እዩ ሰብ በየናይ መሳኸቲ ኣእቲዎ፡ በየናይ ህዋስ ኣስተማቒርዎ ብዘየገድስ፡ ነቲ ዝበለዖ እዩ ዝመስል ኢልና ክንምስል ንደፍር። ስለዚ ነፍሲ-ወከፍና ምስሊ ናይቲ ኣቕዲምና ዝበላዕናዮ ኣካላውን ኣእምሮኣውን መግቢ ለቢስና ከምዘለና ካብ ተረዳኣና፡ ንመልክዕና ማራኺን ተደላይን ክንገብሮ፡ ድሮ ተፈጥሮ ዘሰከመና ሓላፍነት ከም ዘለና ክንዝክር የደሊ።

---

መኣረምታ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት መንእሰይ፡ “ጥበብ እወታዊ ኣተሓሳስባ” ብዝብል ኣርእስቲ ዝወጸ ዓንቀጽ፡ ጸሓፊኡ ሲራክ ሚኪኤል ብስም ሲራክ ኣማኑኤል ተኣሪሙ ክንበብ ንሕብር።

# ጥቕስታት እውጡ

“እቶም ኩሉ ሳዕ ሕጉሳትን ጥበበኛታት ዝኾኑ፡ ኩሉ ሳዕ ስለ ዝቕየሩ እዮም።”
Confucius

“ለውጢ ኩሉ ሳዕ ህያብ ሓዙልና እዩ ዚመጽእ።”
Price Pritchett

“ዕቤት፡ እቲ እንኮ ጭብጢ ናይ ሂወት እዩ።”
John Henry Newman

“እቲ ፈጺሙ ርእይቶኡ ዘይቅይር ሰብ፡ ልክዕ ከምቲ ዘይንቀሳቐስ ማይ ቀላይ እዩ፣ ኣብ ውሽጡ ኸኣ ለመምታ የፍሪ።”
William Blake

“ኣብ ማይ ወዲቕካ እንተ ኔርካ፡ ምናልባት ኣብ ጃብኻ ዓሳ ኣትዩ ክይህሉ ፈትሽ።”
ዘይተፈልጠ

“እናዓበና ምስ ከድና፡ ንልወጥ ዘይኩንናስ እቲ ናይ ብሓቂ ምስልና ኢና ንሕዝ።”
Lynn Hall

“ዝኾነ ነገር ምብርካት ደው ምስ ኣበልካ፡ ምማት ጀሚርካ ኣለኻ።”
Eleanor Roosevelt

“ኩሉ ነገር ኣብ ፈጣሪ ከም ዝምርኮስ ጌርካ ጸልይ፡ ግና ኸኣ ኩሉ ነገር ኣባኻ ከም ዝምርኮስ ጌርካ ስራሕ።”
Saint Augistin

“ምንቅስቓስን ገስጋስን ሓደ ከይመስለካ፡ ዝወዛወዝ ፈረስ፡ ይንቀሳቐስ ደኣ’ምበር፡ ይግስግስ ኣይኮነን።”
Alfred A. Montapert

“ንፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብቲ ዝሓፈስካዮ ዘይኮነ ብቲ ዝዘራእካዮ ክትፈርዳ እዩ ዘግብኣ።”
Robert Louis Stevenson

# ሓንቲ ሕቶ ኣሎትኒ

*መጽሔት መንእሰይ ኑቶም ካብ ኣንበብታ ብሕልፊ ድማ ካብ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝውሕዝዋ ሕቶታት፡ መጻሕፍትን ብተመራመርቲ ዝቐርቡ መጽናዕታዊ ወረቓቕትን ብምድህሳስ፡ ምሁራትን ሰብ ሞያን ብምውካስ፡ ሓፈሻዊ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው መልሲ ክትህበሎም ጸኒሓ'ያ። ንሎሚ'ውን ከም ወትሩ ንገለ ሕሩይ ሕቶታት መልሲ ኣዳልያ ኣላ። ኣብ ዝቐርብ ሕቶን ዝወሃብ መልስን ተወሳኺ ርእይቶ፡ ሓሳባት ወይ መኣረምታ ምስ ዝህሉ፡ መጽሔት መንእሰይ ናይ ኢሂን ምሂን ባይታ ክትከፍት ድሉውነታ ትገልጽ።*






## ምጡን ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ኣብ እዋን ጥንሲ ከመይ?

**ሕቶ፡- ነብሰ-ጾር ኣልኮላዊ መስተ ክትሰቲ ከም ዘይብላ ርዱእ'ዩ። ኣልኮላዊ መስተ ንጥንስቲ ኣይኮነን ዋላ ንዘይጥንስቲ'ውን ዝተባባዕ ከም ዘይኮነ ኣዳዕዲዐ እፈልጥ'የ። እቲ መስተ ብምጡን ዓቐንን ንስኽራን ዘየቃልዕን እንተ ኾይኑ ግዳ፡ ዋላ ንጥንስቲ ሃስያ ከም ዘይብሉ'ዩ መረዳእታይ። ብኡ መሰረት ሳሕቲ ምስ ብዓልቲቤተይ ኣብ ንወጸሉ እዋን፡ ካብ ሰባ ከይትፈለ ኢለ ውሑድ ኣልኮላዊ መስተ ክትጠዓዕም ይደፋፍኣ እየ። ነዚ ዝተዓዘቡ ገለ ኣዕሩኽተይ ጌጋ ምዃኑን ክእርሞ ከም ዘሎንን ነጊሮምኒ። ገለ ዝደገፉኒ ድማ ነይሮም። ብዛዕባዚ ኣብ ኣዝዩ ርሱን ክትዕ ኣቲና፤ ኣብ ሓደ ሓባራዊ መረዳእታ ከይበጻሕና ተፈላሊና።**

**ዳግም ምርኻብና ስለዘይተርፍ፡ መጽሔት መንእሰይ ኣብዚ ጉዳይ ገለ መተዓረቒ ሓሳባት ወስ ክትብለና ጽቡቕ ነይሩ። ንእግረመገድኹም ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ዝስዕቡ ሕማማት እንታይ ምዃኖም ንሓፈሻዊ መረዳእታና ኣብ ጉዳይ ኣልኮላዊ መስተ ከነዕቢ ምጠቐመና።**

**ተ.ስ. ካብ ኣስመራ**

**መልሲ፡-** ነብሰ-ጾር ወይ ነብሰ-ጾር ክትከውን ኣብ ምቅርራብ እትርከብ ጓለንስተይቲ፡ ነቲ ኣብ ማህጸና ዝርከብ ዕሸል ሃስያ ከስዕበሉ ስለ ዝኽእል፡ ይብዛሕ ይውሓድ ኣልኮላዊ መስተ ክትሰቲ የብላን እዩ እቲ መልሲ።

ነብሰ-ጾር ስለምንታይ ኣልኮላዊ መስተ ክተውግድ ከም ዘለዋ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክዝርዝር ይከኣል፡-

- ኣልኮላዊ መስተ ኵነታት ጥንሲ ናይ ምዝባዕን ኣብቲ ዕሸል ኣሉታዊ ሳዕቤን ናይ ምውራድን ጽልዋ ኣለዎ።
- ዋላ ውሑድ ዓቐን ይኹን፡ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ምዕባለ ኣእምሮን ኣካልን ናይ'ቲ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከስዕብ ይኽእል'ዩ።
- ኣትኪላ መስተ እተዘውር ነብሰጾር ድማ ጎደሎ ኣካላን ኣእምሮን፡ ዘይንቡር ቅርጺ ኣካላት ዘለዎ፡ ትሑት ደርስ ዕቤትን ክብደት ኣካላትን ዘለዎ፡ ግዚኡ ዘይ ኣከለ ወይ ምዉት ህጻን ይውለድ።
- ስለዚ ነብሰ-ጾር ብዓልቲ ቤትካ በቲ ሒዝካዮ ዝጸናሕካ ግጉይ መረዳእታ ቅሩብ ክትጠዓዕም እንተ ጸኒሓ፡ ካብ ሕጂ ምሉእ ብምሉእ ክተቋርጾ ከም ዘለዋ ንገራ።
- ንነብሰጾር ጓለንስተይቲ ክንድዚ ዓቐን ደሓን'ዩ ኢልካ ክትዛረብ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ፡ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ፍጹም ዘይምስታይን ካብ ኣልኮላዊ መስተ ምርሓቕን'ዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ጥዕና ዘኸትሎ



ሳዕቤናት ክንዝርዝረልካ፡-

ኣልኮላዊ መስተ ጠንቂ ኣስታት 200 ዝኾኑ ሕማማት ምኺኑ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ይሕብር። ኣልኮላዊ መስተ ባህሪ ጸቕጢ ወይ ዝሕታለ ስለዘለዎ ንሓንጎል ንቡር ንጥፈታቱ ብንቡር ከየሰላስል ይዕንቅጾ። ኣልኮላዊ መስተ ብመጠን ዘስዕቦ ጉድኣት'ኳ ዝፈላለ እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ጉድኣት ዘየውርደሉ ክፋል ኣካላት ከምዘየለ ምግንዛብ የድሊ።

ገለ ካብ ዘኽትሎ ተወሰኽቲ ሳዕቤናት ንምጥቃስ ድማ፡-

**ቀጥታዊ ወይ ቅልጡፍ ሳዕቤን**

- ምጉዳል ንጥፈታት ሃንጎል
- ናይ ምዝራብ፡ ምንቅስቓስ፡ ብትክክል ናይ ምሕሳብን ምምዛንን ክእለት ይጎድል።
- ካብ ኲነታት ከባቢ ብ ኣተሓሳስባ ምርሕቕ
- ምጉዳል ወይ ኣዝዩ ትሑት ሙቐት ኣካላት
- ስድራቤታዊ ዘይምቅዳው፡ ፍትሕ፡ ቁጠባዊ ሃስያ
- ልዕሊ ዓቐን እንተ ኾይኑ ድማ ናብ ደረጃ ዕውለት (Coma) ክሳብ ሞት የብጽሕ።

ኣብ ዝተናውሐ እዋን ዝኽሰቱ ሳዕቤናት ድማ፡-

- ከም ጸላም ከብዲ፡ መንሽሮ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልኦትን ዝመሰሉ ሕዱር ሕማማት
- ምምዝባል ስርዓተ-ምሕቃቕ መግቢ
- ጸገማት ኣብ ስርዓተ-መትኒ
- ስነ-ኣእምሮኣዊ ምምዝባል፡ ጸቕጢ፡ ምምዝባል ድቃስ
- ናይ ወሊድ ጸገም፡ ክሳዕ መኻንነት ከስዕብ ይኽእል።
- ሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ የጉድል።
- ትሑት ብቕዓት ኣብ ስራሕ ወይ ትምህርቲ
- ጽግዕተኛ ወይ ውሉፍ ምኺን (ብዘይ ኣልኮላዊ መስተ ንጥፈታት ካብ ምክያድ ምዕንቃፍ)
- ማሕበራውን ቁጠባውን ክሳራታት ይበዝሕ

ኣብ መወዳእታ፡ ንህይወትና ኣብ ኮንዶኾን ከነእቱ ኣይግባእን። ሕሉፍ ስለዘይምለስ፡ ካብዚ ሓበሬታ ዝረኸብካሉ ዕለት፡ ባህርያዊ ለውጢ ክተምጽእ ንትስፎ። ንዝያዳን ዝበለጸን ሓበሬታ ምስ ዝምልከቶ ሓኪም ወይ በዓል ሞያ ክትማኸር ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት'ውን ናብዞም ዝስዕቡ ብምእታው ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ምኺንካ ነዘኻኽር።

WHO website: https:// www.who.int/

Centers for disease Control and Prevention (CDC): https://www.cdc.gov

## ሓላፍነታዊ ምኺንን ዘይምኺንን



ሕቶ፡- ***ወዲ 35 ዓመት ሰራሕተኛ መንግስቲ'የ። ስድራይን ናይ ስራሕ ሓለፍተይን ዘይሓላፍነታዊ ምኺነይ ብቐጻሊ'ዮም ዝዛረቡ። ብዙሕ ጌጋታት ከም ዝፍጽም እርድኣኒ'ዩ። እዚ ኹሉ ግን ገለ ብፍላጥ ገለ ኸኣ ከይተረደኣኒ ዝገበርo'ዩ።***

***ስለዚ፡ ሓላፍነታዊ ይኸውን ከም ዘየለኹ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል? ሓላፍነታዊ ንምኺን ጌጋታት ካብ ምግባር እንተ ተቈጢበ ኸ ኮንዶ ኹናዊ ስጉምቲ (risk) ከይወሰድኩ ክዕወት ይኽእል ድየ?***

***መርሃዊ ገ.***

መልሲ፡- ሰባት ጌጋታት ክፍጽሙ ንቡርን ቅቡልን እዩ። “ይቕረታ ተጋግየ’የ፤ ክእርማ እየ” ብምባል ንጌጋታቶም ሓላፍነት ወሲዶም ክእረምሎም እንተ ዘይክኢሎም ግና ዓቢ ጸገምን ከም ዘይሓላፍነታውያን ዘቑጽሮምን’ዩ። ንኣብነት ገለ ነገር ምስ እትሰብር፡ ብጌጋ ምስ እትሰርሕ ወይ ክትሰርሖ ዝተዋህበካ ነገር ምስ እትርስዕ፡ እሞ በቲ ዝፈጸምካዮ ጌጋታት ከኣ ዘይትግደስ እንተ ኺንካ፡ ሓላፍነታዊ ሰብ ኣይኰንካን ማለት እዩ።

ንዝሰበርካዮ ምስ እትጽግን ወይ እትትክእ ወይ’ውን ንዝፈጸምካዮም ጌጋታት ምስ እትእርም ግና ሓላፍነታዊ ባህሪ ኣሎካ ክበሃል ይከኣል። ብሓፈሻ ሓላፍነታዊ ሰብ ንምዃን፡ ንዝተበሃልካዮ ኣብ ግዜኡን ብቕኑዕን ንምትግባር፡ ሰባት ሓበሬታ ክህቡኻ እንከለዉ ጽን ኢልካ ምስማዕን ንጽቡቕ ባህርያት ዘሎዎም ሰባት ምዕዛብን ከድሊ’ዩ።

ረሳዒ እንተ ኺንካ ኸኣ ንኸይትርስዕ ዝሕግዙኻ ሜላታት ከተተኣታቱን ቀዳምነታትካ እትሰርዓሉ መዘኻኸሪ ጽሑፍ (to-do lists) ምግባርን ከድልየካ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብዘይ ኣፍልጦ መሳርሕትኻ ካብ




ስራሕ ከተብኵር ኣይግባእን። ኣብ ገዛኻ’ውን ምሸት እዋን ዘይብሉ ሰዓታት ካብ ምጽታውን ብስድራኻ ንዝተዋህበካ ስራሓት ኣብ ግዜኡን ብቕንዕናን ምግባርን ክሓተካ እዩ።

## ምስጢር
## ሕጉሳት መጻምድቲ

ሕቶ፡- ***ሕጉሳት መጻምድቲ እናኸርኢ ኣዝየ ይሕጎስን ይቐንእን። ብዙሕ ዘቀራርብን ዘረሓሕቕን ጉዳያትን ነገራትን እናሃለወካ፡ ተሳኒኻ ብሓጎስ ክትነብር ክንደይ ሰናይን ጥዑምን’ዩ። ኲሉ ገንዘብን ንዋይን ሃልዩካ፡ ስኒት እንተ ዘይብልካ ድማ በንጻሩ ብላሽ’ዩ።***

***ምስ በዓልቲቤተይ ብደገ ደገ ኢና ተራኺብና። ኣዚና ንፋቶ ኮይኑ ስለዝተሰምዓና፡ ኣብ ስድራቤት ኣማእኪልና ብናይ ክልቴና ፍቓድ ናብ መርዓ በጺሕና። በብውልቅን ብእኩብን ዘገበርናዮ መርዓ ኣዝዩ ዉዕዉዕን ውሃ ዝበለን’ዩ ነይሩ። ሓዳር ካብ ንምስርት ሸሞንተ ዓመት መሊእና ናብ ታሽዓይ ንሰግር ኣሎና። ክልተ ኣወዳትን ሓንቲ ጓልን ኣለዉና። ዓድና ጥዑም’ዩ፡ ሰለስቲኦም ደቅና ባዕሎም ናብ ትምህርቲ ይኸዱ ባዕሎም ካብ ትምህርቲ ይምለሱ ስለዝኾኑ፡ ብደቅና ቅሱናት ኢና። ቤትና ምሉእ ዘይጐዱል ሽሻይ እኳ እንተለዎ፡ ኣብ ስኒትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን መጺእካ ግና ኣይግድን። ካብ እንሕጎሶ ብእንወራወሮ ዘይልዙብ ቃላት ንተሓራረቔን ንሰኣደሞን ስለዝበዝሕ፡ ሕጉሳት እንኾነሉ እዋን ኣዝዩ ውሑድ’ዩ።***

***ክልቴና ሕጉሳት መጻምድቲ ክንከውን፡ ናብራና ብሕጉስ መንፈስ ክንመርሕ እናበሃግና፡ ክንረኽቦ ኣይከልናን። ስለምንታይ ሕጉሳት ክንከውን ኣይከኣልናን ንኽልቴና ይገርመና’ዩ። ደሓን ኣብ ዝኾንናሉ ግዜ ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ ዕትብ ኢልና ንዘራረበሉ እኳ እንተ ኾንና፡ ዛጊት ከምቲ ንደልዮ ክኾነልና ኣይከኣለን’ሞ፡ ምስጢር ሕጉሳት መጻምድቲ እንታይ ምዃኑን ብኸመይ ሕጉሳት ክንከውን ከም እንኽእልን ክትነግሩና***



*ምደለኹ።*


***ስመይ ይተዓቀበለይ***

መልሲ፡- ምስጢር ሕጉሳት መጻምድቲ እንታይ ምዃኑ ዝገለጹ ብርክት ዝበሉ መጻሕፍቲ ስለዘለዉ፡ ክትውከስዎም ኣገዳሲ'ዩ። ነዞም ቀጺልና ነቕርቦም ኣገደስቲ ነጥብታት ምስጢር ሕጉሳት መጻምድቲ ብሓባር ክነብዎምን ከተስተማቕርዎምን፡ ንትግባረኦም ድማ ብሓባር ክትሰርሕሎም ከድልየኩም'ዩ።

**1) ክፉትን ቅኑዕን ምብህሃል**፡- እቲ ምብህሃል ንስለ ምብህሃል ዘይኮነ፡ ናብ ሓባራዊ መረዳእታ ዝወስድ ክፉት፡ ልዙብን ምቕሉልን ክኸውን ይግባእ። ናይቲ ሓደ ትርር እንተይሉ፡ ናይቲ ካልእ ልዝብ ክብል ይግባእ። ሓዊ ብሓዊ ዘይኮነ፡ ሓዊ ብማይ እዩ ዝጠፍእ። ዕግርግር፡ ቈይቈ፡ ምትህልላኽ ክሃድእ እንተኾይኑ፡ ሓዴኻ ማይ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ምብህሃል ድማ ንሓቅን ቅንዕናን መሰረት ዝገበረ ክኸውን የድሊ።

**2) ሓድሕዳዊ ኣኽብሮትን እምነትን**፡- ክልቴኹም ኣብ ናይ ሓድሕድኹም ሓሳባት፡ ርእይቶታትን ውሳነታትን ክብሪ ይሃልኹም። ኣብ ዝቐርብ ሓሳባት ዕቃበታት ምስ ዝህልወኩም ድማ ክብሪ ብዝህብን ልዙብን ኣገባብ ክተገልጽዎ ይግባእ። እምነት ከኣ ወሳኒ'ዩ።

**3) ጽን ኢልካ ብጽሞና ምስማዕ**፡- ንመጻምድኻ



ብጽሞና ጽን ኢልካ ምስማዕ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ክትለማመድዎ ኣገዳሲ'ዩ። መልሲ ንምሃብ ዘይኮነ ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ንምብጻሕ ኢልኩም ስምዑን ተደማመጹን።

**4) ሓድሕዳዊ ምትእምማንን ውሕስነትን**፡- ኣብ ሓድሕድኹም ሓድሕዳዊ ምትእምማን ብተግባርን ቃላትን ህነጹ። ነቲ ዝሃነጽኩሞ ምትእምማን ሓሓሊፍካ ምትዕርራይ የድልዮ ስለዝኾነ፡ ኣብ ምሹው ግዜን ቦታን ገምጋም ምክያድ ኣገዳሲ'ዩ።

**5) ሓባራዊ ግዜን ዝኽርታትን**፡- ግዜ ዓዲግንኩም፡ ክልቴኹም ብሓባር እተሕልፍዎ ግዜ ክትምድቡን ንመጻኢ ተዘካሪ ዝኾነ ንጥፈታት ክተካይዱን ይግባእ። ሓድሕዳዊ ዝንባለኹምን ድሌታትኩምን እንታይ ምዃኑ ኣስተብሂልኩም ከተኽብርዎ የድሊ።



**6) ኣብ ኩራኹም ጸሓይ ኣይዕረብኩም**፡- ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳትኩም ኩራ ከጋጥም ንቡር'ዩ። እንተኾነ ኩራኹም ግዜ ክበልዕ የብሉን። ከምቲ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ፡ ኣብ ኩራኹም ጸሓይ ኣይዕረብኩም እተባህለ፡ ተቐላጢፍኩም ብሃናጺ መገዲ ንምፍትሑ ተበግሶ ውሰዱ። ይቕረ ንምብህሃል'ውን ተቐዳደሙ።

**7) ዓወት ሓድሕድኹም ኣኽብሩ።**

**8) ግርጭት በቲ እወታዊ መገዱ ንጠምቶ**፡- ግርጭት መናብርትና'ዩ። ግርጭት፡ ዘይውገድ እዩ። ኣብ ሞንጎ መጻምድቲ ብድልየት፡ ብኣጠፋፍኣ ገንዘብ፡ ብባህሪ፡ ብንብረት፡ ብውላድ፡ ብኣተሓሳስባ፡ ብዕላማ፡ ወዘተ. ፍልልያት ክህሉ ንቡር'ዩ። ክልቴኹም በዚ ፍልልያትዚ ዝዘቕበብኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ፍልልያት ካብ ሃለወና ድማ፡ እዚ ፍልልያት'ዚ ዝፈጥሮ ግርጭት ክህሉ ናይ ግድን'ዩ። "ከይተጎራፈጥካ ድኣ ዘይ..ንበር!" ይብሉ ለባማትን ዝተሞኮሩን ኣቦሓጎታትና። ተገራጪኹም ማለት ግን ናብ ምምናው፡ ምጽላእ፡ ምትህልላኽ፡ ምቅያሕ፡ ምፍልላይ ከምርሓኩም የብሉን። ንግርጭት ከም መማቕርቲ ህይወት ክትወስድዎ፡ ብሓባራዊ ምርድዳእ ብሰላማዊ መገዲ ክትፈትሕዎ የድሊ።

**9) ሸለል ምባል ኣዘውትሩ**፡- ነካሳት ኣትኹኑ። ነካስ ሰብ ንዕኡን ንመጻምድቱን ሓደገኛ'ዩ። ካብ ተሰጓዲምካን ሕኒን እናበልካን ምንባር ዝኸፍእ እንታይ ክህሉ ይኽእል። ናይ'ዚ መፍትሒ ሸለል ምባል'ዩ። ጉዳያት ከየተዓባበኻ፡ ሸለል ኢልካ ምሕላፍ ክልመድ ዝከኣል ክቡርን ጽቡቕን ባህሪ ምዃኑ ዘክሩ።

**10) ኣብ እዋኑ ምንቃፍ**፡- ጌጋ መፋጥርትና እዩ። ነቲ



ሰብን ነቲ ጌጋን ፈላሊኹም ረኣይዎ። ኣይትዘነጣጠሉ። ሓሲኻ፡ ሓሲኺ ካብ ምባል ተቘጠቡ። ኣብ ክንድኡ ልዙብ ቃላት ኣዘውትሩ።

**11) ሓባራዊ ዕላማታትን ክብርታትን ኣማዕብሉ፡-** ንሓባራዊ ዕላማታትን ሕልምታትን ብሓባር ስርሑ። ዝምድናኹም ንምሕያል ድማ ተመሳሳሊ ክብርታትን እምነትን ይሃልኹም።

**12) ኣድናቘትን ፍትወትን ኣዘውትሩ፡-** ንሓድሕድኩም ብስሩዕ ተነኣኣዱ። ብቓላትን ብተግባራትን ፍቕርኹምን ፍትወትኩምን ኣርእዩ።

**13) ሰሓቕን ጸወታን ኣይትፍለዩ፡-** ሓቢርኩም ትዘናግዕሉን ተዕልልሉን ግዜ መድቡ። ኣይትዕተቡ። ዋላ ኣብ ነኣሽቱ ነገራት ከይተረፈ ናይ ምስሓቕን ምዝናይን ባህሊ ኣማዕብሉ። ሰሓቕን ክምስታን ኣይትፍለዩ።

**14) ሓባራዊ ገምጋም ኣካይዱ፡-** ልክዕ ከም ኣብ ትካላት ዝግበር፡ ግዜ መዲብኩም ስሩዕ ገምጋም ኣካይዱ። ገምጋም፡ ልክዕ ከም መስትያት እዩ። ከመይ ንኸይድ ኣለና? ንቀራረብ ዶ ንረሓሓቕ ኣለና? እንታይ'ዩ ብልጫና? እንታይ ጸገም ኣለና? ከነውግዶ ዝግበኣና፡ ክንዕቅቦ ዝግብኣና፡ ከነመሓይሾ ንኽእል ነገራት ኣሎዶ? ኣብ ዝብል ነጥቢ ብነጥቢ ብምዝታይ ምግምጋም ኣገዳሲ'ዩ።

## ኣማኸርቲ ምኽሪ ብቴሌፎን ምስጢር ይዕቅቡ ዶ?

ሕቶ፡- *ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣብ ዓምዲ ሽባብ ዝወጽእ "ሕቶ ሽባብ" የንብቦን ይከታተሎን'የ። ካብኡ ተበጊሰ፡ ብዙሕ እዋን ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ደዊለ ሽግረይ ብምክፋል ገለ ፍታሕ ንምርካብ እደናደን'የ። ምስጢረይ ንኻልኦት ሰባት ከይነግሩለይ ስለ ዝሰግእ ግዳ፡ ክገብሮ ኣይከኣልኩን። ኣማኸርቲ ማዕረ ክንደይ ምስጢር ሰባት ክዕቅቡ ይኽእሉ፡ ክትነግሩኒ ምደለኹ።*

ሰናይ ካብ ገዛ ባንዳ

መልሲ፡- ኣማኸርቲ እቲ ዝዓበየ ዝጥንቀቕሉ ነገራት ምስጢር ናይ'ቶም ዘማኽሩዎም ሰባት ምዕቃብ እዩ። እዚ ኸኣ ንዓታቶምን ነቲ ውልቀ-ሰብን ኢሎም ዝገብሩዎ እዩ። ብመጀመርታ ምስጢር ንኽዕቅቡ ሞያኦም ዘሰክሞም ሓላፍነት ኣሎ። ካልእ ከኣ ምእንቲ ሰብ ብዘይ ስክፍታ ክመጾም፡ ምስጢራውያን ወይ ተኣማንቲ ክኾኑ'ዮም ዝጽዕሩ። ነዚ ክገብሩ እንተ ዘይክኢሎም፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ'ውን ስለ ዘይኣምኖም ክኸዶምን ከስርሖምን ኣይክእልን'ዩ።

ኣብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን እንተ ሪኢና፡ ብዓቢኡ እቲ ርክብ ብመገዲ ቴሌፎን ብምዃኑ፡ ኣሰካፊ ኣይኮነን። ጉዳየይ ናብ ደገ እንተ ወጺኡ ሰባት ብቐሊሉ ክፈልጥዎ ይኽእሉ'ዮም ዝብል ስክፍታ እንተ'ሎካ ኸኣ፡ ሓቀኛ ስምካን ኣድራሻኻን ክዕቀበልካን ምስጢርካ ብጋዜጣ ይኹን ብኻልእ መልክዕ ንደገ ንኸይወጽእ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

መብዛሕትኡ'ቲ ኣብ ጋዜጣ ዝቃላሕ ናይ ቴሌፎን ሕቶታት እንተኾነ'ውን ብናይ ብርዒ ስም ዝወጽእ እዩ። ዋላ'ውን ደወልቲ ናይ ብሓቂ ስሞም ይሃቡ፡ ናብ ናይ ብርዒ ስም ተቐይሩ ስለዝወጽእ፡ ስክፍታ ክሓድረካ



የብሉን። ብተወሳኺ፡ ቅድሚ ኣብ ጋዜጣ ምዝርግሑ፡ ደወልቲ ጉዳዮም ኣብ ጋዜጣ ክወጽእ ፍቓደኛታት እንተ ኾይኖም ይሕተቱ'ሞ፡ ፍቓደኛታት ኰይኖም ምስ ዝርከቡ ጥራይ'ዩ ዝወጽእ። ስለዚ ሰናይ ከይተሰከፍካ ደውል፤ ምስጢር ምሕላው ከኣ ግደን ሓላፍነትን ኣባላት ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን'ዩ።

## ንምንታይ'የ ንስለ ሰባት ክብል ዝነብር?

ሕቶ፡- ***ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ኩነታት ዝርከብ መንእሰይ'የ። ካብ ቀደም ተመሃራይ ከለኹ ኣትሒዘ ክሳዕ ሎሚ ዘይተጋደፈኒ ዓቢ ሽግር ኣሎኒ። ንሱ ኸኣ ዘይደልዮ፡ ዘይኣምነሉ፡ ካብ መደበይ ወጻኢ... ንዝኾነ ነገር ብኣዕሩኽተይ ይኹን ቤተ-ሰባይ ክገብር ኣብ ዝሕተተሉ እዋን፡ "ኣየድልየንን'ዩ፡ ኣይኣምነሉን'የ፡ ኣይገብሮን'የ፡ ኣብዚ'ዚ ግዜ ከምኡ ክገብር ድሉው የለኹን፡ ክሕግዘካ ኣይክእልን'የ፡ ወዘተ. ምባል ኣዝየ እየ ዝሸገር። ስምዒት ሰባት ክሕሉ ኽብል እናተጠራጠርኩ ወይ ባህ ከይበለኒ እትግብሮ እሞ፡ ንእለት ከኣ 'ኣሕ! ንምንታይ ዘይብርሃኒ ነገር ክትግብር ቃል ኣተኹ፡ ኣይከውንን'ዩ፡ ኣይገብሮን'የ፡ ኣይጥዕመንን'ዩ ኢለዮ ነይረ እንተ ዝኸውን እኳ እዚ ኹሉ ኣይመጋጠመንን ...' እናበልኩ ኣብ ጣዕሳ እሸመም።***

***"ኣይፋል፡ ኣይከውንን'ዩ፡ ኣይገብሮን'የ ንኽይብል ቀንዲ ዝዕንቅጸኒ ዘሎ ጉዳይ ከኣ፡ እቶም ዝኣብዮም ሰባት ከይቅየሙለይ'ሞ ከይሃድሙንን ከይንጽሉንን፡ ብዓቢኡ ኸኣ ሽግር ኣብ ዘጋጥመኒ እዋን ኣብ ጐድነይ ዝህሉ ሰብ ከይስእን ስለዝሰግእ'የ። ንዘየዋጽኣኒ - ኣየዋጽኣኒን'ዩ ወይ ንዘይጥዕመኒ - ኣይጥዕመኒን'ዩ ሰኣን ምባል ድማ ወርቃዊ ግዜይ ንዓይ ኣብ ዘየገድስ ጉዳይ እናጥፋእኩ፡ ዓቕሚ እናሃለወኒ ካብ ትምህርተይ ተመዛቢለ፡ ኣይተዓወትኩን። እዚ ባህሪ'ዚ ገና ሕጂ'ውን ኣብ ስርሐይን ማሕበራዊ ህይወተይን ዓቢ ጸገም ይፈጥረለይ ኣሎ። ስለዚ ክቡራት ኣዳለውቲ መጽሔት መንእሰይ፡ ተኸታተልቲ ዓምዲ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ፡ ድፍር ኢለ እቲ ዘዋጽኣኒ ንኽምልስ እንታይ ትሕግዙኒ? ከምኡ እንተ ገይረ ኸ ነቲ ምስ ሰባት ዘሎኒ ዝምድና ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል?"***

ሰመረ ካብ ኣስመራ

መልሲ፡- መጀመርታ እቲ ኣይፋል እትብሎ ነገር ምኽንያታዊ ምኳኑ እመን። ብድሕር'ዚ ብዘይ



ስክፍታ እቲ ዝስምዓካ ክትገልጽ ፈትን። ምኽንያቱ ህይወትካ ናትካ'ያ፡ ብጽቡቓ ልዕሊ ማንም ሰብ ትሕጐስ፡ ብውድቀታ ኸኣ ልዕሊ ማንም ሰብ ትጉህን ትሓዝንን ንስኻ ኢኻ። ኩሉ ኣብ ህይወትካ ትወስዶ ውሳነ ኸኣ ዋላ ብሰባት ተደፋፊእካ ግበሮ፡ ተግባሪኡ ባዕልኻ፡ ተሸካሚ ናይ'ቲ ምርጫ ወይ ውሳነ ኸኣ ንስኻ ኢኻ። ከመይሲ፡ ህይወትካ ብምርጫኻ ትጽብቕ - ብምርጫኻ ኸኣ ክትዓኑ ስለ እትኽእል፡ ኣብ ህይወት ዘይትደልዮ፡ ዘይትኣምነሉ ወይ ዘየዋጽኣካ ነገር ክትገብር ኣብ ትሕተተሉ እዋን፡ ኣይፋል ንምባል ክትስከፍ ኣይግብኣካን'ዩ።

እቲ ኣብ ግዜ ጸገምካ ኣብ ጐድንኻ ደው ዝብል ሰብ እኳ ይፈትወካን የኽብረካን'ዩ ማለት'ዩ። እዚ ማለት ከኣ ሕማቕካ ክርኢ ፈጺሙ ድላይ ስለ ዘይብሉ፡ ስራሕካ ገዲፍካ ኣብ ምሕጋዙ ክትውዕል፡ ኣገዳሲ መደባትካ ወንዚፍካ መደባቱ ከተሳሲ፡ ዘዝበለካ ተሰኪፍካ ሕራይ ክትብሎ ክጽበ ኣይክእልን'ዩ።

ስለዚ ሰመረ፡ ንስኻ ንነብስኻ ምስ እተኽብራን እንተፍቅራን'ዮም ሰባት ከኽብሩኻን ከፍቅሩኻን ዝኽእሉ። ብመደብ እትጓዓዝ ሰብ ምኳን እንተ ፈሊጦም፡ ዝያዳ የኽብሩኻ እምበር፡ ኣይንጹሉኻን'ዮም። ክንጽሉኻ እንተ ፈቲኖም ከኣ ጽቡቕካ ዝትምነይ ስለ ዘይኰኑ ኣየድልዩኻን'ዮም።

ኣስተውዕል! ቅድሚ ሕጂ ንዘየዋጽኣካን ዘይትኣምነሉን ነገራት፡ ሰኣን "ኣየዋጽኣኒን'ዩ ወይ ኣይፋል ኣይኣምነሉን'የ..." ምባል ሕጂ ተመሊስካ ክትረኽቦ ዘይትኽእል ዕድላት ኣባኺንካ ኢኻ። ሕሉፍ ስለዘይምለስ፡ ንዕኡ ከም መምሃሪ ወሲድካ፡ ሕጂ'ውን እቲ ሓቂ ካብ ዝተረድኣካ ግዜ ንምትግባሩ እንተ ጽዒርካ፡ ጽቡቕ ህይወት ንምንባር እኹል ግዜ ከም ዘሎካ ከነዘኻኽረካ ንደሊ። ስለዚ፡ 'ዝሓለፈ ይኣክል!' ኢልካ ኣብ መርገጺኻ ክትጸንዕ ፈትን። እዚ ክትገብር እንተ ዘይክኢልካ ግን፡ ሕልሚ ካልኦት ከተሳሲ ክትብል

ሕልምታትካ ከይረኸብካዮም ክትነብር ትኽእል ኢኻ።

ብዓቢኡ'ውን እኳ፡ ህይወት ዕዉትን ሕጉስን ኴንካ ብሰላምን ቅሳነትን ንምንባር እትጋደለላ ደኣ'ምበር፡ ተፈታውነት ንምርካብ ትቃለሰላ መድረኽ ኣይኰነትን። ዋላ ሽሕ ግዜ ቅኑዕን ምእዙዝን ኵን፡ ኩሉ ሰብ ክፈትወካ ከም ዘይክእል ምግንዛብ ከድልየካ'ዩ።

ንዘየዋጽኣካ ወይ ዘይጥዕመካ ነገር ንኻልኦት 'ኣይፋል' ምባል ማለት፡ ንነብስኻ ሕራይ ምባል ምዃኑ ክርድኣካ ኣለዎ። ስለዚ ንዘየዋጽኣካ "ኣይፋል" ምባል ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ጽዑቕ ልምምድን መስዋእትን ከም ዝሓትት ክርድኣካ ኣለዎ። ኩሉ ግዜ ክትዓቢ እንከለኻ ተጻብኦ ከጋጥመካ ንቡር'ዩ። ምእንቲ'ዚ፡ ኣይፋል ክትብል ምስ ጀመርካ፡ ሰባት ሓድሽ ባህሪ ክርኡልካ ስለ ዝጅምሩ፡ ከሰንብዱም ይኽእል እዩ። ጸኒሖም ግና ቀስ ብቐስ እናተረድኦምን እናለመዱኻን ስለ ዝኸዱ ብዙሕ ጸገም ኣይከጋጥመካን'ዩ።

## ምድማይ ንቡር ድዩ?

ሕቶ፡- ***ድሕሪ ጾታዊ ርክብ ደም ይፈሰኒ ኣሎ። ንቡር ድዩ? ካብ ምንታይከ'ዩ? መፍትሒኡኸ?***

ነጁዋይዝ ዓል ከረን

መልሲ፡- ኣይፋሉን። ፍጹም ኣየጋጥምን'ዩ ማለት ግና ኣይኮነን። መድመይቲ ድሕሪ ርክብ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ዝሓታሉ ጸገም እዩ። ኣብ ሓያለ ስለዘጋጥም ግን ንቡር ክበሃል ኣይከኣልን። ፎኪስን ሳሕቲ ዝረአን'ሞ ጸኒሑ ዘቋርጽ እንተ ኾይኑ ንቡር ምተባህለ። ክሳብ ትሓትት ዘሻቕለኪ ካብ ኮነ ግን ናብ ብዓል ሞያ ጥዕና እንተ ተኻኢሉ ድማ ናብ ሓኪም ማሕጸን (gynecologist) ኬድኪ ምርግጋጽ ከድልየኪ'ዩ። ንሓኪም ንጹር ሓበሬታ ንምሃብ ምእንቲ ክሕግዘኪ ድማ መዓስ፡ ኣብ ከመይ ኵነታትን ብዝሒ ናይ'ቲ ደምን ካልእ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝስዕብ ምልክታትን ስምዒታትን ብዝግባእ መዝግብዮ። ውሑስ ኣገባብ ጾታዊ ርክብ ከተዘውትሪ'ውን ሓጋዚ'ዩ። ክሳዕ ናብ ሓኪም ኬድኪ ውድዓዊ ሓበሬታ ትረኽቢ ግና፡ ኣብ መወከሲታት ዝረከብናዮ፡ ኣብዚ መዳይ ሓፈሻዊ ፍልጠኪ ንምዕባይ ሓጋዚ ክኸውን ዝኽእል ገለ ሓበሬታ ክንህበኪ፡-

እቲ ጠንቂ ኣብ ከባቢ ወይ ኣብ ውሽጢ ብልዕቲ ዝፍጠር ረኽሲ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ ዝምዕብል ረኽሲ ድማ ኣቃሊልካ ክርአ ስለዘይግባእ ተቐላጢፍኪ ናብ በዓል ሞያ ጥዕና ምኻድ ከድልየኪ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ብልዕትን ርሕምን ዝፍጠር ረኽሲ ናብ መንሽሮ ክምዕብል ስለዝክእል።

እዚ መጠንቀቕታ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ ግን፡ መብዛሕትኡ ቀሊል መድመይቲ ብልዕቲ ድሕሪ ስጋዊ ርክብ በዞም ዝስዕቡ ጠንቅታት ክኽሰት ይኽእል፥

ሀ) እቲ ርክብ ቅንያት ጽግያትኪ ኣብ ዝቐረበሉ እዋን እንተ ኾይኑ፡ እቲ ካብ ማህጸንኪ ክፈስስ ዝዳሎ ዘሎ ደም በብቕሩብ ድሕሪ ርክብ ክቕልቀል ይኽእል። እዚ ድማ ዘሻቕል የብሉን። መድመይትኺ ምስ ጽግያት ዝተሓሓዝ ድዩ ወይስ ካልእ ኣስተውዕሊ።

ለ) ኣብ ግዜ ርክብ ኣብ ውሽጢ ብልዕትኺ ፎኪስ ቃንዛ ዝስመዓኪ እንተ ኾይኑ፡ ጠንቂ መድመይትኺ እቲ ርክብ ክኸውን ይኽእል። እዚ ድማ ርሕሚ ብግቡእ ጠልን ቅብኣትን ከየዳለወ መትሎ ብጎነጽ ደፊእካ ኣብ ዝግበር ርክብ የጋጥም።

ኣስተውዕሊ፡ ብልዕትኺ ብግቡእ ነዚዓ እኹል ጠሊ እናሃለዋ ኣብ ርክብ ምስ እትቕንዘዊ'ሞ መድመይቲ ምስ ዝስዕብ፡ ናይ ሕማም ምልክት ስለዝኾነ፡ ብቕልጡፍ ናብ በዓል ሞያ ጥዕና ክትከዲ ከድልየኪ እዩ።

ሐ) እትጥቀምሉ መኸልከሊ ጥንሲ'ውን ጠንቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብፍላይ ኣብ ማህጸን ዝስኳዕ መሳርሒታት ትጥቀሚ እንተኼንኪ።

መ) ገለ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ጾታዎ ርክብ (sex position) እውን መድመይቲ ከስዕብ ይኽእል'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማህጸን ጎራዙት፡ ጥኑሳትን ብኸኒና ጥንሲ ዝከላኸላን ደቂ ኣንስትዮ ረቂቕ ስለዝኾነ ነዚታት ኣብ ግምት ምእታው ኣድላዪ እዩ። ኣብ ንጽፈ ጽግያት ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ብሰሪ ምውሓድ ሆርሞን ኦስትሮጅን መናድቕ ብልዕተን ይረቅቕ ስለዝኾነ ድሕሪ ርክብ መድመይቲ ይኽሰት። እዚ ድማ ኣብ ግዜ ርክብ ተወሳኺ ሰብ ሰርሖ ቅብኣታት ብምጥቃም ክቃለል ይኽእል።

ናይ መወዳእታ መዘኻኸሪ፡- እትፍጽምዮ ጾታዊ ርክብ ዉሑስን ጥዑይን ክኸውን ኣገዳሲ'ዩ። ሞያዊ ምኽርን ኣገልግሎትን ክትረኽቢ ላዕልን ታሕትን ምባል ኣይትሕመቒ።

***

# ሮዳስ መንግስ

## ስነጥበበኛን መምህርን

ሮዳስ መንግስ፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ሓጸርቲ ፊልምታት፡ ፊዩቸር ፊልምታትን ናይ ተለብዥን ተኸታተልቲ ፊልምታትን ብምውሳእ፡ ብቕዓታ ኣብ ምብራኽ እትርከብ፡ ኮኾብ ተዋሳኢት እያ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሙዚቃዊ ቪድዮታት ከም ሞዴል ሰሪሓ። ኣዳላዊትን ኣቕራቢትን ናይ ዝተፈላለዩ ብማሕበራዊ መራኸቢ ዝፍነዉ ምርኢታት'ውን እያ። ሮዳስ ብዘይካዚ ኣብ ኮሌጅ ምህንድስና ብዓውዲ Survey and Drafting ድሕሪ ምምራቓ'ውን፡ ከም መምህር ኮይና ሰሪሓ'ያ።

ናይ ህይወት ተመኩሮኣ፡ ኣብነታዊ ባህሪኣን ኣብ ስነ ጥበባዊ ስራሓት እተርእዮ ዘላ ኣበርክቶን፡ ዕድምቲ መጽሔት መንእሰይ ናይ'ዚ ሕታም ክንገብራ ዝደረኸና እዩ። ብምቕሉልነትን ክፉትነትን ዘካፈለትና ዕላል ናባኹም ነብሎ።



**◆ ብድሕረ ባይታኺ ክንጅምር?**

ሮዳስ መንግስ እበሃል። ኣብ 17 ሓምለ 1997 ኣብ ቃኘው፡ ኣስመራ ተወሊደ። ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርተይ፡ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ዳህላክ፡ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርተይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናጽነት፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ከኣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕ ባሕሪ ተኸታቲለ። ብድሕሪኡ፡ ኣብ መበል 28 ዙር ናብ ሳዋ ብምውራድ፡ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ተኸታቲለን ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲደን። ኣብ ናይ መልቀቒ ፈተና፡ ናብ ኮሌጅ ዘእቱ ናይ ዲግሪ ነጥቢ ኣምጺአ፡ ኣብ ኮሌጅ ስነ ምህድስና ማይ ነፍሒ ኸኣ Survey and Drafting ኣጽኒዐ። ብድሕሪኡ ናብ ምምህርና ተመዲበ፡ ኣብ 2022 ከኣ ተመሪቐ።

**◆ እዋን ቁልዕነትኪ ከመይ ነይሩ? ከም ቈልዓኸ ከመይ ነይርኪ?**

ካብ'ታ 5 ኣሕዋት ዘለዉዋ ስድራ፡ ቦኽሪ እየ። ኣቦይ ኣባል ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ተጋዳላይ እዩ ነይሩ። ኣደይ ሲቪል እያ

ነይራ። ዋላ ቦኽሪ ይንበር፡ ካብ ኣሕዋተይ እታ ዝሓንቀቕኩ'የ። ብባህሪ ዝሕልትን ብሕትውትን እየ ነይረ። ኣብ ትምህርቲ ኸኣ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝምደብ እየ ነይረ። መብዛሕትኡ እዋን፡ ካብ ሻዱሻይ ክሳብ ታሽዓይ. . ዘሎ ደረጃታትየ ዝሕዝ ነይረ። ኣብ ብልጫ ኣይበጽሕንየ ነይረ። ግዳ ምስቶም "ቶፕ ቴን" እየ ነይረ።

ተመሃሪት ቀዳማይ ዓመት እንከለኹ ግን፡ ኣቦይ ስለዝተሰውኣ ስድራይ ክድግፍ ነይሩኒ። ሓርኮትኮት ክብል ጀሚረ።

**◆ ከም ቈልዓ እንታይ ክትኮኒ ትብህጊ ኔርኪ?**

ዶክተር ክኸውን እየ ዝብል ነይረ። ገዛና፡ መደብ ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ክትመጽእ እንከላ፡ መሳርሕትኺ መጺኦም እዮም ዝብሉኒ ነይሮም። ካልእ ዶክተር ክኸውን ዘብለኒ ዝነበረ ምኽንያት፡ ኣቦይ ብጥረ ናይ ርእሲ ይሳቐ ምንባሩ'ዩ። ተመሃሪት ሓሙሻይ ክፍሊ እንከለኹ፡ ኣቦይ መብጣሕቲ ክገብር ካብ ቻይና ዝመጽኡ ሓካይም ይጽበ ነይሩ። ሽዑ ኣብ ዓድና ከምዚ ዓይነት ሞያውያን ብዘይምህላዎም ድዩ? ዝብል ሕቶ ክመላለሰኒ ጀሚሩ። በዚ ኸኣ ሓኪም ክኸውን ድሌት ኣሕዲረ። ብፍላይ ከኣ ናይ ሓንጎል ሓኪም (ኒውሮ ሰርጀን) ክኸውን እደሊ ነይረ።

**◆ ነዚ ባህጊ ደኣ እንታይ ኮሊፍዎ?**

እቲ ድሌት ናይ ቁልዕነት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ካልእ፡ እቲ ድሌታተይ በዚ ዝበልኩኻ ጸገማት ናይ ኣቦይ ዝተጸለወ እዩ ዝኸውን። ደሓር እናዓበኹ ምስ ከድኩ ግን፡ ንሕክምና ከም ዘይተፈጠርኩ ክርድኣኒ ጀሚሩ። ምኽንያቱ፡ ቃንዛ ናይ ሰብ ኣይጻወርንየ። ብዙሕ ደም ክርኢ ኣይክእልንየ። ሓደ እዋን፡ ሓብተይ ሓደጋ ኣጋጢምዋ ከሰንያ ሕክምና ከይደ እንከለኹ፡ ብናታ ቃንዛ ኣብ ኮማ እናኣተኹ ይሸገር ነይረ። በዚ ኸኣ፡ እቲ ዓውዲ ናተይ ዘይምኳኑ ተረዲኡኒ።

**◆ ናይ ሳዋ ተሞክሮኺ ከመይ ነይሩ?**

ቅድሚ ሳዋ ምኻደይ ኣዝየ ተነቃፊት፡ ቀበጥበጥ በሃሊት እየ ነይረ መስለኒ።



ብቕሊሉ ይሓምም። ናይ ብዙሕ ነገር ኣለርጂክ ነይረ። በዚ ኸኣ፡ መጀመርታ ፈሪሐ ነይረ። ኣቦይ'ውን በዚ ዝያዳ ይሻቐል ነይሩ። ሳዋ ምስ ከድኩ ግን፡ ኣንጻር ናይ'ዚ ኮይኑ። ተቐባልነት ኣብ ርእሲ፡ ምኳኑ ተረዲኣ። እንትርፎ ሰዓል ዋላ ሓንቲ ሕማም ከይሓመምኩ መጺአ። ኣብ ኩሉ ናይ ታዕሊም ይኹን ናይ ማእቶት ንጥፈታት ከኣ፡ ንጥፍቲ ተሳታፊት ነይረ። ኑብሽኻ ምኽኣል ተማሂረ። ብዙሕ መጻሕፍቲ ኣንቢበ። ንሳዋ ብዝግባእ ተጠቒመላ እየ። ናይ ሳዋ ተመኩሮ ንዓይ ናብ ብቕዕቲ ሰብ ናይ ምስግጋር ጉዕዞ እዩ ነይሩ።

ኣብኡ'የ ዓቕመይ ርእየ። ኣተሓሳስባይ ኣስፊሐ። ምስ ሰባት ምትሕውዋስ ተማሂረ። ምስ ዝኾነ ሰብ ከማን ብዘይ ዝኾነ ምቅይያም እየ መጺአ።

**◆ ኮለጅ ከ ከመይ ነበረ?**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩኻ ናይ ዲግሪ ነጥቢ እየ ኣምጺአ። ይኹንምበር፡ ናይ ቀዳማይ ዓመት ተመሃሪት እንከለኹ፡ ኣቦይ ብጽኑዕ ዝሓመመሉ እዩ ነይሩ። ደሓር ናብ ሱዳን ከይዱ'ውን ሕክምና ይከታተል ነይሩ። ሽዱሽተ ወርሒ ሕክምና ክከታተል ጸኒሑ ምስ ተመልሰ፡ መስዋእቲ ኣጋጢሙ። እዚ ንዓይ ከቢድ እዋን እዩ ነይሩ። ኣብ ትምህርተይ'ውን ጸልዩኒ እዩ። ደሓር ሪኣድሚት ተባሂለ። በዚ ከኣ፡ ናብ ናይ ኣድቫንስድ ዲፕሎማ ደረጃ ወሪደ ክማሃር ተገዲደ። ምስቲ ናተይ ካብ ሕክምና ቀጺሉ ዝነበረ ናይ ዲዛይን ድሌታተይ ብምትእስሳር ከኣ፡ ኣብ ዓውዲ ሲቪል ኢንጅነሪንግ፡ ናይ "Survey and drafting" ዓውዲ መሪጸ። ነዚ ብዓወት ወዲኣ ከኣ ኣብ ዓውዲ ምምህርና ክሰርሕ ጀሚረ።

**◆ ንፍዕቲን ኣብነታዊን መምህር ምኳንኪ'ዩ ዝዕለል። ከመይ እዩ ናይ ምምህርና ተመኩሮኺ?**

ኮሌጅ ምስ ወዳእኩ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፈለገ ህይወት፡ ናይ ማእከላይ ደረጃ መምህር ኮይነ ምስራሕ'የ ጀሚረ። ሓደ ሰሚስተር ድሕሪ ምምሃረይ ከኣ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ደረጃ ዳህላክ ተቐዪረ። ዝተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ እናማሃርኩ ንሰለስተ ዓመታት ሰሪሐ። ኣዝየ ዝፈትዎ ሞያ እዩ። ብፍላይ ናይ ካልኣይ ክፍሊ ተማሃሮይ ኣዝየ እየ ዝፈትዎም ነይረ።

**◆ ስለምንታይ?**

ቈልዑ ኣዝየ እየ ዝፈትዎ። እቶም ራብዓይ ሓሙሻይ ቁኑብ ጉርሕ ይብሉኒ እዮም። ምስ ተማሃሮ ካልኣይ ክፍሊ ግን ጥቡቕ ምትእስሳር እዩ ነይሩኒ። ይፈትዉኒ፡ ኣነውን ኣዝየ እየ ዝፈትዎም ነይረ። ነቶም ዝምህሮም ዝነበርኩ ኣርባዕተ ክፍሊታት፡ ንነፍሲ ወከፍ ተማሃራይ ስሞምን ስም ኣቦኦምን እየ ዝፈልጦም ነይረ። ዘሐጉሰኒ ዓውዲ ከኣ'ዩ።





**◆ ናይ ስነጥበብ ዝምባለኺ ካብ ቁልዕነትኪ ዝጀምር ድዩ?**

ደፈረ ከምኡ ክብል ኣይክእልን'የ። ከም ፈተነ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ናይ ቤት ትምህርቲ ኮይነ ዝተመዝገብኩሉ እዋን ነይሩ። ግን ዓቲበ ኣይሓዝኩዎን። ደሓር ካብ ዓስራይ ክፍሊ ጀሚረ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ 'ሞዴሊን' ክሳተፍ ጀሚረ። ንቤት ትምህርትና'ውን ይውክል ነይረ። ኣብ ሳዋ'ውን ቀጺለዮ። 'ወይዘሪት ሓይሊ'፡ 'ወይዘሪት ቦጦሎኒ' .. ኮይነ ይምረጽ ነይረ። ምውሳእ ግን፡ ደሓር ኮለጅ ምስ ኣተኹ እየ ጀሚረ። ኣብ ካልኣይ ዓመት እንከለኹ፡ ሳዓት ኣሕመድ ኣብ ዘዳለዎ "ፍሬሽ" ትብል ፊዩቸር ፊልም ንፈለማ እዋን ተዋሲኣ።

**◆ ምውሳእ ከመይ ረኺብክዮ?**

ነታ ንህይወት ኮሌጅ ትገልጽ 'ፍሬሽ' ትብል ቀዳመይቲ ፊልመይ ክሰርሕ እንከለኹ፡ ዳርጋ ዋላ ሓንቲ ኣፍልጦ ናይ'ቲ ዓውዲ ኣይነበረንን። ምሉእ ብምሉእ ብሓገዝ ናይ'ቶም ኣለይተይ እየ ሰሪሐያ። ቀስ እናበልኪ፡ እናተማሃርኪ ትሰርሕዮ ኢሎምኒ። ብዙሕ ኣይጸላእኩዎን። ኣርኣያ ሕብረተሰብ፡ መምህር ክትከውን ዘሐጉስ እዩ።

ብድሕሪኡ፡ ናይ ሙዚቃ ቪድዮ ስራሓት መጺኡኒ። 'ይዝክር' ትብል ናይ ኤርሚያስ ክፍልዝጊ፡ ከምኡ'ውን ናይ የናዳብ ሰሪሐ።

ደሓር ትምህርቲ ስለዝጸዓቐ ቁሩብ ኣወንዚፈዮ። ድሕሪ ዓመት ምስ ምዕጻው ናይ ለብዒ ኮሮና፡ ደጊመ ክህሉ'ዩ ግዜ' ኣብ እትብል ናይ ነህሚያ ዘርኣይ ቪድዮ ክሊፕ፡ ከምኡ ከኣ ኣብ ናይ ዘወንጌል (ዘዊት) ኣየር ብኣየር ዘርእስታ ተኸታታሊት ፊልም ክዋሳእ ጀሚረ። በዚኤን ምስ ጀመርኩ፡ ንድሕሪት ኣይበልኩን። ኣብ ብርክት ዝበለ ፊልምታትን ናይ ሙዚቃ ቪድዮታትን ምስራሕ ቀጺለ።

'ፍቕሪ'ዩ ህይወተይ' ኣብ ዘርእስታ ንልዕሊ 20 ክፋላት ዝኸደት ናይ ሳልሕ ስዒድ ርዝቀይ ተኸታታሊት ፊልም ተዋሲኣ። እዛ ስራሕ ብዙሕ ተመኩሮ ዝቐሰምኩላ'ያ ነይራ ክብል ይኽእል። ከም በዓል የማነ፡ ሄለን ርያለ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ተዋሳእቲ ዝነበሩዋ እያ። ንሶም፡ ኣብ ዓውዲ ምውሳእ ክጉብሮ ዘለኒ ኣገዳሲ ፍልጠት ኣካፊሎምኒ እዮም።

ድሒረ ዝሰራሕኩዋ ናይ ሜሮን ሚካኤል (ቻኩር) ፊልም 'ኣረማዊት' ከኣ፡ ዝያዳ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነተይ ከዕቢ ዘኽኣለትኒ ስራሕ እያ ነይራ።

**◆ ኣብ'ዚ ስራሕ ዘጋጠመኪ ብድሆታት ነይሩዶ?**

እወ። እቲ ቀንዲ ብዘይዝኾነ ናይ'ቲ ዓውዲ ትምህርቲ ስለዝኣተኹዎ ቁሩብ ክብድ ኢሉኒ ነይሩ። ይኹንምበር፡ መሳርሕተይ ዝህቡኒ ሓገዝን ምእላይን ስለዝነበረ ኣይከበደንን። ብኑብሰይ ከኣ ጽን በሃሊትን ተማሃሪትን ስለዝኾንኩ፡ ቀልጢፈ ይጥቀመሉ ነይረ። ብዘይካ'ዚ፡ ብውልቀይ'ውን ምስ'ቲ ዓውዲ ዝተኣሳሰር ናይ ምውሳእ፡ ምጽሓፍን ምእላይን ዝምልከት መጻሕፍቲ እናንበብኩ ንኑብሰይ ምሂረያ እየ።

**◆ ብድሕሪ'ዚ ብርክት ዝበለ ሓጸርቲ ፊልምታት፡ ፊዩቸር ፊልምታት፡ ተኸታታሊ ፊልምታት ሰሪሐ ኣለኹ።**

ኣብ'ዛ ሕጂ ኣብ ቴሌቭዥን ኤርትራ ትፍኖ ዘላ ፊልም 'ዙርባቤል' ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ዝበለ ገጸ ባህሪ ሒዝኪ ኢኺ ትዋስኢ ዘለኺ? ብዓቢኡ ናይ ፈለማ ናይ ገጠር ፊልም'ውን እያ። እቲ መስርሕ ከመይ ረኺብክዮ?

ፍሉይ ተመኩሮ እዩ። መጀመርታ ሽሻይ ሓይልኣብ 'ኣዳሽም' ትብል ጠባይ ምስ ኣምጽኣለይ ፈሪሐ ነይረ። ምኽንያቱ፡ ዋላ'ኳ ናይ ገጠር ዛንታታት ይሰምዕን ይዕዘብን እንተነበርኩን ብዓቕመይ'ውን ዝፈልጦ እንተኾንኩን፡ ንዓይ ሓድሽ እዩ ነይሩ። ምስ ዘለኒ ኣዘራርባን ምቕጣን ድምጺን ከምጽኦ ዝኽእል ኮይኑ ኣይተሰማዓንን ነይሩ። ደሓር ግን፡ ሽሻይ ሓይልኣብ ምስ ንውሓት ልምምድ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ምስ በለኒ፡ ተቐቢለዮ። ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰ እዩ። ኣዳሽም ከም ጠባይ ደስ ኣይትብለካን እያ። ካብ ምሒር ሕንቃቕ ንዓይ ይጥዓመኒ ጥራይ በሃሊት እያ። ንዙርባቤል ብዙሕ እያ ትፍትኖ። ብዝከኣለኒ ክላበሳ ጽዒረ እየ።

ነዛ ፊልም ክንስእል ንኣዋርሕ ብሓንሳብ ኢና ጸኒሕና። ሰሓቕ ዝመልኦ፡ ዘይድገም ተመኩሮ እዩ ነይሩ።

**◆ ካልእ ኣብ ሽምዓ ለይቲ ዘርእስታ ናይ ኤሪ ቲቪ ተኸታታሊት ፊልምውን ተዋሲእኪ ነይርኪ። ከመይ ነይራ እታ ዝሓዝክያ ጠባይ?**

ኣብ'ታ ፊልም እታ መራሒት ጠባይ ሽዊት ሰረቐ እያ ነይራ። ንናይ ቀደም ኣፍቃሪኣ ክትመልስ ኢላ ከም ሰራሕተኛ ተመሲላ እትኣቱ እያ። እታ ኣነ ዝሓዝኩዋ ጠባይ ሜላት፡ ካብ ደገ ዝመጽአት'ያ። ገርሂ፡ ናጻ፡ ባህላ ትፈልጥ፡ ኑብሳ ትኣምን፡ ኣብ ሰብ ተወኪላ ዘይትኸይድ ጠባይ እያ። ኣፍቃርየይ ኮይኑ ናብ ገዛይ ምስ ኣተወ ምስ ናይ ቀደም ኣፍቃሪቱዮም ዝራኸቡ። ንዘጋጠማ ጥልመት ተቐቢላ ክትከይድ ትውስን ከኣ እያ።

**◆ ዝበዝሐ ሮዳስ ሒዞቶ ትሰርሕ ገጸ ባህርያት?**

ሙብዛሕታኡ እዋን መስኪን፡ ተበዳሊት ኣፍቃሪት ኮይነየ ዝሰርሕ።

**◆ ትፈትውያ ጠባይ?**

ኩሉን ጠባያተይ ይፈትወን እየ። ካብኡ ናብኡ ግን ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዛዘመት

‘ሄስዋ’ ትብል ናይ ሰላም ሙልጌታ ፊልም ዘላ ጠባይ ኣዝየ እየ ዝፈትዋ። ቀንዲ እታ ዛንታ ስለዝፈተኹዋ። እታ ሒዘያ ዝነበርኩ ጠባይ ሰሚራ፡ ብሰንኪ ሰይተቦኣ ናብ ዘይትደልዮ ሓዳር እያ ትኣቱ። ዘጋጥማ ፈተናን ንስለ ደቃ ሓያል ኮይና ክትወጽእ እትገብሮ ጉዕዞን እያ ተንጸባርቕ። ክውሰኽ ይኽእል ድየ?

**◆ ወሰኺ**

ብዘይካ’ዚ ኣብዛ ጽቡቕ ትኸዩድ ዘላ ተኸታታሊት ሲትኮም ‘መዋዕልቲ’ን፡ ተፈታዊት ዝነበረት ተኸታታሊት ፊልም ‘ሲያሳ’ን ዝፈትወን እየን። ሕጂ ከኣ፡ ‘ሓደ’ ኣብ ዘርእስታ ሲትኮም ኮሜድያዊ ጠባይ ሒዘ ኣብ ምስራሕ ኣለኹ። ዝፈትወን ጠባያት እየን።

ናይ ያቄብ ዓንዳይ ኮሜዲታት እውን ክልተ ሰሪሐ ኣለኹ። እግረ መንገደይ፡ ኣብ ኩሉ ስርሓተይ ከም ኣላዪን ሓጋዚን ኮይኑ ዝሰርሕ ደጋፊየይ ብምዃኑ ከመስግኖ ይደሊ።

**◆ ዘይሰራሕኩዎ ወይ ክሰርሖ ኣለኒ ትብልዮ ጠባያት?**

ከም ተዋሳኣይ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ክትፍትን ጽቡቕ እዩ። ግን ዝያዳ ጸላዊት፡ መልእኽቲ ተሕልፍ ኮይነ ክሰርሕ ይደሊ። ውዕይቲ፡ ዘይግድሳ ኮይነ ምስራሕ እውን ክፍትኖ ይደሊ እየ።


ሓንቲ ጠባይ ነይራ ‘ጀላቶ’ ትብል ሳዓ ዝሓዘት ዝሰራሕኩዋ፡ ከም ጠባይ ዝፈትዋ እያ። ውዕይቲ ጓል ገለ ካብተን ዝፈተኹዋ እያ።

**◆ ምውሳእ ከም ሞያ ከመይ ትገልጽዮ?**

ገፊሕ ዓውዲ’ዩ። ዋላ ንዓኻ ከም ሰብ ይሃንጸካ እዩ። ዝተፈላለየ ዛንታታትን ኩነታትን ስለዝመጻኣካ፡ ንዓኻ’ውን ዝምህርን ዝልውጥን እዩ። እናተማሃርካን እናበሰልካን ትሰርሖ ሞያ እዩ።

**◆ ስነ ጥበባዊ ዕዮታትና ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብሊ?**

ብዓቕመይ፡ ንሕብረትሰብ ዝሃንጽ፡ ንዕኡ ዘዐሪ፡ ንጉድለታት ሕብረተሰብ ዝነቕፍን ጌጋታቱ ከውሕድ ዝድርኽን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።




**◆ ከም ኣዳላዊትን ኣቕራቢትን መደባት ኮይንኪ እውን ትሰርሒ ኢኺ። ካብ መዓስ ዝጀመረ እዩ?**

ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ኣብ ህድሞና ነባሪት ዝቐረበት፡ 8 ኣብ ምውሳእን ደርፊን ንነጥፍ ደቀንስትዮ ዝተሳተፍናሉ ውድድር ነይሩ። ኣብኡ ከም ኣቕረብቲ መደብ ኮይንና ክንሰርሕ ንኽእልን ኣይንኽእልን ዝፈተንናሉ እዩ ነይሩ። ካብ’ዚ ተበጊሰ ኣብ ዩ ትዩብ ትዝርጋሕ ዝነበረት ‘ደሃይ ቤትና’ ዘርእስታ 28 ክፍላት ዝኸደት መደብ የቕርብ ነይረ። ሕጂ’ውን ምስ ህድሞና ነባሪት ዝተፈላለዩ መደባት የዳሉ ኣለኹ።

ካልእ ምስ መሳርሕተይ ዝኾኑ ብጾተይ ልዋምን እስራኤልን ብምኳን ኣብ ዘዳለናዮ ብሉጽ ደራፊ ናይ’ዛ ምሸት ‘best singer of the night’ ትብል ናይ ደረፍቲ ውድድር’ውን፡ ከም መራሒት መደብ ኮይነ ሰሪሐ ኣለኹ።

**◆ ንመንእሰያት ተሕልፍዮ መልእኽቲ?**

ኩል ግዜ ብዘይ ሃገር፡ እቲ ክብረት እሞ ይትረፍ ሰብ’ውን ክንከውን ኣይንኽእልን ኢና። ሃገር ከኣ ብመንእሰያት እያ ትቐውም። እቶም ዝሓለፉ ኣያታትና ናቶም ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ሕጂ ንሕና ናትና ተራ ክንጻወት ኣለና። ኣብ መረዳእታ መንእሰያትና ገለ ገለ ደስ ዘይብለኒ ተርእዮታት ኣሎ። ቅድሚ ሕጂ ሞያ ምውናን፡ ኣብ ርእሰኻ ምምርኳስ ዓቢን ኣገዳስን ዛዕባ ነይሩ። ሕጂ ግን፡ ኣብ ገለ ደቀንስትዮና እዚ ኣይትርእን። ህይወትካ ተመርዒኻ ዝቕጽል እምበር፡ ቅድሚኡ ትገብሮ ጻዕሪ ዝርእያ ኣይመስለንን። ብዝተኻኣለ መጠን ስራሕ ክንፈጥር ኣለና፡ ኑብስና ከነዕቢ ኣለና፡ እወታዊ ኣተሓሳስባ እንውንን ክንከውን ኣለና። ንዝመጽእ ወለዶ እነዘንትዎን እንንየተሉን ኣበርክቶ ክንገብር ንኽእለሉ እዋን ሕጂ’ዩ።

**◆ ኣንባቢት ዲኺ?**

እወ። ኣንባቢት ክኸውን ዝጸለወኒ ወዲ ኣሞይ ሜሮን እዩ። ተማሃሪት ሓሙሻይ ክፍሊ ኣብ ዝነበርኩሉ፡ መጻሕፍቲ ሃሪ ፖተር ከንብብ ደሪኹኒ እዩ። ዋላ ብምልኣት ኣይረድኣኒ፡ ቋንቋ ከጽንዕን ክመራመርን ግን ኣኽኢሉኒ እዩ። ልዕሊ ኹሉ እቲ ልምዲ ከጥሪ ሓጊዙኒ'ዩ። ዝፈትዎ ጽልዋ ከኣ'ዩ።

ቅድም ዋላ ናብ ዝኾነ መገሻ ክንከይድ እንከለና፡ መጻሕፍቲ ንማላእ ነይርና። ሕጂ ግን ዝያዳ ኣብ ሞባይልና ኢና ንምርኮስ። ኣብ ጌምን ሓጸርቲ ቪድዮታትን ኢና ንግደስ። እዚ ኣዝዩ ንዓቕምኻ ዘዳኽምን ግዜኻ ዝሰርቕን'ዩ። በዚ ከኣ፡ ዝያዳ ንንባብ ዝኸውን ግዜ ክንፈጥር ኣለና ይብል። ንሞባይላትና'ውን ንኸምኡ ዓይነት መዓላ ክንጥቀመለን ኣለና።

**◆ ካልእ እንታይ ዝምባለታት ኣለኪ?**

ንእሽተይ እንከለኹ ዝያዳ ብሕታዊት እየ ነይረ። ሽዑ ብዙሕ ግዜይ፡ ምስ ስእሊ እየ ዘሕልፎ ነይረ። ብርሳስ ብዙሕ ስእልታት ይስእል። ንፍዕቲ ሰኣሊት እየ ነይረ። ብኸመይ ከም ዘቋረጽኩዎ ኣይርድኣንን'ዩ።

**◆ ሮዳስ ከም ሰብ ከመይ እያ?**

ብዛዕባ ኑብስኻ ምዝራብ ከቢድ እዩ። ግን ከም ሰብ፡ ኣዝየ ገርሂ ሰብ'የ ኢለ ይሓስብ። እቲ ኣነ ንሰብ ክገብሮ ዘይክእል፡ ሰብ ንዓይ ክገብረኒ'ዩ ኢለ ኣይሓስብን'የ። ዋላ ሕማቕ ዝገብረኒ ሰብ፡ ስለዘይጠዓሞ'ዩ ዝኸውን ኢለ'የ ዘመኽንየሉ። ብዙሓት እዚ ባህሪ ክገድፎ ይምዕዱኒ እዮም። ግን፡ ምስ ግርህናይ ዋላ ምብዳል ይሓይሽ በሂሊት'የ።

**◆ ትፈትውዮ መዚቃ?**

ወወቕቱ ኣለኒ እንድዩ። ግን ዝያዳ ብሉዝ ይፈቱ። ዝፈትዎ ደርፍታት ከኣ ናይ የማነ (ባርያ)፡ ተኽለ ተስፋዝጊ፡ ኢንጅነር ኣስገዶም. . ብሓፈሻ ናይ ቀደም ደርፍታት ይፈቱ እየ።

**◆ ትፈትውዮ ዓይነት ፊልም?**

ነቲ ሕብረተሰብ ዝገልጽን ዝምህርን ናይ ስድራቤት ፊልምታት፡ ከምኡ ከኣ ብጸለምቲ ኣመሪካውያን ዝስራሕ ናይ ድራማ ዓይነታት ፊልም ይፈቱ።

**◆ ትፈትውያ ፊልም?**

ትማሊ - ናይ ኢሳያስ ጺጋይ

**◆ ትፈትውዮም ተዋሳእቲ?**

ብዙሓት'የም። ክብራ ጺጋይ ኣዝየ ዝፈትዋ ተዋሳኢት እያ። ኣወሳስኣኣ፡ ኣለባብሳኣ፡ ፍሽኽታኣ ትምስጠኒ ተዋሳኢት'ያ ነይራ።







መረብ እስቲፋኖስ፡ ኣማን ሓሚድ (ባድሻ)ን ካልኦትን ዝፈትዎም ተዋሳእቲ እዮም።

**◆ ትፈትውዮን ትጸልእዮን?**

ንሰብ ብዝኾነ ነገር ከሐጉሶ እንከለኹ ደስ ይብለኒ። ዝጸልኦ ነገር ከኣ ብኽያት።

**◆ ኣብ ህይወትኪ ዘተሓጐስክሉ ኣጋጣሚ?**

መመረቕታይ። ምኽንያቱ ማማ ኣዝያ ተሓጒሳ ዝረኣኹላ ኣጋጣሚ እያ። ዋላ ኣብ መርዓይ ተሓጒሳ እንድያ፡ እታ ናይ መመረቕታይ ግን ፍልይቲ እያ።

**◆ ኣብ ህይወትኪ ዝሓዘንክሉ ኣጋጣሚ?**

ሞት ናይ ኣቦይ

**◆ ሰለስተ ብልጫታት ሮዳስ?**

ኣይከርንየ፡ ሓዳግ እየ። ሰብ ከኣ የኽብርየ።

**◆ ሰለስተ ድኹም ጐድኒ ሮዳስ?**

ሓሳብ ምምጻእን ትልሚ ምውጻእን ንፍዕቲ እንከለኹ፡ ኣብ ምትግባር ምኹላፍ እንተመጺኡ ኣብ መንገዶ ናይ ምግዳፍ ባህሪ ኣለኒ። ካልእ ክቱር ምፍታው ድቃስ'ውን ኣለኒ። ሳልሳይ ከኣ. . ንኹሉ ሰብ ከሐጉስ ብምፍታን ኑብሰይ የጨንቓ'የ። እዚ ከዐርዮ ይደሊ እየ።

**◆ ኣብ ህይወት ከም ሞዴልኪ መን'ዩ?**

ኣደይ፡ ንዓይ እታ ዝዓበየት ኣብነትን ሞዴልን እያ።

**◆ ናይ መጻኢ መደብኪ?**

ዝያዳ ንፍዕቲ ተዋሳኢት ክኸውን ክጽዕርየ። እቲ ዝሓሰቦን ከመሓላልፎን ዝደሊ መልእኽቲታት'ውን ክጽሕፎን ከፍርዮን ይደሊ እየ። ጽሕፈት ይማሃርን ይለማመድን ኣለኹ። እንተበርቲዐ ከኣ ምስ ክኢላታት ተሓባቢረ ክሰርሖ'የ።

**◆ ኩተመስግኒ ዕድል ክንህበኪ**

ኣደይ፡ በዓል ቤተይ፡ ኣሕዋተይ፡ ኣዛሚት ሓብተይን ሓሞይን ንዘጉበሩለይ ኩለንትናዊ ደገፍ ኣዝየ የመስግኖም። ናይ ኮሌጅ ትምህርተይ ክቕጽል ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ኣስራሕተይ ናይ ኢንተርነት ካፈ የናታንን ሙሴን ድማ ኣመግኖም። ንመጽሔት መንእሰይ'ውን ኣመስግን።

***

# ደበናይ 'ናማዕደኹ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

ሰማይ ድራር ዓኺይ'ዩ። ደበና ተሓዚሉ ጸሓይ እንተበርያ፡ ብረስኒ ኣቕጨጭዩ ዝሓገየ ርእሲ ዓኺይ ጠሊ ይወልድ። ተጨማጊጉ ዝጸደየ ጉልባሽ ዓይኑ ተፈቲሑ ርህው ይብሎ። ኑብሱ እናዓበረ ውሽጡ ተስፋ ይመልእ። ብግዳም ዝረአ ሰራውሩ ከም ዘርኢ ሓጺን ተሪሩ ሒዙ ኣይሰደካን። ከም ጥራዩ ዓቂኑ እናተመገበ ዋጾ ይኸውን። ብኑብሱ'ዩ፡ ዒላ ዘየጥልሎ ዝነበረ ጎረርኡ ብምራቑ ይዓግብ። ብሓንቲ ኩላሶ ውዒሉ ይሓድር። ከመ'ቢሉ ኣይትበሉ፡ ኩሉ ሓይሉ ካብ ሰማይ'ዩ። ጠሊ ሰማይ በርከት'ዩ። ብስጡጥ ደበና ተገቢቲና ንማለቱ ከፈፍ እንተይሉ ልቢ ዓኺይ ኣብ ቀረባ'ዩ። ከም'ቲ ሓሸሽ ዝሰመዐ ብዕራይ ዝሕጉስ'ዩ ዝድሰት። ምስ ግራቱ'ዩ ዝጠልል። ነግሒ ግራቱ ንዝወደቐት ማይ እናዕቈረ ኣብ ስበቱ ይኽዝን። ተስፋ ሓረስታይ ከኣ ይደምቕ። ዘራእቱ ምዕጉን ውልደን ኮይኑ ዋላኡ ሰሪሑ "ንዒወር" ክብል ክውዕል ኣብ ዓይኑ ይሰኣሎ። ብፍላይ ሰማይ ካብ'ቲ ንቡር ሕብሩ ድምቕ ኢሉ ሓርኢ ቈልዓ ዝመስሉ ደበናታት እንተሰቒሉ፡ ለሰ ዝለምም ውሕጅ'ዩ ዝረኣዮ። ኣካ ይትምነ። ክንዲ መሸረፈት ዘይትኸውን ደበና ብሰርብን ነጉድን ሓይላ፡ መሬት ጸንበላሕ ከተብሎ። ናብ ደበና ድማ የማዕዱ። ከም ዛዕጎል ዘፍተልተለ ደበና ጽልምልም ኢሉ ጀበብትኡ ከርሲ ጽሙእ ከጥልል። መኣስ ንበይኑ ጥራሕ ንሰማይ ዘንቃዕዱ። እቲ ስበት ብምንቃጽ መሬት ተሪርዎ ዘውጠጠየ ብዕራይ ውን መሳኹቲ ኣፍንጭኡ ንሰማይ ይልእኽ'ዩ። ኣእዛኑ ከም ጭልፎ ተኺሉ መዕቈሪ ማይ ይሰርሖ። ለካ ብኣእዛኑ ውን ክሰቲ። ንጀበብታ ሰማይ መን ዘይሃርፎ። ብዕራይ ውን ብግዲኡ መሬት ጣዕሚ ኮይንሉ ከም ኣሳሕባኡ ሰመኽመኽ ክብለሉ'ዩ ዝደለ። ምስ ጐርቢ ተደሪቡ ላሕ ዘብሎ ጠግኢ መግኢ ግራት መዓስ ይብርሆ። ሱርን ሮማድን ብሓይሊ ጸሓይ መጢጉ ክሳዱ ብእዝኒ ጣዕዋ ዘይሓዊ ክኾነሉ ዝደሊ ሊላይ በበይ ክርኩብ። ንዓኺይ ውን መጠጥ'ዩ ዘምጽኣሉ። ኣብ ነግሒ ክልተ ሳብ ሰለስተ ሳብ "ሱር" እናበለ ዕርፊ ክስሕብ ኣይብርሆን'ዩ። ክልተ ግማሱ ብጨበጣ ኣእዳዉ ቆሲሉ መገምሰሲ ዝኸውን ክስእን ኣይደልን። መዓንጥኡ ቆሲሉ መፍተል ዓንዲ ሕቜኡ ክሳብ ትብተኽ ምስ ዕርፊ ሕጊግ እንተለ ከመ'ቢሉ ይጥዕሞ። ምራውንቲ ከሪሙ ከም ዝሓገየ ቋንጣ ጠሮግ እናበለ ንኽልተ ሰራሕ ኣየጽምድን። ኣርዑት ከም ዝኣጉለ ቃንጫ ኣብ ክልተ እናተጕልዓመት ንጽብሒቱ ኣይተጽምድን። ሓራም እቲ ኪውኪው ዝብል መሬትን ዝጻፋዕ ህሮሩማን ንመን የናሕሲ። ንእግሪ ብዕራይ ዘይትምሕር በላሕ ማሕረሻኳ ሓይላ ተጻንቂቑ ቁልዕጽዕጽ ትብል። ከርፈስ ንሓይሊ ዱግርን ማሕረሻን ምኺን ስኢኑ፡ ከም መሮ ይለዋወ። መዓኮር ነዊት ከም ከረጺት ሓሩጭ ፈንከው እናበለ ኣበ'ቢሉ ኣሰር ክገድፍ። ክትዝክሮ'ኳ ኣይጥዑም።



ምድሪ'ውን ብግዲኣ ንሰማይ ተማዕዱ'ያ። ደበና'ያ ደልያ ትኸውን። ሓሙኹሽቲ መሲሉ ዝጸደየ ሑጻ ሩባ፡ መን ከምዝነገፎ በርሃው ይብል። ህላኡ ዓጢጥዎ ምንግርጋር ዝመረጸ ኣድጊ ስለዝገደፎ'ዩ ዝኸውን። ብርኪ ብዕራይ ጐዲሉ ንቕልስ ዝኸውን ሓሰኻ ስለዝሰኣነ ከኣ'ባ ንፋስን ጸሓይን ተተበራርዮም ውጅህ ኣቢሎም ይኾኑ። ግዳ ይነጽህ፡ ከም ብጥፍረርያ ዝተመወጸ ኣስናን ጎርዞ ይቐድዎ። ሓሻኡ ሑጻ ምስ ኣባጅጎ'ዩ ዝስሕቕ ዝኸውን። ደንደስ ሩባ ውን ይቖንእዩ። እንተ ንሑጻ ሪኡ ወይ ሓቅነት ሃልይዎ ከም ብርኳን ዝተሓጽበ መረሃጫ ክፍት ይብል። እናገጨበ ዘስትዮ ውሕጅ ግዲ ናፊቑ፡ ከም ዘይተገመለ ቅጫ ዳጉሳ ፈንካሕካሕ ትሕዝኡ'ዩ። ኣረ መን ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዝርከብ ንደበና ዘየማዕዱ?

ኣቑጽልቶም ረጊፉ ከም ወቲሀል ፈልፈል ክብሉ ዝሓገዩ ኣግራብ ኣብ ኣጉናጾም ይኣጉሙ። ቅራፎም ሰቢሑ ሃዘጥ ሃዘጥ ይብል። ከም ዳል መስቀል ዘይምኖ ኣቑጽልቲ ይጭብጭቡ። ንፋስ ንእግረ መንገዱ እናተማልአ ጭልብልብ የብሎም። ጠለ በጊዕ ንዓኡ ክጠጥማ

ክብላ ከም ሰበን ደበና የማዕድዋ። ልበን እንታይ ትብል ግና ዝፈልቶ የብለይን። ኩሉ'ዩ ዓይኒ ዝወግእ። እቲ ደልሃጽ እናበለካ ጸሊእካዩ ዝሓገኻ ኣኻውሕ ሓመዱ ነጊፉ ይሕደስ። “ኣነ በዝራቕ የለ እምኒ ጽድያ” ይብል ሰብ። ተውሳኹ እምኒ........።

ደበና ባሕሪ ዓቕሊ የብሉን'ዩ ዝበሃል። እንቋዕ ድማ ከምኡ ኮነ። ብምብራቓዊ ኣጻድፍ ዝተወልደ ክመስል ኣብ ርእሲ ርእሲ ተሓናጊሩ በሎኽ ይብል። ጻልጣ'ዩ ዝመስለልኩም። ከም መንጠለን ዝሃረሞ ጡጥ ጥቅምቲ ሻሽ ብኣካሉ። ኣካ ንገሊኡስ በዓል ድራሩ'ዩ። ነቲ ክልተ ሳብ ሓሪሱ ሰለስተ ሳብ ዝሓፍስ ሓረስታይ ከበሳ መኪሓሓሲ ምኧኑ'ዩ። ካብ ግራት ክረምቲ ዝኣኽሎ ንዘእተወ ውን መደልደሊኡ። ግዳ መዓስ ብትሕዞን መሰሶን ጥራሕ። ቀንድነቱስ ብእዋኑ'ዩ። ነቲ ሰማይ ብጻዕዳ ዓለብኡ ተኸዲኑ ክርኢ ጭልም ክብል ዝሓገየ ዓኺይ



ሰናይ ፋል'ዩ። ወዮ ደኣ “ደበና ባሕሪ ከም ኣዋልድ ወከ ዛግር መህረፊ'ዩ” እናተባህለ'ዩ ዝዝረበሉ'ምበር፡ ንዝደለስ ኣምሲሑ የድርር'ዩ። ሰማይ ደይቡስ ኣየትክልን'ዩ ይብልኹም። ከም መርዓት ምልሶት ሪኢኻ ከይጸገብካዮ ሸቱኽ ይብል። ሳሕቲ ውን፡ ጽጋቡ ምኽኣል ዝሰኣነ ግመ ደበና ኣዋህሪሩ ብኽሳውዲ ከበሳ ይቕልቀል። “ደሓን ምጻእ” እዩ መልሲ ዓኺይ። ግራቱ ክሰጥጥ መሕረሻኡ የትብዕ። ኣዳጉሩ ከምኪሙ መእቶ ቅትርቲ ይነድል። ይሓርስ ድማ፡ ሆባይ ነዊቱ ጸሚዱ ከም ክሳድ ብዕራዩ ይረግሕ። ወፈራ ገይሩ ንዝቔጥቔጦ በዱ ምስ ሱርን ጫሕግን እናተቓለሰ ኣቖዲምካ ዝዝርኡ ዓሌት ኮደንን ሕድሮን ኣብ ዘርከበ ይሽምሽም። ኮደን ጎይታ ሒለል ለካ መሬት ከይደሮነ ርእሱ ክቕብር'ዩ ዝደሊ። ሸኹና ብዕራይ፡ ነግሒ እናበንጨረ ኣብ መስጠሙ ዒግታ ክገብረሉ ኣይደልን'ዩ። ከም ፋእሚ ኣብ ዝረኸቦ ነኸዒ ስርግ ስርግ ክብል ይደሊ። የቃይሕ'ዩ፡ ፈርዒ ኣይፈቱን። ከም ሽንሽን ኣልጊብካ ወቅጠኒ ይብለካ። ንመሬት ከም ዕፉን ቃቒሕካ እንተዘይዘሪእካዮ ኮደን መሻረዊ'ዩ። ቃሕትኡ እንተዘይ ኣማሊእካሉ ኣጉሲኻዮ ኣይለምዕ፡ ጺሂኻዮ ኣየድምዕ። ከም ጻዕዳ እኽሊ ኩሕሊ ክሳብ ዝኸውን ደጋግመኒ ይብለካ። “ዝቐደመ'ኳ ኣይቀደወንን” የለ ማሕረሻ ይብልሉ።

ኣብ ምዝራእ'ሲ ሒሎ ሓናኽ ደኣ። ዋላ ውን ዝሃድም ምጁጽላይ ኣብ ዝረገጸ ሰው እንተበልካያ በዓልቲ ክልተ እዝኒ ትኸውን። ከም ዳጉሻ ጸጊእካ ኣለሳልሰኒ ኣይመልቛን። “ሒሎ ሕንጥልጥሎ” ዘልዋ እዚ'ዩ መንቀሊኣም ዝኸውን። ሕንጥልጥሎ ጻብዕቲ፡ ዓባይ ዓብይቶን ጎረባብታን ኣብ ዝሓዝዎ'ያ ትጸምድ። ሒሎ ውን ኣብ ኣሰር ዛግራ እንተዘራእካያ ሃይ ኣይትብልን። ጥራይ ምጽሃይ......።

ጸሓይ ጸመ ኣርባዓ ቃውቃው ኣብ ምባላ ዓይኒ ዓኺይ ምስ ንጹህ ሰማይ ይጠማመት። ኣዕዋፍ ሰማይ፡ ግዲ ነብሰን ነጊርወን ኣብ ምዝንባይ ወዒለን ይሓድራ። ከምኒ ለኺኹቶንን መስጠራን ዝተባህላ ኣዕዋፍ፡ ኩሮ እዝንኻ እናሸንጠፋ ሰማይ ሓሳብ ልቡ ክገበር ይዳሎ ምህላዉ ይነግራኻ። እቲ ንሰን ጥራሕ ዝኽእለኦ ድምጸን ኣብ እዝኒ ዓኺይ ፍሉይ መቐረት ኣለዎ። ኣካ “መራሕቲ ማይ” ዝብል ስም ኣውጺኡለን'ዩ። ንሰን ውን ከምኡ ምኳነን ይፈልጣ'የን። እዋን ጠለስ ኣብ ምባሉ ኣብ ሰማይ ይዝረኣ። ሰማይ ሜዳኣን ኮይኑ ይቕኒ። በዓል ርግቢት ሽረፈን ሒዘን ይቕንያ ይብልወን። ጭርናዕ ‘ታይ በዲላ ኣይፈልጥን ለኺኹቶ እናተበራረያ ክሃድናኣ ይቕንያ። ምናልባት ጭርናዕ ንኣድጊ ደም ክሳብ ዝወጽእ ይበልዓኦ'የን። ኣድግን ለኺኹቶ ከኣ መዋዕልቲ'ዮም። በቲ ግምተይስ ለኺኹቶ ንኣድጊ ክዘርያሉ ኢለን'የን ዝኾና። ኣይስዕማኣ ኣይበልዓኣ ደኣ እንታይ ኣራኺብወን ኢለ ክነግረኩም። ግዳ ዓኺይ ነዚ ቅልሳ ክርኢ ንእግረ መገዱ ሰማይ የማዕዱ። ጭርናዕ ክትሃድም ለኺኹቶን ከም ጽግድም ኮይነን ንዘካይደኦ ቅልስ ከማዕዱ። ልቡን ሃሙን ምስ ሰማይ'ዩ። እዝን ካልእን እናመኽነየ ዕላሉ ምስ ምድሪ ይኸውን። ጥሪቱ ውን ይነግራኦ'የን። ኣባዑር፡ ጸሓይ ኣብ ምሕማቓ ነብሶም እናተኣሸኹ ይግርነብ። ብልሒ ቀርኖም ጐዲሙ ሓሬት ናፊቜም ከም ሓራሲኦም ንላዕሊ የንቃዕርሩ። ምምዕዳው ደበና'ዩ ዝኸውን። ካብ'ዚ ሓሊፎም ንሰማይ ዝሓትዎ ነገር‘ታይ ከይህሉ። ጠለ በጊዕ ውን ምውዳቕ እዝኒ ገዲፈን ኩር ኢለን ይሓድራ። ኣግራብ ከይተረፉ ውን ኣቑጽልቶም ጀበብታ ሰማይ ናፊቑ ኣፋ ሃህ ኢሉ ይሓደር ይበሃል። ግራት ውን ባዕሉ'ዩ ፈንካሕካሕ ዝብል። እግሪ ቈልዓ ክሳብ ዘእቱ ተጨዲዱ ከም ልቡ ንሰማይ የማዕዱ። “ደበናይ እናማዕደኹ......” ድማ ንኹሉ ይኸውን።

## ስፖርት




# ቢንያም ግርማይ

## ካብ ዙር ፈረንሳ 2025

ኣሚር ዓሊ

እቲ እንኮ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ዙር ፈረንሳ ዝተሳተፈ ኣፍሪቃዊ፡ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ ኣብ ናይ'ዚ ዓመት ውድድር ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ዘመዝገቦ ናይ ካልኣይ ደረጃ ወጽኢት እቲ ዝበለጸ ናይዚ ዓመት (ዙር ፈረንሳ) ውጽኢቱ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ቢንያም ኣብ ሳልሳይን ታሽዓይን መድረኻት ሻዱሻይ ደረጃ ክሕዝ ክኢሉ'ዩ።

ዝሓለፈ ዓመት ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወታት ብምምዝጋብ ተዓዋቲ ቀጠልያ ማልያ ክኸውን ክኢሉ ዝነበረ ቢንያም ግርማይ፡ እቲ ቀደማይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ናይ መድረኽ ዓወት ከመዝግብ ዝኸኣለ ጸሊም ኣፍሪቃዊ'ዩ። ባዕሉ ንኽብረ ወሰኑ ብምምሕያሽ ድማ እቲ ቀደማይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ሰለስተ ናይ መድረኽ ዓወታት ከመዝግብ ዝኸኣለ ኣፍሪቃዊ እውን'ዩ። ብዓቢኡ እቲ ቀዳማይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ተዓዋቲ ቀጠልያ ማልያ ክኸውን ዝኸኣለ'ዩ። እዚ ኹሉ ክብርታት ኣብ ዓመተ 2024 እዩ ከመዝግቦ ክኢሉ። ቢንያም ግርማይ ሎሚ ዓመት ንሳልሳይ ግዜኡ'ዩ ኣብ ዙር ፈረንሳ ክሳተፍ ክኢሉ። በዚ ኸኣ እቲ ቀዳማይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ብተኸታታሊ ንሰለስተ ዓመታት ዝተሳተፈ ጸሊም ኣፍሪቃዊ ዝብል ክብሪ ክረክብ ክኢሉ'ዩ።

### ቢንያም ስለምንታይ'ዩ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዓወቱ ክደግሞ ዘይከኣለ፧

ኣብ ከም ዙር ፈረንሳ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ውድድራት፡ ተዓዋቲ ኰይንካ ንኽትወጽእ ህሉው ብቕዓትካ በይኑ እኹል ኣይኰነን። ኣብ ሓንቲ ጋንታ 8 ተቐዳደምቲ'ዮም ዘለዉ፡ ንዓወት ሓደ ተቐዳዳማይ ከኣ ብቕዓት ናይቶም ሸውዓት ደቂ ጋንታኡ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። ሓደ ኣብ ብቕዓት ምስ ዘይህሉ ንውጽኢት ክጸልዎ ግድን'ዩ።

ኣብዚ ኸኣ እታ ቢንያም ግርማይ ዝወዳደረላ ቤልጂማዊት ጋንታ ኢንተርማርች፡ ምስ ካልኦት ጋንታታት ብምውድዳር ባጀታ'ውን ትሑት ስለ ዝኾነ፡ ንቢንያም ግርማይ ኣብ ቅድሚት ኰይኖም ዝመርሕዎ (ሊድ ኣውት ዝገብርዎ) ኣብ ምቕራብ፡ ምስ ካልኦት ጋንታታት ብምውድዳር ትነኣድ ጋንታ ኮይና ኣይቀረበትን።

ብድምር ግዜ ካብተን ኣብዚ ውድድር ዝተሳተፋ 23 ጋንታታት፡ ካብታ ቀዳማይቲ ኮይና ዝተዓወተት ጋንታ ቪዝማ ብ11 ሰዓት፡ 49 ደቂቕን 42 ካልኢት ድሒራ’ መበል 23 ደረጃ ሒዛ ውድድራ ምዝዛማ እኹል መርኣያ እዩ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ መወዳእታ ሰለስተ ኣርባዕተ ኪሎሜተራት በይኑ ዝተርፍ ቢንያም ግርማይ ውጽኢቱ ዝሕትል ንኽብል ርኡይን ቀንድን ምኽንያት’ዩ ነይሩ ኢልካ ክግለጽ ዝከኣል’ዩ።

ምስዚ ኣብ ዝተሓሓዝ ካልኣይ ነጥቢ፡ ቢንያም ግርማይ ዝሓለፈ ዓመት ተዓዊቲ ቀጠልያ ማልያ ምስ ምንባሩ፡ እተን ንቐጠልያ ማልያ ዓሊመን ዝመጽኣ ጋንታታት ንቢንያም ግርማይን ጋንታኡን ከመይ ገይርና ንስዕሮም ኢለን መደብ ሓንጺጸን’የን ናብዚ ውድድር ኣትየን። ብኣንጻሩ ጋንታ ኢንተርማርሽ ግን ንዓወት ቢንያም ግርማይ ከመይ ትዕቅቦን ንዝመጽኣ መጥቃዕቲ ከመይ ትከላኸሎን እኹል ምድላዋት ዝገበረት ኣይትመስልን።

እቲ ከም ሳልሳይ ነጥቢ ክልዓል ዝከኣል፡ ቢንያም ግርማይ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ግዜ ቅጽበታዊ ውድድር ዘመንጭዎ ዝነበረ ጸዓት ምስ ናይ ሎሚ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ከም ናይ ዓሚ ሒዝዎ ዝነበረ ብቕዓት ሒዙ ኣይቀረበን። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ከም ጆናታን ሚላን ዝኣመሰሉ ልዕሊ ቢንያም ግርማይ ጸዓት ከመንጭዉ ዝኽእሉ ተቐዳደምቲ ተቐልቂሎም።

ኣብ ሞንጎ ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ጆናታን ሚላንዩ ዝያዳ ኣድማዒ ነይሩ። ዝሓለፈ ዓመት ቢንያም



ግርማይ ንቐጠልያ ማልያ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ምስ ተረከባ ክሳብ መዛዘሚት ከተማ ፓሪስ’ዩ ዓቂብዋ ወጺኡ።

ቢንያም ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሻሙነይቲ መድረኽ ካልኣይቲ ናይ መድረኽ ዓወት ምስ ኣመዝገበ፡ “ቀጠልያ ማልያ ክበርር ፍሉይ መንገብገብ’ያ ሂባትኒ” ምባሉ፡ ማልያ ምውናን ዝያዳ ፍናን ከም ዝህበካ’ዩ ዘርኢ። ጆናታን ሚላን’ውን ሎሚ ዓመት ንቐጠልያ ማልያ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ምስ ሓዛ ክሳብ መወዳእታ ኣይፈነዋን። ስለዚ ቢንያም ግርማይን ጋንታኡን ነዚ ፍናን እዚ ክሰብሩዎ ክኽብዶም ንቡር’ዩ።

እቲ ከም ራብዓይ ነጥቢ ክልዓል ዝኽእል፡ ቢንያም ዝነበሮ ጸቕጢ’ዩ። ቢንያም ግርማይ ዝሓለፈ ዓመት ተዓዊቲ ቀጠልያ ማልያ ከም ምንባሩ ንዓወቱ ንምዕቃብ ጸቕጢ ክነብሮ ንቡር’ዩ። ብዓቢኡ ኸኣ ካብቶም ንብሽክለታ ዘለዎም ደገፍን ፍቕርን ኣዝዮም ፍሉያት ዝኾኑ ኤርትራውያን ንኽዕወት ዝነበሮም ትጽቢትን ዝፈጥሮ ጸቕጢ’ውን ቀሊል ኣይኮነን። ብርክት ዝበሉ ኤርትራውያን ኣፍቀርቲ ብሽክለታ ባንዴራ ሃገሮም እናኣንበልበሉ ኣብ መወዳደሪ ቦታ እናተረኽቡ ደገፎም ክህብዎ ኣቓልቦ ሓያሎ ማዕከናት ዜና ስሒቦም’ዮም።



## መጻኢ ቢንያም ግርማይ ናበይ’ዩ?

ቤልጁማውያን ጋንታታት ኢንተርማርሽን ሎቶን፡ ብሰንኪ ኣጋጢምወን ዘሎ ፋይናንስያዊ ሕጽረታት፡ ዝቕጽል ዓመት ብሓደ ተደሚረን ውድድራተን ከካይዳ’የን ዝብል ዜና ኣብ ኣጋ ምዝዛም ዙር ፈረንሳ ልዑል ሽፋነ ረኺቡ ዝተዘርግሐ ዜና’ዩ። ኢንተርማርሽ ሓንቲ ካብተን ሓደጋ ምውራድ ካብ ዓለማዊ ዙር (World tour) ኣንጸላልይዋ ዘሎ ጋንታ ክትከውን እንከላ፡ ብኣንጻሩ ሎቶ ድማ ድሕሪ ምዝዛም ናይዚ ናይ ውድድር ዓመት፡ ዝቕጽል ዓመት ኣብ ዓለማዊ ዙር ዘሳትፋ ልቾንሳ ክትረክብ ትጽቢት ዝግበረላ ጋንታ’ያ። ናይ ሎቶ ልቾንሳ ተጠቒመን ድማ እዘን ክልተ ጋንታታት ዝቕጽል ዓመት ናይ ክልቲኣን ሓባራዊ ባጀት ደሚረን ሎቶ

ኢንተርማርሽ ዝብል ስያመ ሒዘን ክመጻ ምኽንያት ብሰፊሕ ይግለጽ ኣሎ።

እዘን ክልተ ጋንታታት ተመሳሳሊ ባጀት ከም ዘለወን እዩ ዚንገር። ኢንተርማርቼ-ዋንቲ ብገምጋም 18 ሚልዮን ዩሮ ጋንታ ሎቶ ድማ 15 ሚልዮን ዩሮ ዓመታዊ ባጀተን'ዩ። ጋንታታት ኢንተርማርሽን ሎቶን ብ ሓባር ክሳብ 2026 ውዕል ዘለዎም 42 ተቀዳደምቲ ጠርኒፈን ኣለዋ። እዚ ድማ ነቲ ክሳብ 2028 ምስ ኢንተርማርሽ ውዕል ዘለዎ ቢንያም ግርማይን ኣርናውድ ዲላይን ገርበን ቲዩሰንን ዘጠቓልለ ቁጽሪ'ዩ።

ሀት ላትስተ ዝተባህለት ቤልጁማዊት ጋዜጣ ከም ዝሓበረቶ፡ እዛ ብምትሕንፋጽ ሎቶን ኢንተርማርሽን ክትምስረት ትዳሎ ዘላ ጋንታ፡ ንብሉጻት ተቐዳደምቲ ናይ ክልቲኣን ጋንታታት ዘጣማረት ናይ ምኟን ተኽእሎኣ ዝተሓተ ምኟኑ'ያ ትገልጽ። ኣብዛ ጋዜጣ ጸሓፊ ዓምዲ ብሽክለታ ዝኾነ ብራም ቫን ደ ካፐለ ከም ዝገለጾ፡ እዘን ክልተ ጋንታታት ብልቸንሳ ናይ ሎቶ ዝቕጽል ዓመት ኣብ ዓለማዊ ዙር ምስ ዝጽመዳ ምስ ኢንተርማርሽ ውዕል ዘለዎም ተቐዳደምቲ፡ ምስታ ጋንታ ኣቐዲሞም ዝኣሰርዎ ውዕል ብዘየገድስ ኣብ ትሕቲ ሕጋጋት ማሕበር ቅድድም ብሽክለታ ዓለም ዩሲኣይ ካብታ ጋንታ ክወጽሉ ዝኽእሉ ፍቓድ ከምዘለዎም ይሕብር።

ካብ ኣባላት ኢንተርማርሽ ብቐዳምነት ጋንታ ክቕይር ዝኽእል ተቐዳዳማይ ኤርትራዊ ቢንያም ግርማይ'ዩ። ዝሓለፈ ዓመት ክሳዕ 2028 ምስ ኢንተርማርሽ ውዕሉ ዘናውሐ ቢንያም ግርማይ፡ ምስ መራሒ ጋንታ ሎቶ ቤልጁማዊ ኣርናውድ ዲላይ ተላፊንካ፡ መራሒ ጋንታ ናይ ምኟን ሓሳብ ክቕበሎ ከም ዘይኮነ ገለ ገለ ወገናት ዘለዎም እምነት ይገልጹ። ገለ ወገናት ድማ ቢንያም ግርማይ ኣንፈቱ ናብታ ኣብ ውድድራት ዓለማዊ ዙር ህላውነታን ቀጻልነታን ኣውሒሳ ዘላ ካዛኪስታናዊት ጋንታ ኣስታና ክጽንበር ከም ዝኽእል ይእምቱ።

ቢንያም፡ ዝሓለፈ ዓመት ድሕሪ ናይ ዙር ፈረንሳ ዓወታቱ፡ ንጻውዒት ዓበይቲ ጋንታታት ተሓሲሙ፡ ምስ ኢንተርማርሽ ክቕጽል ቀንዲ ዝደረኾ ምኽንያት ድማ ከም መራሒ ናይ'ታ ጋንታ ኮይኑ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ክሳተፍ ብዝነበሮ ጥሙሕ ድሌት'ዩ። ኣብዛ ብልፍቲ ሎቶን ኢንተርማርሽን ክትምስረት ትዳሎ ዘላ ጋንታ፡ ከምቲ ኣብ ኢንተርማርሽ እንከሎ ዝረኸቦ ዝነበረ ክብርታት፡ ክረክብ ዘሎ ተኽእሎ ትሑት ካብ ምኟኑ ብምግንዛብ ድማ'ዩ፡ ቢንያም ግርማይ ጋንታ ክቕይር ከምዝኽእል ብሰፊሑ ዝግለጽ።

ሳይክሊስት ዝተባህለት ኢንግሊዛዊት መርበብ ሓበሬታ ድማ ብወገና፡ ቢንያም ግርማይ ንመጻኢኡ ብዝምልከት ምስ ቤልጁማዊት ጋንታ ሶዳል ኩስቴፕን ጀርመናዊት ጋንታ ቦራ ሃንስግሮን ርክባት ከምዘካየደ ትሕብር። ቢንያም ግርማይ ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዎ ዓብላልነትን ዝናን ኣብ ግምት ብምእታው ድማ ክታም ናይዚ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ንምርካብ ጋንታታት ኣብ ሓያል ቅልስ ክጽመዳ ትጽቢት ይግበረለን። ቢንያም ግርማይ ድማ ነታ ልዑል ደሞዝ ክትከፍሎ ትኽእል ብዙሕ ባጀት ዘለዋ ጋንታ ክመርጽ ዘለዎ ተኽእሎ ዝለዓለ ይገብሮ።

ቢንያም ግርማይ ናይ መድረኽ ዓወት ካብ ዘይጎናጸፍ ልዕሊ ሓደ ዓመት ኣቑጺሩ'ሎ። እቲ ዝበለጸ ደረጃ ቢንያም ግርማይ ኣብዚ ናይ ውድድር ዓመት ኣብ ሽዱሽተ ውድድራት ሒዝዎ ዝዛዘመ ካልኣይ ደረጃ'ዩ። ስለዚ ንኹሉ ኵነታት ኣብ ግምት ብምእታው ፍትሕ ኢንተርማርሽን ቢንያም ግርማይን ስዓቱ ዝኣኸለ ይመስል።






# መለሳ

ሱሁፌል ተስፋብሩኽ

ካነቓቓሒ ዛንታ

## ኣብ ሓደ ምድራቕ

ናይ ብሪጣንያ መርከብ ውግእ ኣብ ማእከል ባሕሪ ትጓዓዝ ነበረት። መራሒኣ፡ ኣብ ክፉት ክፋል እታ መርከብ ኰይኑ ዕራርቦ ጸሓይ የስተማቕር ነበረ። ሃንደበት ኣብ ሓለዋ ካብ ዝነበረ ተረኛ፡ “ካፕተን፡ ኣብ ቅድሜና፡ ልክዕ ኣብ መስመር ጉዕዞና፡ መብራህቲ እርኢ ኣለኹ፡” ክብል ሓበረ።

“ይንቀሳቐስ ኣሎ ድዩ ዋላ ቈይሙ?” ሓተተ ካፒተን። እቲ እዋን ቅድሚ ራዳር ዝተማህዘሉ እዋን’ዩ ዝነበረ።

“ቀዋሚ’ዩ ካፒተን፡” መለሰ ወተሃደር።

“ናብታ መርከብ መልእኽቲ ስደድ፡” በለ ካፒተን ቍጥዕ ኢሉ፣ “ኣብ መስመርና ስለ ዘለኻ ብ20 ዲግሪ መገድኻ ቀይር!’ በሎ ኢኻ፡” ብምባል ኣዘዘ። ወተሃደር ከም ዝተባህሎ ገበረ።

“ንስኻ ብ20 ዲግሪ መገድኻ ክትቅይር ንምዕደካ፡” ዝብል መልኽቲ ካብ ምንጪ’ቲ ዝተራእየ መብራህቲ መጽአ። ካፒተን በቲ መልሲ ሓረቐ። ኣብ ቅድሚ ተራ ወተሃደራቱ ዝተናዕቀ ኰይኑ ተሰመዮ።

“ንሕና እቲ ዘይጽዓድ፡ 35000 ቶን ድሩዕ መርከብ ኢና፣ ብቕልጡፍ 20 ዲግሪ መገዲኻ ቀይር፡” ዝብል መልኽቲ ክስደድ ኣዘዘ ካፒተን።

“ንፉዕ ጐይታይ፣ ኣነ ኸኣ ካብ ካልኣይ ደረጃ ባሕረኛ’የ። ኣንፈትካ ብቕልጡፍ ቀይር፡” ዝብል መልሲ መጽአ። ካፒተን ገጹን ኣዒንቱን ብሕርቃን በርበረ መሰለ።

“ንሕና ናይ ኣዛዚ ባሕሪ ብሪጣንያ ኣድሚራል ሰር ዊልያም ኣኪንሶን ባንዴራ እነምበልብል ወተሃደራዊ መርከብ ኢና፣ ብዘይ ዘረባ ኣንፈትካ ብ20 ድግሪ ቀይር!” ክብል ገዓረ ካፒተን።

“ንሕና ኣብ መሬት ዝተደኰንና ግምቢ ብርሃን (ላይት-ሃውስ) ኢና ጐይታይ፡” ዝብል መልሲ ደንጉዩ መጽአ።

መጽሓፍ፡ Emotional Agility - ብSusan David

ብሃል

መምህር፡- “ሓደ ሰብ ኣድጊ ብበትሪ ክቕጥቅጦ ርእየ እንተ ኣገላገልኩዎ፡ ‘ታይ ዓይነት ባህሪ የርኢ ኣለኹ ማለት’ዩ?”

ተመሃሮ፡- “ሕውነታዊ ፍቕሪ።”

## ጽዋ ፍቕሪ

ሓደ እዋን ሓደ መንእሰይ ምስ ሓንቲ መዘናኡ ፍቕሪ ሓዞ። እታ ዘፍቀራ ጓል ምስ “ጽቡቓት” ዝብሃላ ኣዋልድ እትጽብጸብ ኣይነበረትን። ንዕኡ ግን ኣኽል ተረፍ ጽባቐ ዝነበራ ጓል ነበረት። ንዕኡ ኵሉ ነገሩ’ያ። ናይ ወትሩ ሓሳቡን ሕልሙን ዘመነ ህይወቱ ምስኣ ከሕልፎ ጥራይ ነበረ።

ኣዕሩኽቱ ግን፡ “ክሳዕ መዓስ ብዛዕባኣ ክትሓልም ክትነብር? ተፍቅረካ እንተ ኾይና ክትፈልጥ የድልየካ ኣሎ። ብዛዕባኣ ዝስመዓካ ንገራ’ሞ ትፈትወካ ድያ ኣይትፈትወካን ትፈልጥ፡” ክብሉ መዓዱዎ። ንሱ ኸኣ ንምዕዶኦም ተቐቢሉ ከተግብሮ ወሰነ።

እታ ጓል እዚ መንእሰይ ብፍቕራ ወዲቑ ከም ዘሎ ትፈልጥ ነበረት። ሓደ መዓልቲ ከም ዘፍቅራ ገሊጹ መልሳ ተጸበየ። ንሳ ግን ብኣንጻሩ ከም ዘይትፈትዎ ብምግላጽ ነጸገቶ። ኣዕሩኽቱ እዚ ምስ ሰምዑ፡ እዚ መንእሰይ ዓርኮም ኣደዳ ሓሳብን ጭንቀትን ኰይኑ ኣብ መስተ ከእለኽ’ዩ ብምባል ኣብ ሻቕሎት ኣተዉ። እንተ ኾነ፡ ንእኦም ብዘገረሞም መልክዕ፡ እዚ መንእሰይ ኣመና ርጉእን ሕጉስን ኰይኑ ጸንሖም።

“እንታይ ደአ ኣይጒሃኻን? ኣይተጨነቕካን?” ክብሉ ሓተቱዎ።

“እንታይ ኰይነ ኢለ?” ንሕቶኦም ብሕቶ መለሰ።


“እዚ ኵሉ ትጽለላ ኔርካ፡ ሓቲትካያ ኣብያትካ፡” በሉዎ።

“ኣነ ዘጒሂ የብለይን፡” በለ እቲ መንእሰይ ኣፍቃሪ። “ኣነ ሓንቲ ዘይተፍቅረኒ ሰብ’የ ከሲረ፣ ንሳ ግን እቲ ናይ ብሓቂ ዘፍቅራን ዝሓልየላን’ያ ከሲራ፡” ክብል መለሰ።

## ሰሓቕ

ሰሓቕ፡ ኬፍ ዘሎዎ ስምዒት ጥራይ ኣይኮነን። ሰሓቕ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጥቕሚ ዘሎዎ ሓያል መሳርሒ እዩ። ስለዝኾነ ንሰሓቕ ዝምልከት መጽናዕታት ብዙሕ ተገይሩን ይግበር ኣሎን። ንሰሓቕ ዝምልከት መጽሓፍትን ጽሑፋትን ተሓቲሙን ገና ይሕተም ኣሎን። ካብቲ ዓበይቲ ጥቕምታቱ፦

1. ኣእምሮኣዊ ወጥርን ጸቕጥን የጒድል፣
2. ትግሃት የስዕብን ኣእምሮኣዊ ጥዕና የመሓይሽን፣
3. ምስ ከባቢና ዘሎና ማሕበራዊ ምቅርራባት የመሓይሽ፣
4. ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ኣካልና የሐይል፣
5. ብልሕን ዝኽረትን የመሓይሽ።



***

## ኣርኣያ

☆ ተስፋ ክርከብ ኣብ ዘይተኻእለሉ፡ ኣማኒ ተኸእሎታት ኩን።

☆ ሰባት ኣብ ዝፈርሑሉ፡ ንምሕያል ደው በል።

☆ ሕብረተሰብ ኣብ ዝመቓቐልሉ፡ ኣሕባሪ ኩን፣

☆ ሃጠውቀጠው ኣብ ዝዕብልለሉ፡ ንስኻ ዕሞቑ።

☆ ቀንጠመንጢ ኣብ ዝበዝሓሉ፡ ብሉጽ ዕዮ ኣፍሪ።

☆ ምድሕርሓር ልሙድ ኣብ ዝኾነሉ፡ ንስኻ ጽናዕ።

☆ ትሕትና ኣብ ዝበዝሓሉ፡ ዝያዳ ኣኽባሪ ኩን።

☆ ግቡእካ ምግባር ኣብ ዝዕብልለሉ፡ ኣስሓኮ ግበር።

☆ ስድነት ዝውቱር ኣብ ዝኾነሉ፡ ሕያዋይ ኩን።

***

*መጽሓፍ The Monk Who Sold His Ferrari*

## ብሩል


"ፈረሰኛ ንዓይ!"

ደርሆ ዝሳዓኡ መንእሰይ፡ ንኣዕሩቱ፡ "ዓጽመይ ስጋይ ንዓኹም!" ኢሉ ምስ ፈከረሎም፡ ሓደ ካብ ኣዕሩኽቱ ዝበሎ።

***

"ሃባ በል ክሰጥሓልካ!"

ሃብቶም ምሉእ መዓልቲ ማስቲካ ከይቀረ ክሕይኽ ዝረኣየ ዓርኩ ዝበሎ።




ኣብዛ ብናህሪ እናተሓላለኸት ትኸይድ ዘላ ዓለም፡ ንልሙድ ሕቶ፡ ሓድሽ መልሲ የድልዮ ኣሎ መምህረይ።
Glasbergen

"ንሕና ዜጋታት እዛ ዓለም ኢና። ዘሕዝን ንገሩ ኸኣ ከምኡ ምዃንና ኣይንፈልጥን ኢና።"

- Vince Lombardi

"ፍልጠት፡ ደረት ድንቁርናኻ ምፍላጥ እዩ።"

– Confucius

"እንተ ኸኢልካ ንሰብ ሓግዝ፡ እንተ ዘይከኣልካ ኸኣ ኣይትጒድኣዮም።"

– Dalai Lama

"ካልኦት ሰባት ሕጉሳት ክኾኑ እንተ ደሊኻ፡ ሕያዋይ ኩን። ንስኻ ሕጉስ ክትከውን እንተ ደሊኻ ሕያዋይ ኩን።"

- Dalai Lama

"ብዛዕባ ነብስኻ ንኽትሓስብ ኣዚኻ ድፈር።"

– Voltaire